ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ
ዝዳሎ መጽሄት
ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፣ ኣበርክቶ
ይኹንነቐፌታ፣ብዚ ዝስዕብኣድራሻ ልኣኹልና፦

ኣድራሻና
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ.ሳጹን፣ 239
ተሌ፣ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፣ 291-1-111140

መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ
E-MAIL – nuew@nuew.org
WEB SITE – www.nuew.org

ኣሰናዳኢት
ፋጥና ዓብዱራሕማን

ምክትል ኣሰናዳኢት
ሜሪ ጸሃየ

ስእሊ
ኣገልግሎት ዜና ዞባ ማእከል
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

ለይኣውት
ኣብረሀት ንጉሰ

ካቨር ዲዛይን
joሲ

ዘርጋሒ መጽሔት
200454 / 07121322
ዞባታት ሃማደኤ

ትሕዝቶ

ልሳን ———— 2
ዜና ማሕበር ———— 3
ቃለ-መጠይቕ ———— 5
"ህ.ግ. ኣብ ኩሉ ተሳቲፍና ከም እነድምዕ ገይሩ ኣብሊሑና"
- ተጋ.ስቶም ሰይድ
ትምህርቲ ———— 9
- "ተምበራ-ኣስመራ፣ ዘየህኪ ጉዕዞ ንምህሮ
ቁጠባ ———— 11
- ጥርናፌ ደራኺ ለውጢ ንምዕባለን
ጥዕና ———— 13
- ከንክን ድሕሪ ጥንሲ
- "ሓኪም ንቓንዛ ናይ ሕሙማት ዘይለምድ ክኸውን እለዎ!"
- ዶር ሲምና ካሕሱ
ሕግን ሕብረተሰብን ———— 18
- ካብ ሕግታት "ቤት ገደፍ" እንቐስሞ!
ማህደር ታሪኽ ———— 20
- ቀይሕ ሰራዊት
- ረዚን ዋጋ ስለ ናጽነት
ዲያስፖራ ———— 25
- "ንቓልሲ፣ ካብ'ቶም ውፉያት ወለድና ኢና ወሪስናዮ"
- ወ/ሮ መኣዛ የውሃንስ
ስነ-ልቦና ———— 28
- ኤርትራዊት ኣደ፣ ኣደ ሓቂ
ስነ-ጥበብ ———— 30
- መኸተን ጅግንነትን ደቀንስትዮ፣ ብልሳን ማሰኛታት
ደቂ-ኣንስትዮን ኣከባብን ———— 33
- ድጉል ሓይሊ ደቀንስትዮ፣ ኣብ ናብዮት ኣከባቢ
ደቂኣንስትዮ ዓለም ———— 35
- ኣደ ኮምፕዩተር ቻይና
- ካብ ተጠመትቲ ሰድራቤታት
- ዓለንስተይቲ ፊልድ ማርሻል
ስፖርት ———— 38
- ልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ኣብ ኩዕሶ እግሪ
ይብሉ ነበሩ! ———— 40
- "ዓሶ ንዘሓመመ፣ ፈውሲ ዙዕ ዝሸጡ ነጋዶ ማይድያ!"

ልሳን

ክብርታትና ዋልታና!

ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ፡ 8 መጋቢት፡ “ክብርታትና ዋልታና!” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ከም ወትሩ ኣብ መላእ ሃገርናን ኤርትራውያን ኣብ ዝርከብሉ ሃገራት ወጻኢን ብኽብሪ ትዝከር ኣላ።

ናይ ሎሚ ዓመት 8 መጋቢት ፍሉይ ዝገብራ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነቱ፡ እንተቐዶ ልኡላውነቱ ንምሕዳግ፡ እንተዘይኮነ ህንጸት ሃገሩ ንምዃላፍ ዘንቀደ፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ጀሚሩ ዝተፈላለየ ሸርሒታትን ውዲታትን ዘጠቓለለ ከቢድ ተጻብኦታት ኣበርዒኑ፡ ሳላ ዘይንደል ጽንዓቱን ስጡም መሳርዑን ብዓወት ወጺኡ፡ ነቲ ተኣምራታዊ ታሪኹ፡ ብተወሳኺ ቅያ ደሪዑ፡ ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣብ ዝሰጋገረሉ ዘሎ እዋን ትዝከር ምህላዋ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ንናጽነት ዘካየዶ ነዊሕ ተጋድሎ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጠርኒፉ፡ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቱ፡ ወርቃዊ መትከላትን ክብርታትን ክኹስኩስ ክኢሉ እዩ። ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ባህልን ማሕበራዊ ቦታን፡ ኣብ ማዕርነት ዝሰረተ ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳቕ፡ ኣብ ገዛእ ዓቕሙ ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝቢን ሃገርን ክፈጥር በቒዑ እዩ። እዚ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኹስኮሰ ክብርታት፡ ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ሰጊሩ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝገጠመና ከቢድ ብድሆታት ኣብ ምምካት፡ ደጊሙ፡ ድንቂ ታሪኽ ሰሪሑ።

ኤርትራውያን፡ ዋልታ ናይ ትማሊ፡ ሎሚን ናይ ሓዋሩን መኸተናን ቃልስናን ክብርታትና እዮም። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ፈዉሲ ማሕላ'ኳ ኣጆኻ ዝብሎ ዘራይ ከይረኸበ ናጽነት ክደሊ ዘሕለፎ ጽንኩር እዋን፡ እንኮ ዋልታኡን ዝተኣማመነሉን ጸጋን ክብርታቱ'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት መሬቱ ብዳግማይ ወራር ምስ ተደፍረ'ውን ክብርታቱ ዓጢቑ'ዩ ሃገሩ ካብ ጎበጣ ኣድሒኑ ልኡላዉነቱ ዝዓቀበ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ክብርታት፡ እቶም ንሓባራዊ ስነ-ኣእምሮ ህዝቢ ኤርትራ ዝሃንጹ ስዉራት ኣጽዋርና እዮም። ተጻብኦታት ንምክተሎም፡ ፈታኒ እዋን ንስግረሎም፡ ሃገራዊ ራእይናን ዕላማታትናን ነተግብረሎም። ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ እዋን ዝበሎ፡ “ባህርያውን ንዋታዊን ቴክኖሎጂያዊን ፊናንስያዊን ካልእን ጸጋታት፡ ኣገዳሲ ተደላዪታት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን ጸጋ ሰብ እዩ። ተወፋይነት ዝሕመረቱ፡ ስስዐን ርእሰ ፍትወትን ወጊድ ዝበለ፡ ዘይሕለልን ተበላሓቲን ጸዓተኛ፡ ብጽፈት ዝተወደበ ጸጋ-ሰብ። እዚ ሰማእታትና ዘውረሱና ክብርታትን ባህልን እዩ።”

እቶም ንባህሊ ሕብረተሰብና መሰረት ገይሮም፡ ኣብቲ ነዊሕን ጽንኩርን ሓርነታዊ ተጋድሎ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ብምብጻሕ ተኣምር ዝሰርሑ እንሕበነሉ ሃገራዊ ክብርታት ዝርዝራቶም ብዙሕ እዩ። ረብሓ ህዝቢን ሃገርን ምቕዳም፡ መርኣያ ትሑት ንቕሓት ዝኾነ ባህርያት ስስዐን ውልቃውነትን ምጽያፍ፡ ጽንዓት ኣብ ህዝባዊ ዕላማ፡ ሓያል ፍቕሪ ሃገር፡ ፍትወት ሓቂን ፍትሒን፡ ተወፋይነት፡ ጅግንነት፡ ጻዕረኛነት፡ እቶም ቀንዲ መለለዪ ክብርታትና እዮም። እዞም ምስጢር ዕውት ምረሻና ዝኾኑ ሃገራዊ ክብርታት ከይብሕጎጉ እምበኣር፡ ወትሩ ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎምን ክንከናኸኖምን የድሊ።

ከምዝፍለጥ ሃገራዊ ራእይናን ዕላማናን፡ ህዝቢ ኤርትራ ማዕረ'ቲ ንናጽነቱ ዘካየዶ ተሪር ተጋድሎን ዝኸፈሎ ክቡር መስዋእቲን፡ ብፍትሒን ማዕርነትን ዝነበበረላ ስልጥንቲ ሃገር ምህናጽ እዩ። ከንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ማዕርነትን ስኒትን ዝተመስረተት ሓያልን ብልጽግቲን ሃገር ብምህናጽ፡ ማዕረ ዘሐብን ታሪኽና ኮይንና ክንርከብ ናይዚ ሓድሽ መዋእል ቀንዲ ተልእኾና እዩ።

ከም 8 መጋቢት ዝኣመሰለ ናይ ዝኽሪ ኣጋጣሚታት ከኣ፡ ነቲ ኣብ ነዊሕ ቃልስና ዝኹስኰስናዮ፡ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትና፡ ጥምረትና፡ ዘሕብን ሃገራዊ ታሪኽናን ቅያታትናን ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ብቐጻልነት ዓቂብናን ኣማዕቢልናን ናብቲ ቀንዲ ተልእኾና ልምዓትን ህንጸት ስልጡን ሕብረተሰብን ንምቕንዑ ቃልና እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ እዩ። ብርግጽ ድማ፡ ታሪኽ ህዝቡን ሃገሩን ብዝግባእ ዝፈልጥ፡ ክብርታት ቀዳሞት ሃገራውያን ዝወረሰ፡ ብመንነቱ ዝሕበን መንእሰይ ጥራይ'ዩ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኽ ክሰርሕ ዝኽእል። ክብሪን ሞጎስን ነቲ ዘይከኣል ክኢሉ ናብ ሓድሽ መዋእል ተሰጋጊሩ ዝርከብ፡ ወናኒ ብሉጽ ክብርታት፡ ስሙርን ንቑሕን ህዝቢ ኤርትራ!

ዕድመ ን8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ

ዜናታት ማሕበር

ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ፡ መበል 12 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ

ማእከላይ ባይቶ ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ መበል 12 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ።

እቲ ገምጋም፡ ንቕሓት ኣባላት ንምብራኽ ዝካየድ ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ጸልዋኡን፣ ዝርግሐ ውዳበታት ንምስፋሕን ንምሕያልን ዝተኻየደ ጻዕርን ውጽኢቱን፣ መንነትን ክብርታትን ማሕበር ንምዕቃብ ዝተኻየደ ጻዕርን ገስጋሱን፣ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ልምዓታዊ መደባት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል ትካላዊ ዓቕሚ ማሕበርን ካልእን ዘተኮረ ነይሩ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዐቶ መደረ፡ እቲ ማሕበር ብዝኸተሎ ቅኑዕ ስትራተጂ በብዓመቱ ዕቤት እናርኣየ ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሓያልን ድኹምን ጎንታትን ብድሆታትን ማእከል ዝገበረ ገምጋም፡ ኑቲ ገስጋስ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዘደይብ ምዃኑ ገሊጹ።

ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቂኣንስትዮ ክብ ንምባል ዝተኻየደ ጻዕሪታት ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝኾብራ ኣባላት ማሕበር ብመንነተን ዝሕበናን ኣብ ኩሉ መዳያት በዳህቲ ክኾናን ምእንቲ፡ ኩለን ኣካላት ብሓላፍነት ክዓያ ተማሕጺና።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብወገነን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ዲያስፖራን ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ኣብ ዝተሰላሰለ መደባት ምዕቃብ ክብርታትን መንነትን፣ ምሕያል ውዳበታት ደቂኣንስትዮ ብዓይነት፣ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታትን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን፣ ከምኡ'ውን ምድንፋዕ ዜናዊ ስራሓት ብዝርዝር ዘትየን።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መጻኢ ክትግበር ንዝተወጠነ መደባት ዝሕግዝ ሓሳባትን ለበዋታትን ኣቕሪበን።

ንኾለንትናዊ ምዕባለ ደቂኣንስትዮ ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ ኣካዪዱ

ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ደቂኣንስትዮ ንምምዕባልን ምዕሩይ ዕድላት ንምርግጋጽን ዝተኻየዱ ንጥፈታት ብምግምጋም፡ መደባት መጻኢ ንምውርጻጽ ኣብ ዝሕግዝ ነጥብታት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ብ11ን12ን ታሕሳስ ዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዐቶ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መደባት ዕዉት ንጥፈታት ከምዝተሰላሰለ ብምብራህ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላት፡ ንምዕባለ ደቂኣንስትዮ ዝኪታተላ ኮሚተታት ኣብ ባይታ ብዘሎ ብድሆታት ከይተደረታ ዘካየድኦ ንጥፈታት ከሓይላ ኣገንዚባ።

ኣብቲ ሰፊሕ ኣርእስታት ዝሓቖፈ ዘተ፡ ኣብ ሓባራውን ግብራውን ምርምርን ስራሕን፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ፣ ክትትልን ገምጋምን፣ ከምኡ'ውን በብጽላቱ ንምዕባለ

ደቂኣንስትዮ ዝተኻየደ ዕማማት ተዘትዩሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ዘተ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ስራሖም ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ዘባታት ሞያዊ ዓቕምታተን ብዝግባእ ክፍትሻ፡ ዝተወንዘፈ ንጥፈታት ኣብ ዝመጽእ ዓመት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክስርሓሉ ዝብሉን ካልኦት ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ መወዳእታ፡ ከሉ መደያዊ ምምዕባል ደቂኣንስትዮ ንኽረጋገጽ ዝምልከቶም ኣካላት ብተወፋይነት ክዋስኡ ብምሕባር፡ እተን ኮሚተታት ኣብ ዓውደ-ዘተ ዝሓለፉ ኣገደስቲ ለበዋታት ክዓያሉ ኣዘኻኺራ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ብቕዓት መንእሰያት ብክብርታት ክድራዕ ኣዘኻኺራ

ምምዕባል ብቕዓት መንእሰያት እቲ ዝደለ ውጽኢት ንኽርከቦ፡ ብኤርትራዊ ክብርታት ዝተደርዐ ክኸውን፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣዘኻኺራ። ሃማደኤ፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት፡ ምምዕባል ብቕዓትን ዓቕሚታትን ኣባላት ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ ምስ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ ክምዝሰርሕ ኣረጋጊጻ።

ሃማደኤ፡ ጐኒ-ጐኒ’ቲ ብመንግስቲ ዝወጽእ መደባት፡ ኣብ’ተን ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብሓፈሻ፡ ኣብ ኣንስቲ ስወኣትን ጽጉማት ኣለይቲ ስድራን ድማ ብፍላይ ቈላሕታ ብምግባር ኣብ ሽድሽተኡ ዞባታት ክነጥፍ ከምዝጸንሐ፣ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮ ሕቶ መላእ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ደገፍ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋን ኣካላት መንግስትን ካልኦትን ድማ ክዓዝዝ ጸዊዓ።

ማሕበር ምስ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ፡ ካብ 2020-2025 ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት ከምዝወደበን ውጽኢቱ ኣተባባዒ ምዃኑን ብምግላጽ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ማእከላት ሞያዊ ስልጠናታት ንምውዳድ ዝወሰድኦ ተበግሶ፡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ኣብሪሃ።

ኣብ’ተን ቡብዞባኡ ዝተሃንጻ ማእከላት፡ ናይ ማእለማ፡ ካይላ፡ ሰንጀር፡ ቅዲ ክዳን፡ ዕንቀኑ፡ ፍዕሎን ላኻን ስልጠናታት ከምዝካየድ፣ ደረጃ ሞያዊ ብቕዓት ሰልጠንቲ ንምርግጋጽ ድማ ቀጻሊ ክትትል ከምዝግበረሉ ብምጥቃስ፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ንዕበየት ናብራ ዝሕግዝ ስልጠናታት ምርባሕ ደርሁን ንሁብን፣ ምስ ኩባንያታት ሰገንን ሓራትን ብምትሕብባር ድማ ናይ ምምራሕ መኪና ስልጠና ከምዝወሃብ ኣፍሊጣ።

ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ንዝነጥፋ ደቂኣንስትዮ ንምብርታዕውን፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብደረጃ ኣውፈርቲ ዝሰርሓሉ ባይታ ክጣጣሕ ከሎ፣ ምህርቲ መዓር ንምስሳን ዘመናውን ጋብላውን ቆፎታት ከምእተዓደላ፣ ኣብ መላእ ሃገር ድማ ኣስታት 480

ጨንግዕቲ ማይ ሞቶረታት ከምእተዋህባ፡ ወ/ሮ ተኽኣ ኣነጺራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሕብረተሰብ - ሳዕቤናት ጉዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ምስ መሻርኽቲ ተወሃሂዱ ክካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ኣተባባዒ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ማሕበር ብዝፈጠሮ ናይ ልቓሕ ዕድል፡ ዛጊት ኣስታት 25 ሚልዮን ናቕፋ ተዘርጊሑ ከምዘሎ ገሊጻ።

ሃማደኤ ጨ/ዞ/ማእከል፡ ኣብ መደባት ስራሕ 2026 ዘትዩ

ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስርሑ ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት ስራሕ 2026 ዝዘተየ ርኽብ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ዝተወከላ ኣባላት ሃማደኤ ዝተሳተፍኦ ገምጋም፡ ፖለቲካዊ ጉስጓሳትን ጽልዋኡን፣ ገሲጋስን ውጽኢትን ውዳበታት ማሕበር፣ መንነትን ክብርታትን ማሕበር ንምዕቃብ ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ቀኑጠባዊ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ንምሕያል ዝተኻየደ ንጥፈታት፣ ኣድማዕነት ዝተዋህበ ስልጠናታት፣ ኣበርክቶ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ልግሲ ደምን ምውጋድ ጐዳእቲ ልምድታትን ከምኡ’ውን ምሕያል ማሕበርን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ብዕምቈት ተዘትዩሎም።

ሓለፍቲ ኣሃዱታት ናይ’ቲ ማሕበር ብወገነን፡ ኣብ ኢታዊታትን ወጻኢታትን ከምኡ’ውን ውዳበታት ማሕበር ጸብጻበን ብምቕራብ፡ ብሓፈሻ ቀኑጽሪ ኣባላት ማሕበር ንምዕባይ፡ ተሳትፎ መንእሰያት ንምሕያል ድማ ብፍላይ ዝተኻየደ ጻዕሪ እወታዊ ውጽኢት ከምዝተረኽበ ብምግላጽ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ጥሙር ልምዓታዊ መደባት ክንዮ ተሳታፍነት ኣፍራይነተንውን እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጸን።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ምሕያል ኣባላት ማሕበር ብዕቱብ ክስራሕ ከምኡ’ውን ዘይተፈጸሙ መደባት ንምዝዛም ብውህደት ክዕየ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሐን።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወይዘሮ ኣለም በላይ ኣብ ዘስምዓቶ መዛዘሚ ቃል፡ ዝተመዝገቡ ብልጫታት ከዕቀቡን ዝተራእዩ ድኽመታት ከከም ቀዳምነቶም ክእረሙን ብምልባው፡ ምሕያል ውዳበ መንእሰያት፣ ልምዓታዊ መደባትን ገሲጋሱን፣ ከምኡ’ውን ተራ መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ክስርሓሉ ኣዘኻኺራ።

ቃል መጠይቕ

“ህ.ግ. ኣብ ኩሉ ተሳቲፍና ከም እነድምዕ ገይሩ ኣብሊሑና’ዩ”

ተጋዳሊት ስቶም ሰይድ

የሴፍ ሃይለማርያም

ካብ ግዜ ሰውራ ኣትሒዛ፡ ምስ ህዝብን መንእሰያትን ኣብ ዘራኸብ ስራሓት እናተመደበ’ያ፡ ተቓሊሳን ትቃለስ ዘላን። ሰውራ ኤርትራ ገና ኣብቲ ጽንኩር እዋን እንከሎ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተጸንበራ እጃማ ስለ ዘበርከተት ከኣ፡ ሕሉፍ ጉዕዞ ሂወታን ዝዓመመቶም ስራሓትን፡ ሓንቲ ካብተን ውህሉል ተመኩሮን ጽንዓትን ዘለወን ኣርካናት ሰውራ ዝኾና ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ክትከውን ኣብቂዑዋ’ዩ። ከም ተጋዳሊት፡ መምህር፡ ሓኪም፡ ስነ ጥበባዊትን ኣማሓዳሪትን ኮይና ንፍርቂ ዘመን (50 ዓመት) ኣብ ዝተቓለሰትሉ፣ ንእስነታ፡ ዓቕማን ፍልጠታን ኣብ ዘወፈየትሉ ዕላማኣ ከኣ፡ ንመንእሰያት፡ ንህዝብን ሃገርን ብተወፋይነት ኣገልጊላ’ያ። ኣብ ሓዳራ’ውን፡ ዲቃ ኣምሂራ ኣብ ዝብጸሕ ዘብጽሐትን ዘውረሰትን ዕዉትቲ ኤርትራዊት ኣደ’ያ። ቀጺልና፡ ምስኣ ናይ ዘካየድናዮ፡ ንቅድምን ድሕርን ናጽነት ጉዕዞኣ ዝድህስስ ጽማቕ ትሕዝቶ ኢና ከነቕርበልኩም።

- ብድሕረ ባይታኺ ክንጅምር፣

ስቶም ሰይድ ዑመር ሮሞዳን እበሃል። ኣብ ሕርጊጎ ተወሊደ፣ ብንእስነተይ ከኣ ናብ ኲትሚያ (ውሽጢ ባጽዕ) መጺአ። ክሳብ ሻዱሻይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሸኽ ኣልኣሚን ተማሂረ። ሻውዓይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ልኡል መኮንን (ናይ ሎሚ ሰምሃር) ምስ ጀመርኩ፡ ካብኡ ኣብ መወዳእታ 1975 መጀመርያ 1976 ንሜዳ ወጺአ።

- ግዜ ንእስነትኪ ከመይ ትዝክርዮ፣

ወለደይ ሓደ ወድን ኣርባዕተ ኣዋልድን’ዮም ፈሪዮም። ኣነ ከኣ፡ ካብ ኣሕዋተይ ሕሳስ ልደ’የ። ኣቦና፡ ብንእሽቶና ስለ ዝሞቱ፣ ኣደይን ዓቢ ሓውናን’ዮም ኣዕቢዮምና። እታ ዓባይ ሓውትና ኣይተማህረትን፣ እተን ክልተ ምንኣሳ ግና፡ ኣብ ትምህርተን ንፉዓት ስለ ዝነበራ፡ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርተን ወዲአን። ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ዝበጽሓ’የን። ብሰንኪ ኣብቲ ግዜ’ቲ ዝነበረ ድሑር መረዳእታን ጸቕጥን ግን፡ ትምህርተን ንኽቕጽላ ዝሓለፍኦ ብድሆ ቀሊል ኣይነበረን። ኣሕዋተይ ቅድመይ ስለ ዝተማህራን ነቲ ዝነበረ ድሑር መረዳእታ ወለዲ ስለ ዝሰዓርኦን ከኣ፡ ኣነ ብዘይ ጸቕጢ ክመሃር ዕድል ረኺበ። ኣብዚ ክይጠቐስኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፡ ኣደና ፈታዊት ትምህርቲ ስለ ዝነበረት፡ “ደቀይ ተማሂረን ነፍሰን ክኽእላ ኣለወን” ብምባል እናተማጎተት’ያ ኣምሂራትና። ከምታ ዝበለታ ከኣ፡ ብደቃ ተኻሒሳ’ያ።

- ንሜዳ ክትስለፊ ዝደፋኣኪ እንታይ ነይሩ፣

ብዕድመ ንእሽቶ ስለ ዝነበርኩ፡ ጽቡቕ ሃገራዊ ንቕሓት ወይ ፖለቲካዊ ብስለት ስለ ዝነበረኒ ኣይኮንኩን ንሜዳ ወጺአ። “ተጋደልቲ ኣለዉ” ጥራይ’የ ዝፈልጥ ነይረ። ይኹን’ምበር፡ ናይ ሽዑ መድረኽ፡ ስርዓት ደርግ ናብ ስልጣን ዝመጽኣሉ ዓመታት ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ብርቱዕ ግፍዒ ይወርድ ነይሩ። ሕርጊጎ ክልተ ግዜ ብጸላኢ ክትነድ ጽቡቕ ገይረ’የ ዝዝክሮ። እታ ቀዳመይቲ ምንዳድ ሕርጊጎ ኣብ 1975 ኮይኑ፡ ኣብ ባጽዕ ነይረ፣ እታ ካልኣይቲ ምንዳድ ድማ ኣብ 1976 ኮይኑ፡ ኣብ ሜዳ ነይረ። ሬስታት ኣይቅበርን’ዩ ተባሂሉ፡ ክውዕል ኣይረስዖን’የ። ወተሃደራት ደርግ ኣብ ባጽዕ፡ ኣብ ህዝብን ተማሃሮን ዝገብርዎ ዝነበሩ ጸቕጥን ምፍራሕን’ውን ንኩነታት መግዛእቲ ክርዳእ ኣኽኢሉኒ’ዩ። ናብ ገድሊ ንኽንከይድ ዝደፋፍእ ጸቕጢ መዘና’ውን ነይሩ። እዚ ኩሉ ከኣ፡ ህዝበይን ሃገረይን ናጻ ንምግባር፡ ንሜዳ ንክወጽእ ደሪኹኒ።

- ኣበይ ተዓሊምኪ፣

ኣብ ፋሕ’የ ንሽዱሽተ ወርሒ ተዓሊመ። ሚኒስተር ፎውዚያ ሃሽም ብትግሬ፣ ሕጂ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ዘሎ ብጻይ ገረዝጊሄር ገብረመድህን ድማ ብትግርኛ፣ ንቕሓትና ዝቕይር ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምሂሮሙና። መራሒ መስርዕና

ዝነበረ፡ ሓላፊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ዘሎ ብጻይ ሃብተሚካኤል (ወዲ ኣርባዕተ) እውን ይዕልመናን ይኣልየናን ነይሩ። በዞም ሓለፍቲ ዝግበረልና ዝነበረ ሓልዮትን ኣልያን፡ መግለጺ ኣይረኽበሉን'የ፣ ንቃልስን ስውራን ከም እንፈትዎ ገይሩና እዩ። ኣብ ግዜ ታዕሊም፡ ሊያ ገብርኣብን ለተኺዳን ካሕሳይን ዝበሃላ ነይረን። ምስኣን፡ ዘይርሳዕ ፍቕሪ ኣትሪፍና። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሊያ ኣብ ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ለተኺዳን ከኣ ኣብ ሃማደኤ ዝሰርሓ ዘለዋ'የን። እዘን ብጾት ብስለት ስለ ዝነበረን፡ ተቐዳዲመን ቋንቋ ትግረ'የን ኣጽኒዐን። ኣነ'ውን እምህረን ነይረ። ብድሕሪ'ዚ፡ ዝነበረን ንቕሓተን፡ ኣብ ሮራ ጀማሂር ተመዲበን። ነቲ ቋንቋ ኣማዕቢለን፡ ንቋንቋ ትግረ ብባህሉን ቋንቋኡን ኣጽኒዐናኦ። ብወገነይ፡ ቋንቋታት ትግረን ትግርኛን መሊኸ ስለ ዝተሰለፍኩ፡ ንቕሓተይ ከዕቢ ኣይተጸገምኩን። ብተወሳኺ፡ ሎሚ ኣብ ሃማደኤ ዘላ ገዲም ተጋዳሊት ጺጋ ጋይም (ጓል ሻምበል)፡ ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ተጋደልቲ ኮይና፡ ብዝነበራ ልዑል ፖለቲካዊ ብስለት፡ ኣብ ጃኒ፡ ሳሕል፡ ሮራ ሓባብ፡ ባቕላ ሓላፊተይ ኣብ ዝነበረትሉ፡ ብኣተሓሕዛን ሓልዮትን፡ ሂወተይ ኣማእዚናትንን ሎሚ ዝኸተሎ ዘለኹ መንገዲ ኣትሒዛትንን'ያ። ክሳብ ሎሚ'ውን ደሃየይ እናገበረት'ያ ተተባብዓኒ'ሞ፡ ከመስግና እፈቱ።

- ኣብ ሜዳ ከመይ ኢልኪ ምስ ስነ-ጥበብ ተላሊኺ?

ኣብ ግዜ ታዕሊም፡ ረቡዕ ዕረፍቲ ስለ ዝነበረት፡ ናይ ግጥሚ፡ ተዋስኦን ካልእን መደብ ንገብር ነይርና። ኣነ ከኣ፡ ግጥሚ የውጽእ ነይረ። ስዉእ ዑቕባጋብር፡ ስዒድ ዓብደላ (ወዲ ዓብደላ)፡ ኣሮን፡ ጀሚላ ዑስማን፡ ኣምና ዓምር፡ ከዲጃ ኣድም፡ ሙሉጌታ በይን (ወዲ ዛግር)፡ ምሕረት ብሌን ትድርፍ ወዘተ ብጾት ምሳና ነይሮም። ካብኡ፡ በቲ ዝፍትኖ ዝነበርኩ፡ ኣባል ናይታ ሽዑ ዝቖመት "ሓዲሽ ባህሊ፡ ብሓዲሽ ፊተውራሪ" ትብል ጉጅለ ባህሊ ኮይነ፡ ኣብ ፋሕ ቃልሰይ ኣሃዱ ኢለ ጀሚረ። ሽዑ፡ ሓላፊና ዓሊ ዓሲና ነይሩ። ዝነበረና መሳርሒ ሙዚቃ'ውን ድኹምን ትሑትን ኮይኑ፡ ከም ፎዞርመኒካ፡ ዑድን ጊታርን ነይሩ።

- ኣባል ጉጅለ ባህሊ ምኳንኪ'ሞ፡ ፈቲኺዮዶ፧

እንታይ ክፈትዎ ደኣ! 'ብረት ሒዝና ወተሃደራት ክንቀትል ንሜዳ ወጺእናስ፡ ኣጣቓዕትን ደረፍትን ክንከውን' ኢልና ምስ ብጾተይ ኣይተቐበልናዮን። ብፍላይ ኣብቲ ፈለማ ከቢዱና'ዩ። ደሓር ግን፡ ብደርፍን ግጥምን ጌርካ ህዝብኻ ኣንቂሕካ ሓይሊ ሰውራ ምጉልባት ዕላማኡ ቀስ ብቐስ ምስ ተረድኣና፡ ተቐቢልናዮን ፈቲናዮን። ሓይሊ ናይቲ ኣብ ሰውራ ዝዓንበበ ባህልን ስነ-ጥበብን ከኣ፡ ሞተረ ቃልሲ ኮይኑ፡ ናጽነት ኣብ ምምጻእ ዝተጻወቶ ተራ ኩላትና ንፈልጦ ሓቂ እዩ። በዓል ዑቕባጋብር፡ ወዲ ትኹል፡ ወዲ ዓብደላ፡ ኣሮን፡ ወዲ ሻውል፡ ወዲ ሸኽ፡ ተፎኖ፡ ዘማች፡ ጓለንከረ፡ ኣብረሀት ታንኪ፡ ከድጃ ኣድም፡ ወዲ ዛግር፡ ምሕረት ወዘተ ከኣ፡ ፍርያት ናይቲ ኣብ ሜዳ ዝተኾስኮሰ ባህልን ስነ ጥበብን ኮይኖም፡ ንባህልን ስነ ጥበብን'ውን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ከምዝበጽሕ ዝገበሩ እዮም። ኣነ'ውን፡ ሳላ'ቲ ዝተፈጥረለይ ባይታ ብዓቕመይ እዋሳእ ስለ ዝነበርኩ፡ መዘከርታ ዝኾናኒ ደርፍታትን ግጥምታትን ከበርክት ክኢለ'የ።

- ካብተን ዝገጠምክየንን ዝደረፍክየንን ክትገልጽልና፧

ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ 1977 ዝተደርፈት፡ "ግል ሕርየት ሸዓብና" እትብል ደርፊ ናይ ፈለማ ፍርያተ'ያ። እዛ ደርፊ፡ ሎሚ ኣብ ሃገራዊ ማርሽን ባንድ ኤርትራ ኣትያ ዘላ'ያ። ግጥምን ዜማን ናይዛ ደርፊ ባዕለይ'የ ገይረያ። እዛ ደርፊ፡ ግዜ ሰውራ ኣብ ምሉእ ህዝባዊ ሓይልታት ትድረፍ ነይራ፣ ብፍላይ ብሄረ ትግረ ዝነብረሉ ከባቢ፡ ብዘይ መጠን ዝውትርቲ ደርፊ ነይሩ። ድሕሪ ውድባዊ ጉባኤ'ውን፡ ንትሓረብ፡ ኤርትራ ዓጀ፡ ወዘተ ዝብላ ደርፍታት ኔረናኒ። ኣብ ሰውራ ተሓጋጊዝካ ይሰራሕ ስለ ዝነበረ፡ ግጥምታት ገጢመ'ውን ንካልኦት ብጾት ይህብ ነይረ'የ።

- ኣብቲ ተካይድዎ ዝነበርኩም ናይ ምንቕቓሕ ንጥፈታት፡ ተቐባልነት ህዝቢ ከመይ ነይሩ፧

እቲ ዘካይድ ዝነበረ ባህላዊ ጎስጓስን ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን፡ ህዝቢ ብኣድናቖት'ዩ ዝቕበሎ ነይሩ። ባህሊ ከነርኢ ኣብ ዝኸድናዮ ቦታታት፡ ብዙሓት ንሜዳ ዝስለፉ መንእሰያት ንረክብ ነይርና። ንኣብነት፡ ኣብ ከረን ኣብ ዘካየድናዮ ባህላዊ ምርኢት፡ ሰለስተ ማኪና መንእሰያት ሒዝና ንሜዳ ከይድና። ኣብ'ዛ ጉጅለ ባህሊ፡ ክሳብ ከባቢ ምዝላቕ ከም ገጣሚት፡ ደራፊትን ዘያሚትን ኮይነ ምስ ሰራሕኩ ከኣ፡ መምህር ናይ ትግረ ኮይነ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ - ዜሮ ተቐይረ።

- ጉዕዞ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ኸ ከመይ ረኺብኪዮ፧

ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ 1977 ዝተኸፍተ ኮይኑ፡ 'እቲ ዝተማህረ ነቲ ትሕቲኡ ዘሎ ይምሃር' ዝብል ጭርሖ ነይሩዎ። መምህር ናይ

ተጋ. ስቶም ሰይድ ምስ ኮሚቴ ወለዲ ቤ/ት ሰውራ

ትግረ ኮይነ ኣብ ዜሮ ምስ መሃርኩ ከኣ፡ ካብኡ ሕክምና ኣጋር ተማሂረ፡ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሓኪም ኮይነ። ናብ ገጠራት ከይድካ ምምሃር ዝብል መምርሒ ኣብ 1983 ምስ መጽአ ኩሎም ፊተውራሪ ናብ ኩሉ ፋሕ ኣብ ዝበልሉ ከኣ፡ ኣነ'ውን ኣብ ሮራ ሓባብ - ባቕላ በጺሑኒ፡ ኣብኡ ንክልተ ዓመት ከም መምህር፡ ሓኪምን ኣገልጊለ። ብድሕሪ'ዚ፡ ናብ ሃበሮ ተቐይረ፡ ከም ዳይረክተር፡ ሓኪምን መምህርን ሰሪሐ። ጸኒሐ'ውን ናብ ዞባ ዓንሰባ - ጃኒ፡ ኣስማጥ፡ ኦሮታ፡ ወግሬት ሻካ ተቐይረ፡ ክሳብ ናጽነት ንሰለስቲኡ ዓውደ ስራሕ (መምህር፡ ሓኪም፡ ዳይረክተር) እናማላእኩ ተቓሊሰ።

- ዝነበረ ድሌት ትምህርቲ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከመይ ትገልጾዮ?

ተጋ. ስቶም ምስ በዓል ቤታ ተጋ. ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር

ሰሙናዊ ውጥን ትምህርቲ ተኸቲልና ኢና ንምህር ነይርና። ነቲ ዝነበረና ሕጽረት መምሃሪ ናውቲ ትምህርቲ ከኣ፡ ብፍላይ ኣብ ቀኑጽሪ፡ ከም ጋባ፡ ዓኾር ኣጣል፡ እምኒ ወዘተ ንጥቀም ነይርና። ካልእ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ባህላዊ ንጥፈታት ነካይድ፣ ትምህርቲ ንዓበይቲ ንህብ፣ ኮሚቴ ወለዲ'ውን ነይሩና። እዚን ካልእን ከኣ፡ ተማሃሮና፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ልዑል ድሌትን መንፍዓትን ክህልዎም ሓጊዙዎም። ገለ ካብ'ቶም ሽው ዝነበሩ ተማሃሮና፡ ኣባል ሃማደኤ ዘላ ፋጥና ዓብዱራሕማን፡ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ዘለዉ እድሪስ ስዒዳይን ኣድምኑር መሓመድን፡ ከምኡ'ውን ዓሻ ዓባስ ወዘተ ክጠቅስ ይኽእል። ካልእ፡ ተማሃራይ 4ይ ክፍሊ ኮይኑ ናባና መጺኡ፡ ንጎይ ክፍሊ ዝምህር ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ክሳብ ማስተረይት ተማሂሩ ዘሎ ኣባል ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ መሓመድ ስዒድ ዑስማን መንፍዓት'ዩ።

- ናጽነት ኣበይ ነይርኪ፧ እንታይ ከ ተሰሚዑኪ፧

ናጽነት ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ኣፍግሪንጋ - ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ከባቢ ጃኒ ነይረ። ሽው፡ 'ናይ ብሓቂ ዲዩ' ኢለ ክገልጾ ዘይክእል ሓጎስ'ዩ ተሰሚዑኒ። እቶም ናጽነት ከምጽኡ በጃና ዝሓለፉ ሰማእታት፡ ናጽነት ስለ ዘይረኣዩዋ ግን፡ ንድሕሪ ተመሊሰ፡ ኣብ ዝኸሪ ሓሳብን ስምዒትን ኣተየ። መስዋእትን ስንክልና ግድን ስለ ዝኾነ ግዳ፡ ዝኸፈልና ከፈልና ዝተቓለስናሉ ዕላማ ኣብ ዓወቱ በጺሑ፡ ህዝብናን ኤርትራን ናጻ ምስ ኮነ፡ ኣካላተይ እፎይታን ባህታን ወሪሩኒ። ናጽነት ከኣ፡ ክብሪን ሓርነትን ናይ ወዲ ሰብ ስለ ዝኾነት፡ ጥዕምቲ እያ። ሳላ መስዋእቲ ብጾትናን ደቅናን ከኣ፡ እናስተማቐርናያ ንነብር ኣለና - ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!

- ድሕሪ ናጽነት ኣበይ ተመዲብኪ፧

ናጽነት ኮይኑ ምስ ኣተና፡ ፈለማ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣብ ሪኮርድ ኦፊስ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት (ሳንታ ኣና) ተመዲበ፡ ክሳብ 1994 ኣብኡ ሰሪሐ። ካብኡ ናብ ህግደፍ ተቐይረ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ብደረጃ ዞባን ንኡስ ዞባን ክሳብ 2006 ኣብ ህግደፍ ሰሪሐ። ብድሕሪ'ዚ ናብ ምምሕዳር ተቐይረ፡ ክልተ ዓመት ከም ኣካያዲት ስራሕ፡ ሸሞንተ ዓመት ከኣ ኣማሓዳሪት ንኡዞ ዞባ ሰምበል ኮይነ፡ ን10 ዓመት ሰሪሐ። ካብኡ ናብ ፓራዲዞ ተቐይረ፡ ንዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመት ከም ኣማሓዳሪት ንኡስ ዞባ ፓራዲዞ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።

- ዝምድና ሓዳስ መስሪትኪ፧

ናጽነት ጋህዲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ'የ ምስ ብጻየይ ተጋዳላይ ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር ዝምድና መስሪትና። ራህዋን ኣልኣዛርን ዝተሰምዩ ክልተ ደቂ ድማ ወሊድና ኣለና። ራህዋ ብስነ-ልቦና፡ ኣልኣዛር ብሕጊ ብቐዳማይ ዲግሪ ትምህርቶም ወዲኦም ኣለዉ።

- ድሕሪ ናጽነት፡ ስለ ምንታይ ንስነ-ጥበብ ኣቋሪጽክዮ፧

ኣነ'ኳ ንነብሰይ ከም ስነ-ጥበበኛ ክቖጽራ ኣይደፍርን'የ፣ ምኽንያቱ፡ ዓውዲ ስነ ጥበብ ሰፊሕ፡ ብዙሕ ተውህቦን ጻዕርን ትምህርትን ዝሓትት'ዩ። ከምኡ'ውን፡ ምስ'ዚ ሎሚ ዘሎ ምዕባለ ስነ ጥበብን ዕድመይን፡ ምስ ከኢላታት ክወዳደር ኣይክእልን'የ። ይኹን'ምበር፡ ኣፍቃሪት ስነ-ጥበብ ስለ ዝኾንኩ፡ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ብዓቕመይ እዋስኣሉ'የ። ኣብ ሜዳ'ውን ደሓን ዝኾነ ኣበርክቶ ገይረሉ'የ። ድሕሪ ናጽነት ግና፡ ብሰንኪ ጻዕቂ ስራሕ ናይ ምምሕዳር፡ ከምቲ ዝድለ ኣይደፋእኩሉን፣ ቀዳምነት ዝህቦ ንስራሐይ'የ። ኣብ 8 መጋቢትን በዓላትን ግና፡ ንደቀንስትዮ፡ ንክሽቦን ካልእን ዝምልከት ግጥሚታት ይገጥም'የ። ገለ ካብተን ግጥምታተይ፡ ሳዋ ግሲ (ሳዋ ኪዲ)፡ ሰማን ማርስ፡ ክሽቦ ወለት ኣንሳይት ወመደረቱ፡ ፈደል ፐ፡ ንትሓረብ፡ ግል ሕርየት ሸዓብናን ካልእን ምጥቃስ ይከኣል። ካብ ግጥምታተይ ዜማ ተሰሪሑለን ዝተደርፋ ድማ፡ ሳዋ ጊሲ፡ ንትሓረብ፡ ግል ሕርየት ሸዓብና እየን። እዛ ሳዋ ጊሲ ትብል ደርፊ ድማ ብሃማደኤ ተወዊላ ትድረፍ ኣላ።ስለዚ፡ ንስነ-ጥበብ ኣይጸልኣን'የ፡ ብሰንኪ ጻዕቂ ምምሕዳራዊ ስራሓት ግን፡ ከምቲ ዝግባእ ኣይሰዓብኩዎን።

- ንተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ ከመይ ትገልጽዮ፧

ንተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ ክገልጾ ቃላት ይሓጽረኒ። ንባህርን ካልእን ተጻዊረን፡ ኣብ ጎድኒ ኣሕዋተን ኮይነን ዘርኣያአ ጅግንነትን ተወፋይነትን፡ ዓለም ዘመስከሮ'ዩ። ግብራዊ ተሳትፎአን ፍርቂ ሓይሊ ሰውራ ስለ ዝነበራ፡ ከምቲ ብሓደ ኢድካ ከጣቓዕ ዘይከኣል፡ ብዘይ ናተን ሓያል ንቕሓትን ሓርበኝነትን'ውን ናብ ሃማደኤ ወይ ካልእ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት'ውን ኣይመጻን። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት እንታይ ክገብራ ከም ዘለወን፡ ፍልጠት ኮነ ኣብ ሕጊ መሰረት ዝገበረ መረዳእታ ስለ ዝሓጽረን'ዩ። ምስኡ'ውን፡ ፍርሕን ጸቕጢ ስድራቤትን ኣለወን። እተን ከምዚ ዓይነት ጸቕጥን ብድሆን ምስ ኣጋጠመን

ተጋ. ስቶም ምስ በዓል ቤታን ደቃን

ናጽነት ጋህዲ ኣይምኾነን በሃሊት'የ። እዚ ኩሉ ጅግንነትን ተኣምራትን ዝሰርሓ ግን፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ሳላ ዝፈጠረለን ዕድልን ባይታን'ዩ። ምኽንያቱ፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ ኩሉ ተሳቲፍና ከነድምዕ ከም እንኽእል ገይሩ ኣብሊሑናን ኣብሲሉናን'ዩ።

- ኣብ ደቀንስትዮ ዝረኣየኪ ጸገማት እንታይ ኣሎ፧

ደቀንስትዮና፡ ንፉዓትን ሓያላትን'የን። ምስ ስራሓይ ኣብ ዝዛመድ ጉዳያት ኣነጻጺረ ክርእዮ እንከለኹ ግና፡ ኣብ ገለ ጉዳያት፡ ብደቂ ተባዕትዮ ብድሆን ጸቕጥን ከገጥመን ይዕዘብ'የ። ንሳተን ከኣ፡ ነቲ ዝገጥመን ብድሆን ጸቕጥን ምጽዋሩ ስለ ዝስእና፡ ኣብ ክንዲ ዝምጉታ፡ ግዳይ ክኾና ይረኣያ። ንኣብነት፡ ኣብ ጉዳይ ፍትሕ፡ ኣብ ቀለብ ቈልዓ፡ ኣብ ሞጉዚት፡ ኣብ ክራይ ገዛ፡ ኣብ ስራሕ ወዘተ ንዝገጥመን ብድሆ ኮነ ጸቕጢ፡ ቀልጢፈን ተስፋ ክቖርጻ ደኣ'ምበር፡ ሕጊ ሒዘን ከማጎታን መሰለን ንምርግጋጽ ከኢላታት ኮነ ምሁራት ከማኽራን ኣይረኣያን። ናብ ምምሕዳር ኮነ ናባና ዝመጽኣ ውሑዳት ደቀንስትዮ፡ ዘድሊ ድገፍን ሞራልን ንኸረኽባ ናብ ሃማደኤ ስለ ንስደን ይዕወታ'የን። ሃማደኤ ድማ፡ ጽቡቕ ገይረን ተቐቢለ'የን ዝሰምዓዐን፡ መሰለን ንኽረጋግጻ ዝድግፈአን'ን። ብኸምዚ ደጊፍናየን ዝተዓወታ ብዙሓት ደቀንስትዮ ኣለዋ። እተን፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ብደቂ ተባዕትዮ ጸገማት ኮነ ብድሆን ጸቕጥን ምስ ገጠመን ናባና ዘይመጽኣ ደቀንስትዮ ግን፡ እዚ ደገፉትን መሰለን ዘረጋግጻሉ ዕድላትን ክረኽባ ስለ ዘይክእላ፡ በቲ ዝገጠመን ጸገም ግዳይ ኮይነን ይነብራ'ዮ፡ ኣብ ከቢድ ሽግርን ቀኊጠባዊ ጸገማትን ይኣትዋ። ስለዚ፡ ደቀንስትዮ ነቲ ዘጋጥመን ጸቕጥን ብድሆን ክስዕራ እንተ ደኣ ኮይነን፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪበን ባዕለን መታን ክምጉታ፡ ንምምሕዳራት፡ ንሃማደኤን ካልኦት ከኢላታት ሕግን ከማኽራ እላበወን። ኣብ ደቀንስትዮ ዘተኮረ ኣስተምህሮን ጎስጓስን ከወሃበን'ውን ይግባእ። እዚ ክብል ከለኹ ግን፡ ብደቆም ኣመና ዝግደሱ ደቂ ተባዕትዮ የለዉን ማለተይ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ብደቀን ዘይግደሳ ደቀንስትዮ ከም ዘለዋ ዘንጊዐ ኣይኮንኩን።

- ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ መልእኽቲ እንተለኪ፧

መንእሰያት ኤርትራ፡ ንህዝቦምን መንግስቶምን ሓበን ኮይኖም ዘለዉ'ዮም። ኣብ ምኽባር ልኡላውነት፡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ህንጻትን ሃገር ዝሰርሕዎ ዘለዉ ተኣምራት፡ ካብ ቅድሚ ዓይኒና ዝተኸወለ ኣይኮነን። እዚ ከኣ፡ ሕድሪ ወሪሶም ከም ዘለዉ'ዩ ዘረድእና። ሕጂ'ውን ዋሕስን ዋልታን እዛ ሃገር፡ መንእሰያት ስለ ዝኾኑ፡ ኣብኦም እንገብሮ ጎስጓስ፡ ሓልዮትን ምንክብኻብን ብዝበለጸ ክቕጽል ኣለዎ። ንሃገር ዘማዕብላ፡ ዝተማህረን ዝነቕሐን መንእሰይ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ሞያን ፍልጠትን ዝዓጥቅሉ ዕድላት ክዛይድ ኣለዎ። ካልእ፡ ከም መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ክሽቦ፡ ጸቕጥን ካልእን ዝኣመሰሉ ድሑራት ልምድታት ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ደቀንስትዮ ስለ ዝራኣዩ፡ ንምጥፍኦም እቲ ቃልሲ ክሕይል ይግባእ።

- ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ተመሓላልፍዮ ለበዋ፧

እዛ ዕለት፡ ሓንቲ ካብተን መርሆ ደቀንስትዮ ዝኾና ዕለታት'ያ። ብኣጋጣሚ እዛ ክብርቲ ዕለት ከኣ፡ ደቀንስትዮ ንሓያልን ድኹምን ጎድኒ ናይቲ ዝሓለፍአ መድረኻት ብግቡእ እናገምገማ፡ መሰለን ዘረጋግጻላን ንመሰለን ደው ዝብላላን ዕለት ምዃና ከዘኻኽር እደሊ። 8 መጋቢት መጽኣት፡ ጓይላን ሳዕሲዒትን ጸወታን ጌርካ፡ መደረ ሂብካ ምኻድ ለውጢ ዘምጽእ ስለ ዘይኮነ፡ ዕላማ ናይዛ ዕለት ብንጹር ተረዲኡወን፡ ንዕብየተን ክሰርሓ፡ ክመሃራ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተሳቲፈን ከድምዓ ከም ዘለወን ክግንዘባ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ብቓልሰን መስዋእተንን'የን መሰለንን ግቡእ ማሕበራዊ ቦታአንን ኣረጋጊጸን ዘለዋ። ብሕጂ'ውን፡ መሰል ደቀንስትዮ ዘኽብርን ንደቀንስትዮ ዕድላት ዘቐድምን ሕጊ ኮነ ህዝብን መንግስትን ስለ ዘለና፡ ኣብዚ መድረኽ ህንጻትን ምዕባለን፡ ብመሳሳሊ መንፈስ እናናተቓለሳ፡ ብስራሕን ተወፋይነትን ዕብየተን ከረጋግጻ እላበወን።

***

ትምህርቲ

ካልሹም መሓመድ ደባስ

ተምበራ - ኣስመራ፡ ዘየህኪ ጉዕዞ ንምህሮ

ጋዜጠኛን መምህርን እያ ሓዋ እስማዒል ሓዞት። ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ መጎሎ ተምበራ ኣብ እትበሃል ዓዲ ብ1979 ተወሊዳ። ወላዲኣ ኣቶ እስማዒል ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ንናጽነትን ሓርነትን ኤርትራ እናተቓለሰ ኣብ 1981 በጃ ሃገር ኮይኑ። ስድራ ቤቱ መስዋእቱ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ከም ህሉው እናቖጸርዎ ብሓጎዝ ሓዉ ተጋዳላይ ፈረጅ ህያብ ካብ ዓዶም ንሜዳ ወጹ።

ሓዋ ካብ ቤታ ምስ ስድራኣ ክትወጽእ ከላ ህጻን እያ ነይራ። ኣብ መወዳእታ 1984፡ ስድራኣ ትረከበን ኣርባዕተ ናይ ቀረባ ስጋ ዝኾና ስድራቤታት ተጋደልቲ፡ ካብ ዓደን -ተምበራ መጀመርያ ንፎርቶ-ሳዋ፡ ቀጺለን ንሃዋሻይት፡ ሆሚብ፡ ምህናጅ ተጓዒዘን፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ምህናጅ ሰፈራ። ኣብቲ ቦታ ቆልዑን መንእሰያትን ዝመሃሩሉ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝናበ 'ኮኸብ ጽባሕ' ዝበሃል ቤት ትምህርቲ ነበረ።ዕድሚኦም ዝኣኸሉ ኣሕዋታ ምስ ካልኦት ከማኦም ቆልዑ ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ፡ ሓዋ ግን ህጻን ብምንባራ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ክትኣቱ ኣይከኣለትን። እንተኾነ፡ ልዑል ህንጡይነትን ድሌትን ስለዝነበራ ካብኦም ተፈልያ ምትራፍ ኣበየት። ነዚ ዝረኣዩ መምህራን ምስ ዓበይቲ ኣሕዋታ ኮፍ ኢላ ጥራዝን ርሳስን ትወሃብ እሞ ከም ድላያ ትሓንጥጥ ኢሎም ኣብ ክፍሊ ክትኣቱ ገደፍዋ። ምስኦም ወፈራ ምስኦም ስለትኣቱ ድማ "ተማሂረ" ኢላ ሕጉስ ትብል ከም ዝነበረት ትዝክር። ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ማእከላይ መሪሕነትን ህዝባዊ ግንባርን ውህደት ምስ ኮነ ግና፡ ሓዋ ምስ ስድራኣ ናብ ስድራቤታት ተጋደልትን ካልኦት ካብ መንጋጋ ጸላኢ ዝወጹ ቆልዑን ኣደታትን ዝዐቁቡሉ ዝነበሩ መዓስከር ሰለሙና (ዓሬርብ) ተጸንበረት።

ኣብቲ ግዜቲ ሸውዓተ ዓመት ስለዝመልኣት ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 1987/1988 ቀዳማይ ክፍሊ ኣብ መዓስከር ሰለሙና ጀመረት። ኣብኡ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ምስ ተማህረት ካብኡ ንደሓር ዘሎ ጉዕዞ ትምህርታ ካብ ሕቑፎ እኖ ተፈልያ ክትከዶ ነይሩዋ። ሻድሻይን ሻቡዓይን ኣብ እምባልቆ-ናቕፋ፡ ካብ ሻሙናይ ክሳብ 10ይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጻብራ-ናቅፋ ተማሂራ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኤርትራ ድሮ ሓራ ኮይና ስለዝነበረት ኣብ ኣስመራ፡ ማእከል ምስልጣን መምህራን (TTI) ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ (11 ክፍሊ እዩ ዝነበረ ሽዑ) ዛዚማ፡ ሓደ ዓመት ናይ ምድላው መምህራን ስልጠና ወሲዳ ሰርትፊኬት ናይ ስነ ምምህርና ብምዕታር ተመሪቓ።

ምምህርና እቲ ኣዝያ ትብህጎ ዝነበረት ሞያ እዩ። ምኽንያቱ ትብል ሓዋ ቆልዓ እቲ ዝርእዮ እዩ ክኸውን ዝደሊ፡ ንሕና መምህራን ኢና ንርኢ ነይርና፡ ሓካይም 'ውን ንርኢ ነይርና ኢና፡ ከም መምህራንና ጌሩ ኣብ ልብና ቦታ ዝነበሮ ግን ኣይነበረን። ተማሂርና ከምኦም እንኸነሉ እዋን ኢና ሃረር ንብል ነይርና።"

ናይ ዕድል ነገር ኮይኑ ግና መምህር ኮይና ኣብ ቅድሚ ተማሃሮ ምስ ኩርሽን ሰሌዳን ኣይተረኽበትን። ምስ ምምራቓ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ብቛንቋ ናራ ኣገልግሎት ክትጅምር ትዳሎ ነይራ። ነቲ ቛንቛ ዝመልኽ ሰብ ካብ ዘለዎ ክመጽእ ነበሮ። ንሳን ካልኣያ ዓብደልርሒም እድሪስን ድማ ብቐጥታ ናብ ሚኒስትሪ ዜና ተመደቡ። ኣገልግሎት ቛንቛ ናራ ድማ ኣብ 1999 ብስሩዕ ተጀመረ። ሓዋ፡ ኣብ ክፍሊ ኣትያ ብቐጥታ ምስ ተማሃሮ እናተራኸበት ኣይትምሃር እምበር፡ ብመራኸቢ ሓፋሽ ንዝሰፍሐ ሕብረተሰብ ክትምህር ብምኽኣላ ካብ ምምህርና ከምዘይረሓቐት እያ ትኣምን።

ከም ጋዜጠኛ ካብ ሕብረተሰብ እናተማህረት፡ ንዓኡ እናኣገልገለት ነፍሳ ብፍልጠት ምዕባይ ቀጺላቶ። ነቲ ሞያ ብፍልጠት ንምድርዑ ዝረኸበቶ ዕድል ተጠቒማ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ተጸምቢራ ኣብ 2018 ሰርትፍኬት ናይ ጋዜጠኛነት ዓቲራ። ወናኒት ክልተ ሰርትፍኬት ኮይና። ሎሚ ሓዋ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ

ሓላፊት ኣገልግሎት ቛንቛ ናራ እያ ዘላ። ዜና ትትርጉም፡ መደብ ጥዕና፡ መደብ ባህሊ፡ መንእሰይ፡ ትምህርቲ . . . ኣብ ኩሉ ኣላ። ኣብቲ ኣገልግሎት ዝሰራሕ ዘበለ ኩሉ ድምጻን ኢዳን ትሕውስ። መደባ ብኣፍልጦ መታን ከተዳልዎ ኣብ ዝኾነ ብክኢላታት ዝወሃብ ኮርሳት ትሳተፍ፡ ብፍላይ ብምኒስትሪ ጥዕና ብብግዚኡ ዝወሃብ ናይ መሐደሲ ፍልጠት ኮርሳት ነቲ መደባ ብንቕሓት ፍልጠትን ከተዳልዎ ኣዝዩ ሓጋዚ ኮይኑ ረኺባቶ። ሃማደኤ ዘዳልዎ ኣስተምህሮታት እውን ኣብ ምንቃሕ ደቀንስትዮን ምጥፋእ ክሽቦን ፌስቱላን ሓጋዚ ኮይኑ ረኺባቶ። ኣብ ርእሲ እዚ ተንብብ፡ ተሓትት፡ ካብቲ ዝገበር ቃለመጠይቓት ናይ ቛንቛ ክእለታ ተሀብትም።

ሓዋ ዓበይቲ ኣሕዋታ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክኣትዉ ከለዉ ንሳ ኣብ ትሕቲ ኣደኣ ወይዘሮ ዛህራ ፍንጃይ ኮይና መባእታ ወዲኣ። ትምህርታ ብትግርኛ ነይሩ። እንተኾነ ኣደኣ ብዘይካ ናራ ካልእ ቛንቛ ይፈልጣ ስለዘይነበራ ኣብ ገዛ ናራ፡ ኣብ ደገ ድማ ትግርኛ እናተዛረበት ክልቲኡ ቛንቛ ብማዕረ ክትመልኽ ዕድል ረኸበት። ናራ ብላቲን እዩ ዝጽሓፍ፡ ነቲ ቛንቛ ብጽሑፍ ትፈልጦ እኳ እንተዘይነበረት፡ ሳላ'ቲ ሓደ ዓመት ምሉእ ኣብ መሰልጠኒ መምሃራን ዝቐሰመቶ ኣጸሓፋን ኣናብባን ናራ፡ክትመልኮ ኣይተሸገረትን። "መን ይምህረካ ወሳኒ እዩ፡

መምህር ዳውድ ኣቡሹሽ ክሊላ ስነ-ቛንቋ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ክእለት ኣማሃህራ ስለዝነበሮ ብቐሊል ክሕዞ ክኢለ። ‘ከምቲ ተድምጾ ጸሓፍ፡ ከምቲ ትጽሕፎ ኣንብብ’ ዝብል መምርሒ ስለዘሎ፡ ክትጽሕፍን ክተንብብን ኣይጽግምን እዩ” ትብል ሓዋ።

“መዓስከር ሰለሙና ኣብ ምሉእ ህይወተይ እቲ ዝጠዓመ ግዜ ቁልዕነተይ ዘሕለፍኩሉ ዘይርስዖ እዩ” እናበለት ነቲ መዓስከር ብናፍቖት እያ ትዝክሮ ሓዋ። ምኽንያቱ ኩሉ ህይወት ናይ ሓባር እዩ፡ ዋላ ነፍስወከፍ ስድራ ገገዝኣ ይሃልዋ፡ ኣብ ድላይካ ገዛ ትምገብ፡ ምስ ዝደለኻዮ ቆልዓ ትሓድር፡ ኩለን ኣደታትካ፡ ኩሎም ኣሕዋትካ እዮም። ካብ ኩለን ብሄራት ዝሰፈርዎ መዓስከር ስለዝነበረ ኣብዚ ሃገር ኣሎ ዝበሃል ጸወታ ኣብኡ ነይሩ፡ ቢብ፡ ሃክቲ፡ ዓካት(ኮረር)፡ ማይ ክመጽእ ከሎ ናይ ሑጻ ገዛ ምስራሕ . . . ዝነበረ ጸወታ ፍጹም ኣይጽገብንዩ።

ዋላ’ኳ ሕጉሳት ኮይናም ጥዑም ጸወታ እንተነበሮም፡ ስግኣት ናይ ነፈርቲ ውግእ ወትሩ ምስ ኣንጸላለዎም እዩ። ኣደታት በብተራ ሓለዋ ወጺአን ድምጺ ይከታተላ፡ ጸረ ነፈርቲ ኣብቲ ከባቢ እንክሎ ካብ ርእየት (ክሻፋ) ምጥንቃቕ ናይ ግድን እዩ። ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዝወሃብ ከካብ ዘለኻዮ ኣብ ናይ ትሕቲ መሬት መዕቆቢ ይእቶ።

ሓደ እዋን ትዝክር ሓዋ “ብ1988 እዩ ማይ ሃሪሙስ ኣደታትና ኣብ ጎልጎል እናሓጸባ ከለዋ ንሕና ‘ውን ኣብ ደገ እንክለና ነፋሪት ደብዲባትና። ቀልጢፍካ ኣብ መዕቆቢ ትሕቲ መሬት ስለትኣቱ ብዙሕ ኣይሃሰየትን፡ ሐንቲ ገዛ ምስ ፈረሰት ሓንቲ ሰብ ኣብኡ ተጸቒጣ ሂወታ ሓሊፉ። ንሕና ርኢናዮ ስለዘይንፈልጥ በብቕሩብ ደኣ እናረሳዕናዮ ኬድና እምበር ኣዚና ኢና ተዳሂልና ነይርና። ብዘይካ’ዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ደብዲባ ይበሃል፡ ኣደታትና ናብኡ እናኸዳ ይኸዳ፡ ደሓን ኣለዉ እናበላ ከኣ ሃዲኤን ይምለሳና፡ ምሉእ ቅሳነት ዝበሃል ኣይነበረን፡ ብፍላይ ንኣደታት።”

ሓዋ ንኣገዳስነት ትምህርቲ ኮተብርህ ከላ፡-

“እዚ ኩሉ ሓሊፉ ሃገር ናጻ ኮይና፡ ንምህናጻ ከኣ ምሁር የድሊ፡ ኩሉ ኣካላት ሕብረተሰብ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ምስ ዝመሃሩ እዮም ምዕብልቲ ሃገር እትህሉ። ናብኡ ገጽና ከኣ ንስጉም ኣሎና። ካብ ኣደታትና ንሕና ንሓይሽ፡ ካባና ድማ ደቅና ይሕሹ። ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት ምሁራት ደቀንስትዮ ኣብ ብሄረ ናራ ውሑዳት፡ ሙብዛሕተአን ተጋደልትን ደቂ ተጋደልትን እየን ኔረን። ናዓይ እዚኣስ ከም ሰብኣይ ደገ-ደገ ትብል፡ እምበርከ ሓዳር ክትገብር ትኽእል ድያ! እናበላ ከም ፍልይ ዝበለት ሰብ እየን ዝርእያኒ ኔረን። ሎሚ ግና ሳላ መደባት ምጥፋእ መሃይምነት ዘይትጽሕፍን ዘይተንብብን ኣደ እኳ የላን ። ሓካይም፡ መምህራን፡ እንጅነይራት፡ ናይ ላቦራቶሪ ክኢላታት ደቀንስትዮ ምርኣይ ከም ብርቂ ዝረኣየሉ እዋን ሓሊፉ እዩ። ትምህርቲ ኣብ ዘለዎ ምኻድ፡ ብትምህርትኻ ኣብ ዝተመደብካዮ ምስራሕ ተራ ነገር ኮይኑ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ካልእ ይትረፍ ተመርዕየን ሳዋ ይኸዳ፡ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ነጥቢ እንተረኺበን ምስ ሓዳረን ተረዳዲአን ትምህርተን ይቕጽላ፡ ኣብ ዝተመዘዛላሉ ቦታ ይኸዳ። ሕብረተሰብ ንትምህርትን ሞያን ደቀንስትዮ ዝህቦ ዘሎ ክብሪ ዘሐጉስ እዩ። ኣብዚ ዕድመና ኩሉ ዜጋ ማዕረ ዕድላት ንክረክብ ዝተኻየደ ቃልሲ ፍረ ይህብ ከምዘሎ ክንርኢ በቒዕና።”

እዛ ጋዜጠኛ ሎሚ ሓላፊት ጨንፈር ጥራይ ኣይኮነትን። ኣብ 2000 ዓ.ም. ምስ ናይ ቤትትምህርቲ ሰውራ መተዓብይታ መምህር ኢሳቕ የሱፍ ተመርዕያ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ - ክልተ ኣወዳትን ክልተ ኣዋልድን እያ። በዓል ቤታ ኣብ ኩሉ ሂወታ ካብ ምእላይ ቆልዑ ጀሚርካ ክሳብ ናብራ ገዛን ማሕበራዊ ህይወትን ቀንዲ ሓጋዚኣ እዩ። ጠባይ ስረሓ ወጋሕታ ምእታው፡ ምምሳይ፡ ኣብ በዓላት ምውፋር ከምዘለዎ ስለዝርዳእ ኣብታ ገዛ ዝጎድል ባዕሉ ይምልኦ። ሕጽቦ፡ መግቢ ምስራሕ፡ ምስንካት፡ ምሕጻብ፡ ቆልዑ ምእላይ፡ ምጽዋት . . . ። ደቃ ከምቲ ናይ ወለዶም ወሪሶም ወዶም ጓሎም ኣብ ስራሕ ገዛ ኣእጃሞም ፈሊጦም ብማዕረ ይሳተፉ። ኣብ ምህሮ ከኣ ዕዉታት። ቴክኒሻናት፡ መምህራን፡ ሓካይም ኮይኖምላ ሓንቲ ድማ 11 ክፍሊ በጺሓ ኣላ።

ሓዋ “ኣደ እንተ ተማሂራ ምሁራት ከም እተፍሪ ኣሓተይ ካባይ ክመሃራ ይኽእላ እየን። መንግስቲ ኩሉ ነገር ቀሪቡ ተማሃሩ ክብለና ከሎ፡ ሰብ ክንከውን፡ ከነፍሪ ስለዝደለየ እምበር ገንዘብ በዚሑዎ ኣይኮነን። ንሕና ከኣ እቲ ዘይበርስ ጹጋ ንጠቀመሉ፡ ሓደራኹን ኣሕዋተይ” ዝብል መልእኽታ ኣሕሊፉ።

ቁጠባ

ጥርናፈ ደራኺ ለውጢ ንምዕባለ

ብርሃነ በርሀ

“ብማሕበር ብምጥርናፍና ሞያና ከነዕብን ምንጪ እቶት ክንረኽበን ክኢልና።” ብማሕበር ዝተጠርነፉ ደቂ ኣንስትዮ ጥርናፈ ሓይሊ እዩ። ኣብ ጥርናፈ ዓወት ኣሎ። ኣብ ጥርናፈ ለውጢን ዕቤትን ኣሎ። ነዚ ዝተገንዘባ ኣብ ዝተፈላለየ ሞያ ብውልቀን ክሰርሓ ዝጸንሓ ደቂ ኣንስትዮ፡ ማሕበር ብምቛም ኣድማዒ ስራሕ ኣብ ምስራሕን ሞየአን ኣብ ምዕባይን ይርከባ ኣለዋ። ማሕበር ትንሳኤ ስነጥበብ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከልን ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ኤርትራን ኣብነት ናይዚ እዮም።

ማሕበር ትንሳኤ ስነጥበብ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2012 ኣብ ኢደ ጥበብ ብዝነጥፋ ግዱሳት ደቂ ኣንስትዮ ዝተመስረተ ማሕበር ኮይኑ፡ ኑቲ ኣብ 70ታትን 80ታትን ግኑን ዝነበረ ግን ከኣ ምስ ግዜ ኣናሃሰሰ ዝመጽአ ብደቂ ኣንስትዮ ዝዕየ ዘቤታዊ ኢደ ጥበብ፡ ዳግማይ ንምብርባር ብዙሕ ዕላማ ዝቖመ ማሕበር እዩ። እዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማደኤ ዝነጥፍ፡ ኣብ ኢደጥበብ፡ ካይላ፡ ርኪያሞ፡ ማእለማ፡ ቅብኣ፡ ቅርጺ፡ ኡችኑቶ፡ ስርሓት ላኻን ካልእ ዓውዲ ስነጥበበን ንዝነጥፋ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ዝጠርነፈ ማሕበር፡ ዝበዝሓ ኣባላቱ ሰብ ሓዳር ኮይነን፡ ዝተፈላለየ ደረጃ ትምህርቲ፡ ዕድመን ተመክሮን ዘለወን እየን። ወ/ሮ ወይኒ ተስፋይ ኣደ መንበር ናይዚ ማሕበር እያ። ብዓለባ፡ ዕንቍ፡ ፈትልን ቆርበትን ዝዓሎ ዝተፈላለየ ኢደ ጥበባዊ ስራሓት ብምስራሕ ከኣ ናብራኣ ትመርሕ። ወ/ሮ ወይኒ ንንጥፈታት ናይዚ ማሕበር ኣመልኪታ ክትዛረብ ከላ፡ ኣባላት፡ ኑቲ ፍርያተን ከም ፈትሊ፡ ዕንጸይቲ/ጣውላ፡ ቆርበት፡ ዓለባ፡ ላኻ፡ ዕንቍ፡ ካይላ፡ ሓምሓምን ካልእ ጥረ ነገራትን ተጠቒመን፡ ብዝተፈላለየ ዓቕንን ቅርጽን ናይ እዝኒ፡ ኢድን ክሳድን ስልማት፡ ቦርሳ፡ ቆበዕ፡ ሻርባ፡ መትሓዚ መፍትሕ፡ ናይ ኮመዲኖ መብራህቲ፡ ኣብ ዕንጸይቲ/ጣውላ ብሓዊ እናሕረርካ ዝስኣል ስእሊ፡ መሰለምን መመላኸዒንቤት፡ ነጻላ፡ ዘርያንካልእንከምዘዳልዋ ገሊጻ። ኑቲ ፍርያት ኣብ ቤተን ብውልቀን እናሰርሓ ኣብ ዓመት ሓሙሽተ ግዜ ማለት፡ ኣብ ኤክስፖ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ እዋን ቅንያት ልደትን ሓድሽ ዓመትን፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ ድማ ኑቶም ካብ ወጻኢ ዝመጹ ዜጋታት ንምልላይ፡ ኣብ ፊት ቤት ጽሕፈት ማኒስትሪ ትምህርቲ ምርኢት ባዛር ብምኽያድ፡ ንህዝቢ ከም ዘላልያ ዝገለጸት ወይኒ፡ ብመንገዲ እዚ ምርኢት ከኣ ዕዳጋ ከም ዝረኸባ ሓቢራ።ብመንገዲቲ ፍርያተን ንበሄራት፡ ኣርትደኮ ህንጻታት፡ ቱሪዝማዊ መስሕብ ንዘለዎም ቦታታት፡ ንታሪኽ፡ ቃልስን ጅግንነትን ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘላልያ እትገልጽ ወይኒ፡ ሃማደኤ ከም ቀንዲ ጽላል ናይዚ ማሕበር፡ ጉዳያተን ብመንገዱ ከም ዘሳልጣን ኣብ ኩሉ ንጥፈታተን ኣብ ጎነን ኮይኑ ደገፉ ከም ዝኾበረለን ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ትምህርትን ካልኦት ትካላትን ውልቀ ሰባትንውን ደገፍ ከም ዝገበሩለን ሓቢራ።

ወ/ሮ ራሕማ ሮመዳን፡ በዓል ቤታ ዝሞታ ኣደ ሓደ ወሉድ ኣባል ማሕበር ትንሳኤ ስነጥበብ እያ። ኣብዚ ማሕበር ኣብ 2014 ብመንገዲ ስራሓ ዝተዓዘበት ጠርናፊተን ዝነበረት ኣባል ሃማደኤ ንግስቲ ጉብረመስቀል፡ እያ ተጠርኒፋ። ዝንባለን ተገዳስነትን ኢደ ጥበብ ብንእሽቶኣ ከም ዝሓደራ እትገልጽ ራሕማ፡ ቅድሚ ኣብ ማሕበር ምጥርናፋ፡ በዓላ ዘማዕበሎቶ ሞያ ተጠቒማ፡ ኣብ መንበሪ ቤታ ብጣፍ፡ ሰፈር እንዳ ቡን ብዝተፈላለየ ዲዛይን እናጸባበቐትን ኣናሰለመትን ንኣረቡቢታን ፈሊጥታን ትሰርሓለን ከም ዝነበረት ብምጥቃስ፡ “ኣብ ማሕበር ብምጥርናፈይ ንሞያይ ዘዕቢ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ክወስድ፡ ምስ ሰባት ክላለ፡ ኑበሰ ምትእምማን ከዕብን ሓሳባይ ክገልጽን ክኢለ። ኣብ መንበሪ ቤተይጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ሞያይ ከኣ ናብ ህዝቢ ከላሊ፡ ሓደስቲ ስርሓት ከምህዘን ፍርያተይ ዝዘርግሓሉ ባይታን ፈጢሩለይ። ንክልተ ዓመት ተማሂረዮ ኩበቕዕ ንዊሕ ዓመታት ከይተጠቐምኩሉ ዝጸናሕኩ ናይ ቅዲ ክዳን ሞያ ከይተረፈ ክሰርሓሉ ተተባቢዔ።” ክትብል ምስክርነታ ሂባ።

ኣብ ሞያ ካይላ፡ ዕንጸይትን ዕንቍን ከምእትነጥፍ ዝገለጸት ወ/ሮ ቅሳነት ፍስሓስጽዮን ብወገና፡ ናብ ማሕበር ትንሳኤ ቅድሚ 3 ዓመት ብመንገዲ ሓፍታ ከም እተጸንበረት ድሕሪ ምግላጻ፡ ምስ ሓውታ ኣብ ገዛ ትተሓጋገዝ ከም ዝነበረትን፡ ብውልቃ ድማ ብዕንጸይቲ ዝዓሎ ናይ ኮመዲኖ መብራህቲ ዝርከቦም ንፎርማ ገዛን ካልእ መዓላን ዝውዕል ናይ ካይላ ስርሓት ተፈሪ ከም ዝነበረት ኣብሪሃ። ኣብ ማሕበር ድሕሪ ምጥርናፋ ከኣ፡ ብዕንጸይትን ዕንቍን ዝዓሎ መትሓዝ መፍትሕ፡ ናይ እዝኒ፡ ኢድን ክሳድን ስልማት ከምኡውን ዝተፈላለየ ስእልታት ዝተሳእሎ ኣብ ፍሪጅ ዝለግብ ማግነት ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ፍርያት ከም እተዳሉን ብእትረኽቦ ኣንስትዮ፡

ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ኤርትራ፡ እቲ ካልእ ኣብ ዝተፈላለያ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብዝተዋፈራ

ወ/ሮ ወይኒ ተስፋይ

ወ/ሮ ራሕማ ሮሞዳን

ወ/ሮ ቅሳነት ፍስሃጽዮን

ኣቶት ናብራኣ ብጸቡቕ ከም እትመርሕ ኣረዲኣ። ሕጽረት ቀረብ ጥረ ነገራት ከም ዘሎ እትገልጽ ቅሳነት፡ ኑቲ ብቐረባ እትረኽቦ ጥረ ነገራትን ንካልእ መዓላ ተባሂሎም ዝተዳለዉ ነገራትን፡ ናብ ረብሓኣ ብምልዋጥ፡ ናታ ተበላሓትነት ፈጠራን ወሲኻ ፍርያታ ከም እተዳሉ ኣብሪሃ። “ሕጽረት ቀረብ ጥረ-ነገራትን ክብሪ ዋግኡን ከምኡውን ቀዋሚ መሸጢ ቦታ ዘይምህላውን ቀንዲ ብደሆ ናይ ማሕበር እዩ።” ዝበላ እዘን ኣባላት ማሕበር ትንሳኤ ስነጥበብ ደቂ ጻዕርን ዘፍሰሳሉ ፍርያተን፡ ከምቲ ዝደለ ረብሓታት ከም ዘይረኸባሉን፡ ካብቲ ዝሸጥኦ ፍርያት ዝረኸብኦ ገንዘብ፡ ካብ መግዝኢ ጥረ ነገራት ዝሓልፍ ከም ዘይኮነ እየን ዝገልጻ።

ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ 2003 ብመንግስቲ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ኤርትራ ዝተመስረተ ማሕበር ኢዩ። ድሕሪ 10 ዓመት ከኣ ናብዚ ሕጂ ሒዝዎ ዘሎ ስያመ ተቐይሩ፡ ኣብ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ኤርትራ፡ እቲ ካልእ ኣብ ዝተፈላለያ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብዝተዋፈራ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ 2003 ብመንግስቲ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ኤርትራ ዝተመስረተ ማሕበር ኢዩ። ድሕሪ 10 ዓመት ከኣ ናብዚ ሕጂ ሒዝዎ ዘሎ ስያመ ተቐይሩ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም እተጠርነፈ ኣደ መንበር ናይ'ቲ ማሕበር ወ/ሮ ሰናይት ተስፋልደት ሓቢራ። "ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ማሕበር፡ ኣባላቱ ፍርያተን ብስኑፍልጡታዊ መንገዲ ንክሰርሓ ዝሕግዝ ስልጠና ምሃብ፡ ባህርያዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ጥዑይ መኣዛዊ መግቢ ንኸፍርያን ናተን ዋኒን ንኽከፍታ ምድራኽን እዩ" ዝበለት ሰናይት፡ ሙብዛሕትአን ኣባላት ናይዚ ማሕበር ካብ ዞባ ማእከል፡ ገለ ውሑዳት ከኣ ካብ ዞባታት ዝመጹ ከም ዝኾና ገሊጻ። እተን ኣባላት፡ ካብ ዘቤታዊ ንጥፈታት ክሳብ ዓበይቲ ትካላት ዘውንናን ዝተፈላለየ ተመክሮን ድሕረ ባይታ ዘለወንን ከምዝኾና ዝተዛረበት ሰናይት፡ እተን ናይ ነዊሕ ተመክሮ ዘለወን ኣብ ምፍራይ ኣእካል፡ ኣብ ምርባሕን ምስባሕን ኩቡቲ፡ ምምስራሕ ውጽኢት ጸባ፡ ኣብ ምፍራይ ንህቢ፡ ደርሆ፡ ቃንጥሻ፡ ዕንባባን ማግኒለን ዝተዋፈራ ከምዝኾና፡ እተን ሓደስትን መንእሰያትን ከኣ፡ ንሕርሻዊ ፍርያት ዓዲገን ወሰኽ ክብሪ ብምግባር ዘመስርሓ ከም ዝኾና ኣብሪሃ። እዚ ማሕበር ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ውሽጢ ህንጻ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ከም ዝርከብ ብምጥቃስ ድማ፡ ንክራይን ካልእ መካየዲ ስራሕን ካብ ኣባላቱ ብዝዋጻእ ስማዊ ክፍሊት ከም ዝሸፍን ኣረዲኣ።

ማሕበረን ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሞያዊ ምኽርን ስልጠናን ዘጠቓለለ ደገፋት ክረክብ ከሎ፡ ምስ ቤት ምኽሪ ኤርትራ፡ ሃኮሰኤ፡ ስማፕ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ሚኒስትሪ ቱሪዝምን ሃማደኤን ከኣ ጽቡቕ ናይ ስራሕን ምትሕግጋዝን ዝምድና ከም ዘለዎን ዝተፈላለየ ደገፋት ከም ዝረክብን ሰናይት ሓቢራ። ኣባላት ናይዚ ማሕበር፡ ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ኣብ ቅንያት ልደትን ሓድሽ ዓመትን መዓልቲ ቱሪዝምን ኣብ ጎደናታት ኣስመራ፡ ወትሩ ዓርቢ ድማ ኣብ ፊት ቤት ጽሕፈት ዞባዊ ምምሕዳር ዝርከብ መናፈሻ፡ ፍርያተን ናብ ህዝቢ ከም ዘዘርግሓ ሰናይት ሓቢራ።

እዚ ማሕበር ዝተበገሰሉ ዕላማ ንምውቃዕ፡ ምስ መሻርኽቲ ትካላት ብምትሕብባር ኣብ ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ኣብ ዋኒን፡ ኣብ ኣገባብ ምምስራሕ መግቢ፡ ጽሬትን ጽሬትን ኣትዓሻሽጋን፡ ከምኡውን ኣብ ሞያ

ወ/ሮ ሰናይት ተስፋልደት

ወ/ሮ ኤልሳ በርሀ

ወ/ሮ ንግስቲ ሃብታይ

ሕርሻን ካልእን ዘተኮረ ስልጠናታት ከም ዝውድብ ዝገለጸት ሰናይት፡ ኑተን ኣብ ምምስራሕ ዝተዋፈራ ኣባላት ኑቲ ፍርያት ከምቲ ንቤተንን ውሉደንን ኢለን ዘዳልወኦ፡ ብጽሬትን ጽሬትን ተገዳስነትን ኩዳልዋ ከም ዘለወን ብቐጻሊ ከም ዝሕበረንን ብመንግዲ ኣባላት ቤ/ጽ ብቕዓት ቁጽጽር ሚኒስትሪ ሕርሻ ምክትታል ከም ዝግበረለንን ኣብሪሃ። ማሕበር ምስ እተን ኣባላት ብምርድዳእ፡ ኑቲ ዘለወን ፋይናንሳውን ሞያውን ዓቕሚ ኣወሃሂደን ብጉጅለ ኮይነ ከምዝሰርሓ ከም እተጉበረን፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ እቲ ፍርያት ብዓይነትን ብዝሒን ክውሰኽን፡ ሓድሽ ዓይነት መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ብርኩት ዝበለ ተወሳኺ ፍርያት ከም እተኣታተውን ኣብሪሃ።

ኣብ ምፍራይ ዕንባብ ከም እጥኖትፍ ዝገለጸት ወ/ሮ ሰናይት፡ እቲ ናይ ዕንባባ ጠለብ እናንቆልቆለ ብምምጽኡ ትካላ ክሳብ ንምዕጻው ተደናዲና ከም ዝነበረት፡ ኣብ ማሕበር ተጠርኒፋ ስልጠናታት ድሕሪ ምውሳዳ ግን ናብ ናይ ቆጽሊ ሻህን ቀመማትን ጽብሕን ብምስግጋር፡ ኑቲ ስራሕ ብኻልእ መንገዲ ክትቅጽሎ ከም ዝኸኣለ ብምሕባር፡ ካብ ማሕበር ንዝረኸበቶ ረብሓ ኣካፊላ።

ወ/ሮ ኤልሳ በርሀ በዓልቲ ሓዳርን ኣብ ምርባሕ ንህቢን ምምስራሕ ውጽኢት መዓርን እትነጥፍ ሓረታይ እያ። ንሳ ቅድሚ 4 ዓመት ብመንገዲ መውል ኣብ ማሕበር ከም እተጠርነፈት ድሕሪ ምግላጽ፡ ኑቲ መዓር ከምዝለዎን ምስ ዘይቲ ስምስምን ኮኮናትን ካልእን ብምትሕውዋስ፡ ክሬም፡ ዘይቲ ርእሲን ቻፕስቲክን ከም እተዳሉ ትሕብር። "ኑቲ ናይ ምምስራሕን ክብሪ ዋጋ ናይ ምውሳኽን ስራሕ፡ ድሕሪ ኣብ ማሕበር ተጠርኒፈ ዝወሰድክዎ ስልጠናን ዝረኸብክዎ ሞያዊ ምኽርን ደገፍን እየ ኣማዕቢለዮ።" ዝበለት ኤልሳ፡ ናብ ስነፍልጠታዊ ኣገባብ መፍረ ከም እተሰጋገረትን ምስ ካልኦት ሰለስተ ኣባላት ጉጅለ ብምፍጣር ካብ ዝተፈላለየ ኣእካል ዝዳለዉ ባሽኮትታት ከፍርያን፡ ፍርያተን ብዓይነትን ብዝሕን ክዕብያን ከም ዝኸኣላ ተዛሪባ።

ወ/ሮ ንግስቲ ሃብታይ ኣብ ምድላው ዝተቓመመ በርበረ፡ ሽሮን እንጣጢዕን እትነጥፍ ካልእ ኣባል ናይ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ኤርትራ'ያ። ናብ'ዚ ማሕበር ቅድሚ 3 ዓመት እያ ብመንገዲ የርዳኖስ ዝተባህለት ኣብ ጋሽ ባርካ ኣብ ሕርሻ በርበረ፡ ጣፍን ሽጉርትን እትነጥፍ ሓውታ ተጸንቢራ። ንሳ፡ "ቅድሚ ናብ'ዚ ማሕበር ምጽንባረይ፡ ኣብ ቤተይ ብውልቀይ በርበረን ሽሮን እናዳለኹ ናብ ዓማዊል ብምሻጥ እየ ዝናበር ነይረ። ብድሕሪኡ ግን ምስ ካልእ ናርዶስ ዝተባህለት ሓውተይ ኣባል ኮይና። ዝተፈላለየ ስልጠና ድሕሪ ምውሳድና፡ ዝነበረና ኣረኣእያ ብምስፍሑ ኑቲ ሽሮን በርበረን፡ ብዝተመሓየሸ ኣገባብ ከነመስርሖን ክብሪ ወሰኽ ብምግባር ዓሺግና ናብ ዓማዊል ክንሽጦን ክኢልና። ኣብ ሓጺር እዋን ዝዳሎ ፍሉይ ጥሑን ሽሮን ንህጻናት ብፍሉይ ዝተዳለወ ሽሮን ከምህዝ ክኢለ። ንፍርያትና ከኣ "የናን" ብዝብል ንግዳዊ መለለዪ ብምዕሻግ ኣብ ውሽጢን ወጻኢ ሃገርን ክንዝርግሕ ክኢልና ኣለና።" ክትብል ንረብሓ ብማሕበር ምጥርናፍ ኣረዲኣ።

እዘን ብማሕበር ዝተጠርነፋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንኩሎም ደገፍን ምትብባዕን ዝገበሩለን ትካላትን ውልቀሰባትን ብመንገዲ'ዛ መጽሔት ምስጋንአን ኣቕሪበን። ነዘን ሞያውያን ኣባላት ስለቲ ተገዳስነተንን ጻዕረንን እናመስገንኩ፡ ኣብ ቀጻሊ ስርሐን ዕቤትን ምዕባለን ይምነየለን።

ጥዕና

ክንክን ቅድመ ሕርሲ

ዶ/ር ሳምሶም ኣባይ

ክንክን ቅድመ ሕርሲ ሓንቲ ነፍሰጾር (ድቂ ዝሓዘት) ጓል ኣንስተይቲ ካብ መጀመርያ መዓልታት ጥንሳ ጀሚራ ቀድሚ ምሕራሳ ምስ በዓልቤታ ወይ መጻምድታ ናብ ትካል ጥዕና እንዳተመላለሰት እትከተታተሎ ኣካላዊ ስነኣእምራዊ ሕክምናዊን ክንክን እዩ፡፡

ዕላማ ክንክን ቅድሚን ሕርሲ **(Antenatal care)** ውሑስ ጥንስን ሕርሲን ንኽህሉ፥ ዘይተደሊየ ኣብ ኣደን ዕሸልን ከጋጥም ንዝኽእል ሓልኽታትን ሳዕቤናትን ብእጋ ንምክልኻልን ንምፋዋስን ዝሕግዝ ቅድመ ጥንሲ ክንክን ከተገብርን ንጥንስ ክትዳሎ ዝጸንሐት ኣደ ካብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጥንሲ ሒዘ ኣለኹ ኢላ ዝገመታ ወድማ ነጸረታ ጥንሲ ዘረጋገጽትላ መዓልቲ ናብ ኣብቀረበኣ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ትጅምሮን ኩነታትን ዕሽላን ሰበነታን እትፈልጠሉን ኣብትካል ጥዕን ንምሕራስ ትዳለወሉ ኣገባብ ሕክምና ማለት እዩ።

ኣብ ሃገርና ሽፈነ ክትትል ቅድመ ሕርሲ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ኣሎ እኳ ክንብል እንተደፈርና ሙልእ ብሙሉእ ኩለን ነፍሰ ጾራት ክንክን ቅድመ ሕርሲ ክገብራ ምጉስጓስን ምትብብዓን ቀጻሊ ዕማም ክኸውን ኣለዎ፡፡

ሓንቲ ንፍሰ ጾረ መዓስ እያ ነዚ ክንክን ትጅምሮ ኢልና ምስንሓትት ኣብ ዝጥዕማ ወይድማ ድሕሪ ኣዋርሕ ጥንሲ ምስሓዘት ዘይኮነ ኣብተን መጀመርያ መዓልትታት ወርሓዊ ጽግያታ ደው ዝበለሉ እዩ ክኸውን ዘለዎ፡ ካብዚ ምስትድንጉ ግን እቶም ወሰንቲ ኣካላት ስርዓተ መትኒ፣ ሓንጎልን ከምኡውን ልብን ደምሰራውርን ናይ ዝተጠንሰ ዕሽል ኣብ ውሽጥ 3-4 ሰሙናት ስለዝህነጹ ኣብዞም ስርዓተ ኣካላት ክፍጠር ዝኽእል ኣካላዊ ጉድለታት ንምክልኻሉ ኮነ ምፍዋሱ ስለዘይከኣል ነባሪ ስንክልና ዘልዎ ናጽላ ክውለድ ስለዝኽእል እቲ ዝበልጸ ኣማራጺ ንፍሰ ጾራት ክንክን ጥንሲ ቅድሚ ቀዳማይ ወርሒ ጥንሰን ምሕላፉ ክኸውን ኣለዎ።

ቅድሚ ሕርሲ ዝግበር ሕክምናዊ ኣግልግሎት ዘለዎ ረብሓ ብዙሕ ኣዩ። ንእብነት ምክልኻል ኣብ ግዜ ጥንሲ ዘጋጥም ምጉዳል ኣካል ዕሽል (congenital birth defect) ክኸውን ከሎ ፣

ድቂ ዘለዋ ኣደ ኣብ መጀመሪያ ሰሙናት ጥንሲ ብትገብሮ ምርመራ ኣልትራሳውንድ ዝግበር ዳህሳ ኣካልዊ ኩነታት ናይ ዕሽል ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ምግዳል ኣካላት ከም ገዚፍ ከፋት ዓንደሕቆ(spina bifida) ማይ ዝመልአ ሽከና ርእሲ (hydrocephalus)፣ ከቢድ ተፍጥራዊ ጉድለት ናይ ልቢ(severe cardiac malformation) ዝኣመሰሉ ንምሕካምም ኣጸጋሚ ዝኾኑን ዘልኣለማዊ ስንክልና ኣብቲ ዝውለድ ህጻን ክስዕቡ ዝኽእሉ ባህርያዊ ኣካል ምግዳል ናይ ዕሽላት ብሕክምማዊን ሕጋዊ መገድን ነቲ ጥንሲ ብምንጻል ከምዝእለይ ብምግባር ነታ ኣደ ካብ ዘየድሊ መጥባሕቲ ኣብ ግዜ ሕርስን ድሕር ሕርስን ዘሎ ሓልክታት ንምክልኻል ዝሕግዝ እዩ።

ነፍሰ ጾራት ናብ ትካል ጥዕና ብምኻደ ኮነ ወርሓዊ ሰብ ሞያ ጥዕና ናብ ምምሕዳር ከባቢታት ብዝገብርዎ ወፍሪ (outreach program) ስሩዕ ምርመራ ዕብየት ማህጽን ኣካልዊ ምዕባለ ናይ ዕሽል ብምክትታል ኣዳልዩ ሕክምናዊ ሓገዝ ብምግባር ኣዕጋቢ ዕብየት ናይ ዕሽለ ምርግጋጽ ስለዝከኣል ኩለን ነፍሰ ጾራት ኣንተወሓደ ሸሞንተ ጊዜ ናብ ትካል ጥዕና ክመላለሳ ኣለዋን።

ኣብ ቅድሚ ሕርሲ ብኣጋ ዝግበር መርመራ ደም ፣ ሓንቲ ነፍሰ ጾር ዓይነት ድማ ምስትፈልጥ እንታይ ዓይነት ቅድመ ምድላው ክትገብር ከምዘለዋ ስለዝሕበራ ምስ ኣር ኤች ነጋቲቭ ዓይነይ ደም ዝተሓላለዝ ነድሪ (RH isoimmunisation) ንዕሽል ኣብውሽጢ ማህጸን ከሎ ዘጋጥም ዋሕድ ደምን ሃንደበታዊ ሞትን ክንከላኸል ይከኣል። ደም ዓይነተን ኣር ኤች ነጋቲቭ (RH negative) ዝኾነ ነፍሰጾራት

ኣር ኤች ፖስቲቭ (RH positive) መጻድምቲ ምስ ዝህለውን እቲ ዕሽል ናይ ኣቡኡ ዓይነት ደም ምስህልዎ፣ ካብ ኣደ ብመገዲ ዕትብትን መዳሕንቲን ናብቲ ዕሽል ብዝሐልኹ ጸረ ኣር ች ፖስቴቭ ጸረ -ነብሲታት (antibodies) ተባሂሎም ዝጽውዑ ሃሰይቲ ቀመማት ንቀያሕቲ ወሃዮታት ናይቲ ዕሽል ብምሕቓቕ ሞት ዕሽል ዘስዕብ ሓልኪ ስለዝኾነ ኩለን ንፍሰጾራት ዓይነት ደመን ኣቀዲመን ክፈልጣ ኣለወን። እዚ ጸገም ነታ ኣደ ድሕሪ ሕሪስ ብዝወሃባ ኣንቲ ዲ ዝበሃል መድሃኒት (መርፍእ/ injection) ተመሳሳሊ ዓይነት ጸገም ኣብ ዝቕጽል ጥንስታት ንኸየጋጥም ንምክልኻሉ ዝቀለለ ይኸውን።



ብተወሳኺ ዓይነት ደመን ኦ(O) ዝኾና ኣደታት ኤ(A) ወይ ቢ(B) ዓይነት ደም ዘለዎ ናጽል ምስዝገላገላ ብሰንኪ ዘይምስምማዕ ዓይነት ደም ናይ ኣደን ዕሽልን ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣር ኤች ዝጠቐስናዮ መገዲ ክስዕብ ዝኽእል ምስብስባር ወሃዮታት ናይ ናጽላ ካብ ዋሕዲ ደም(Anemia) ስጋብ ሓደገኛ ስንክልናን ድስካል ሓንጎልን ክስዕብ ስለዝኽእል እዘን ኣደታት ድሕሪ ምሕራሰን ምብጫው የዒንቲ የእዳው የእጋርኒ ወይ ሙሉእ ስብነት ንይ ንጽላ ከየጋጥም ብዕቱብ ክከታተላን ነዚ ምስዝርኢያ ድማ ንቲ ናጻላ ናብ ቀረባ ትካል ጥዕና ብምውሳድ ግቡኡ ሕክምናዊ ክንክን ክረክብ ክገብራ ኣለውን።

ሕማም ሽኮሪያ ዘለዋ ኣደ ኣብ ጊዜ ጥንሳ ብትገብሮ መርመራ ሽኮርያ ንዘለዋ ሕማም ግቡእ መድሃኒትን ብምውሳድ መጠን ሽኮር ኣብ ደም ምስትቆጻጸር ኣብ ዕሽል ክወርድ ዝኽእል ስንክልና ልቢ (ክፉት ሽምብቆ ልቢ (congenital heart disease) ንምክልኻልን ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮሪያ (ጀስተሽናል ዲያበተስ/ gestational daibetes) ንምክላኻሉን ምፋዋሱን ዓቀን መጠን ሽኮር ደም ብስሩዕ መገዲ ምክትታል እገዳሲ እዩ።

ኣብ ቅድመ ሕርሲ ብዝግበር ምርመራ ረኽሲ ማህጸን ፍሕኛ ኮነ ስርዓት ሽንቲን ካልእ ኣካላት ሰብነት ኣደ ናብቲ ዝተጥንሰ ዕሽለ ብምምሕልላፍ ኣብ ዘይመዓልቱን ትሑት ሚዛን ዘለዎ ናጻል ንኸይውለድ ንምግባር ሓጋዝን ወሳኒ እዩ፡ ምኽንያቱ ትሑት ሚዛን ዘለዎን ኣብዘይመዓልቱ ዝተወልደ ናጽላ ኣብ መዕቆቢ ናጽላታት ኣደቂስካ ምሕካሙ ምዕባዩን ከቢድ ውጻኢታ ዝሓትት ስለዝኾነ። ነፍሰጾር ኣደ ብዝግበረላ ስሩዕ ምክትታል ጸቕጢ ደም ኣብ ግዜ ጥንሲ ዘጋጥም ክቱር ጸቕጢ ደም (preeclampsia/ eclampsia) ብሕልፊ ኣብ በኣር ነፍሰጾር ንምክልኻሉ ይሕግዝ።

ተጸመድቲ ኣብ ቀድመ ሕርሲ ብዝገብርዎ ምርመራ ተመሓላለፍቲ ሕምማት ከም በዓል ኤች.ኣይ.ቪ(HIV) ወይቦ ሲን(hepatitis C) ወይቦ ቢን(hepatitis B) ፍንጣጣን(syphilis) ምስህልዎም መድሃኒት ጸረ እዞም ቫይረሳ ብምውሳድ ናብቲ ዕሽል ንኸይመሓላለፍ ብምግባር ጥዑዩን ካብ ዘይተደልየ ነባሪ መልከፍቲ እዞም ሓደገኛ ሕማማት ነጻ ይገብሮ። ብሕልፊ ኤች ኣይ ቪ ካብ ኣደ ናብ ዕሽል ነኸይሓልፍ ንምግባሩ ንነፍሰጾራት መዳሃኒት ጸረ ኤች ኣይ ቪ ብምሃብን እቲ ዕሽል ምስተወልደ ብዝወሃብ መከላኸሊ መድሃኒት መልከፍቲ ናጻላታት ከነወግድ ንኽእል።

ኩለን ነፍሰጾራት ምርምራ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ስለዝግበረለን ኣብቲ ናጽላ ክስዕብ ስኽእል ዑረት፥ ሓበላ ዓይኒ፥ ምጽማም እዝኒን ነባሪ ስንክልና ህጻናት ምክልኻል ይከኣል።

ሕማም ምንፍራፋር ምፍዋስን ምቆጽ ጻርን ኣብ ቅድሚ ጥንሲ እዩ ክግበር ዘለዎ ኮይኑ ግን ኣብጊዜ ጠንሲ እውን ስሩዕ ዝኾነ ክትትል ቅድመ ሕርሲ ትገብር ነፍሰጾር ከጋጥማ ዝኽእል ምንፍርፋር ንኸይጋደድ ክግበር ዝከኣል እዩ። ኣብዚ ክንግንዘቦ ዝግባኣና ቅድሚ ምጥናሳ ሕማም ምንፍርፋር ዘይነበራ ነፍሰጾር ምስተንፈርፍር እዚ ሕማም ምንፍራፍር ዘይኮነ ብክቱር ጸቕጢ ደም ዝመጸ ስለዝኾነ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ዘድልዮ እዩ። ኣልኮላዊ መስተን ትስቲን ሽጋራ ተትከኽ ነፍሰጾር ጥዑይ ዕሽል ናይ ምውላዳ ዕድላ ጸቢብ ዝለዝከውን ኣብ ቅድመ ጥንሲ ንዘለዋ ወልፍታት ኣሎኮልን ሽጋራን ደው እንትዘይኣቢላቶ ጥንስቲ ምኺና ካብ ዝንገራ መዓልቲ ጀሚራ ደው ከትብል ኣለዋ።

ጥዑይ ህጻን ንምግልጋልን ሂወት ናቲ ቆሉዓ ብጥዕናዊ መዳይ ውሑስ ንምግባር እቲ ቀዳማይ ክንጸቕጠሉ ዘለና ነፍሰጾር ግቡእ ነብሰ ምክንኻን ክትገብር ነውሪ ከምዘኮን ነብሳ ንኽትእሊ ምሕጋዝን እዩ።

ንፍሰጾራት መኣዛዊ ምግቢ ክምገባ ምትብባዕን እምበር ብዙሕ ስለዝተመገባ እቲ ዕሽል ኣዝዩ ገዚፉ ከይከውን ብምስጋእ ነፍሰጾራት ኣመጋግባአን ከውሕዳ ፈረታት ከይበልዓ ምጉስጓስ ጌጋ እዩ። እኹል ምግቢ ዘይተመገበት ነፍሰጾር ድኽምትን ዓጸቦ ዘጥቅዓ ስለትኽውን ትሑት ሚዛን ዘለዎ ናጻላ ትወልድን ሲዒቡውን ኣብ ምጥባው እቲ ናጽላ ኣሉታዊ ጽልዋ ይህልዎ። ብተወሳኺ ነፍሰጾራት እኹል ዕረፍቲ ክገብራን ካብ እዝዩ ኣድካሚ ስራሕ ክቖጠባን ካብ ዘየድሊ ማሕበራዊ ጸቕጥታን ሃልክታን ነጻ ክንገብረን ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት እዩ ምኽንያቱ ኣብ ነፈሰጾራት ዝግበር ወፈሪን ክንክንን መሰረት መጻኢ ወልዶን ጥዑይ ሕብረተሰብን ስለዝኾነ።

ስለዚ ግቡእ ክትትል ቅድመ ጥንስን ሕርሲን ብምግባርን ኣብ ትካል ጥዕና ኣብ ትሕቲ በዓል ሞያ ሕክምና ብምሕራሰን መጠነ ሞት ኣደታትን ናጽላታትን ናብ ዝተሓተ መጠን ከንወርዶን ብስነኪ ሕርስን ጥንስን ትሓልፍ ትንፋስ ኣደን ናጽላን ንኸይህሉ ናይ ኩላትና ጻዕሪ ወሳኒ እዩ።

"ሓኪም ንቓንዛ ናይ ሕሙማት ዘይለምድ ክኸውን እለዎ!"

ዶክተር ሲሞና ካሕሱ

መርሃዊ ታደሰ

ንጹር ራኢ ዘለዋ ጓል 27 ዓመት መንእሰይ'ያ። ሓንቲ ካብቶም ኣብ ስርሖም ኣዝዩም ውፉያት ተባሂሎም ብኣብነት ዝጥቀሱ ሰራሕተኛታት'ያ። ንኾንቱ ዝጠፍእ ግዜን ገንዘብን የብላን። ኣብ ሞያኣ ዘለዋ ፍቕሪ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። ምስ ሰባት ዘለዋ ናይ ምርድዳእ መንፈስ'ውን ዝነኣድ'ዩ። ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻና እምበኣር ኣብታ ኣብ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ትርከብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከም መዲካል ዳይረክተር ኮይና ትሰርሕ ዘላ ዶክተር ሲሞና ካሕሱ'ያ ሰናይ ምክትታል።

- መዓስ ኢኺ ናብ ሳዋ ውሪድኪ?

ኣብ 2015 ዓመተ ምህረት'የ ምስ ኣባላት 29 ዙርያ ሃገራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ወሪደ።

- ቅድሚ ሳዋን ኣብ ሳዋን ድሕሪ ሳዋን ዝነበረ ውጺት ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርትኺ ከመይ ነይሩ?

ቅድሚ ሳዋ ኣብ ዝነበረ ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርተይ ጽቡቕ ነጥቢ'ዩ ነይሩኒ፡ ኣብ ሳዋ'ውን እንተኾነ 4 (ምሉእ ነጥቢ) ረኺበ'የ ናብ ሓፈሻዊ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታ ኣተየ። ኣብ ናይ ኮሎጅ ትምህርተይ ዘመዝገቦ ዝነበርኩ ነጥቢ'ውን ጽቡቕ'ዩ ነይሩ።

- እዚ ሕጂ በጺሕክዮ ዘለኺ ደረጃ ናይ መን ውጽኢት'ዩ?

ናይ ስድራቤተይ፡ ናይ መማህራነይ፡ ናይ ገዛእ ርእሰይ ውህሉል ጻዕርን ብዓብዩ ኸኣ ናይቲ ብነጻ ዘምሃረኒ ሕብረተ-ሰብይን መንግስተይን ውጺኢት'ዩ።

- ቆልዓ እንከለኺ ትብህግዮ ዝነበርኪ ሞያ እንታይ ነይሩ?

ምስ ቁጽርን ስነ-ቑመምን ፍሉይ ፍቕሪ ስለ ዝነበረኒ ሲቪላዊ ምህንድስና (civil engineering) ጸኒሐ ኸኣ ቀመማዊ ምህንድስና (chemical engineering) ናይ ምጽናዕ ባህጊ'ዩ ነይሩኒ።

- ብኸመይ ደኣ ናብ ዓውዲ ሕክምና ኣቲኺ?

Gifted hands, Ben Carson story እያ ናብ ዓውዲ ሕክምና ከም ዝዝንበል ገይራትኒ። እዛ ካብ ናይ ኣመሪካዊ ክኢላ መጥባሕቲ ርእሲ (Neurosurgeon) መጽሓፍ ዝተበገሰት ፊልም ምስ ርኣኹ'የ ንዓውዲ ሕክምና ዝያዳ ተገዳስነት ኣሕዲረሉ።

- ብዛዕባ ኣንታይ'ያ ትገልጽ?

እቲ ክኢላ መጥባሕቲ ርእሲ ንኽልተ ርእሶም ዝተላገቡ ህጻውንቲ ብመጥባሕቲ እናፈለዮም እንከሎ እተርኢ ፊልም'ያ።

- መዓስ ኢኺ ተመሪቕኪ?

ኣብ ሕዳር 2023 ዓምተ ምህረት'የ ብሓፈሻዊት ሓኪም ተመሪቐ።

- ናይ ሕክምና ትምህርትኺ ምስ ዛዘምኪ ኣበይ ክትምደቢ ትብህጊ ነይርኪ?

ብፍሉይ ዝብህጎ ቦታ ኣይነበረንን። እንተኾነ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ምምዳብ ግድን ስለ ዝኾነ ይርሓቕ ይቕረብ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ናይ ኤርትራ ኣብቲ ዝበጸሓኒ ተቐቢለ ክሰርሕ'ዩ ድለየት ነይሩኒ። ብመሰርት ዕጫይ ከኣ ኣብ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ በጺሑኒ። ኣብ ወርሒ መጋቢት 2023 ከኣ ብወግዒ ስርሓይ ጀሚረ።

- ከተማ ዓሰብን ህዝባን'ሞ ከመይ ረኺብክዮም?

ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ኣዝያ ጥዕምቲ'ያ። ህዝቢ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ድማ ብጣዕሚ ተቐባሊ ጋሻን ፍሑሹው ኣቃባብላ ዘለዎን ህዝቢ'ዩ። ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ብምምዳበይ ከኣ ነቲ ዞባ ክላለዮ ዕድል ረኺበ'የ። ብወገነይ ብጣዕሚ ጽቡቕ'የ ረኺብዮም።

- ንጺጋታት ባሕርና ይጥቀመሉ ኣለኹ ኢልኪ ዶ ትሓስቢ?

በታ ዘላትኒ ዝለዓለት ተኽእሎ ክጥቀመሉ እፍትን'የ። ኣብ ገምገም ባሕሪ እሰርሕ ስለ ዘለኹ ናይ ምሕንባስ ባህገይ ኣውጽእ'የ። እቲ ኩሉ ሰብ ዝብህጎ መግቢ ዓሳ'ውን እምገቦ'የ። ኣብ ገምገም ባሕሪ ኮፍ ኢለ'ውን ንጽባቐን ድምጺ ባሕርን ኣስተማቕሮ'የ። ኣብ ደሴት ሓሌብ እውን በጺሐ'የ።

- ምስ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ'ዶ ከተላልይና ምኽኣልኪ?

ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓንቲ ካብተን ሽዱሽተ ዞባታት ናይ ሃገርና ኮይና ብምዕራብን ደቡባዊ ምዕራብን ምስ ኢትዮጵያ፡ ብምብራቕን ብሰሜንን ምስ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሰሜናዊ ምዕራብ

ምስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ድማ ምስ ሪፓፐሊክ ጅቡቲ ትዳወብ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ዝቕመጥ ህዝቢ ዘለዋ ሃብታምን ስትራትጅካዊትን ዞባ'ያ።

-ኣብ ቋንቋ ዘለኪ ተገዳስነት ከመይ'ዩ?

ኣብ ቋንቋ እግደስ'የ። ከምቲ ዝድለ ግና ናብ ረብሓይ ኣየውዓልኩዎን ዘለኹ። ዝተፋላለዩ ቋንቋታት ብፍላይ ከኣ ዓለምለኻውያን ቋንቋታት ምምላኽ ኣዝዩ ወሳኒ ስለ ዝኾነ ኣበርቲዐ ክሰርሓሉ'የ።

- ዛጊት ትመልክዮም ቋንቋታት?

ትግርኛን ኢንግሊሽን።

- ትፈታትንዮም ከ?

ኣብ ቋንቋታት ትግረን ዓፋርን ነተን ኣብ ሕክምና ዘድልያኒ መራዳድኢ ቃላት መሊኸ ኣለኹ ቋንቋ ኣምሓርኛ ኸኣ እፈታትን'የ።

- ኣብ ከተማ ዓሰብ ከም መዲካል ዳሪክተር ኮይንኪ ኢኺ ትሰርሒ ዘለኺ'ም ምስ ዕማማት መዲካል ዳሪክተር ከተላልይና?

ምምሕዳር ኣባላት ናይታ ሆስፒታል፡ መደባት ምሕንጻጽን ንጥፈታት ናይታ ሆስፒታል ምግምጋምን ሪፖርት ምግባርን፡ ምስ ምምሕዳር ናይታ ሆሲፒታል ብምርድዳእ ድማ ጸገማት ናይ ሆስፒታል ምፍታሕ ገለ ካብ ዕማማት ሓደ መዲካል ዳሪክተር'ዮም።

- ዘይገበርክዎ ኢልኪ ትጠዓሰሉ ኣሎ ዶ?

ማዕረ ክንድኡ ዝጠዓሰሉ እኳ እንተዘይኮንኩ ናይ ሙዚቃን ቋንቋን ክእለተይ ዘየዕበኹ ኢለ ግና እሓስብ'የ። ብሕጂ'ውን ክገብሮም ስለ ዝኽእል ግና ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን።

- ንሞያ ሕክምና ካብ ካልኦት ሞያታት ዝፈልዮ ሮቛሒ እንታይ'ዩ?

እዚ ሞያ ብቐጥታ ምስታ ፈጺማ ዘይትትካእ ህይወት ደቂ ሰባት ዝተኣሳሰርን ልዑል ጥንቃቐን ስነ-ምግባርን ዝሓትት ዓውዲ ብምኳኑ'ዩ። እቲ ሓሚሙ ናብ ሕክምና ዝመጽእ ዘሎ ሰብ ንሓካይም ኣሚኑ'ዩ ህይወቱ ዘረክብ ዘሎ። ሞባይሉ ወይ ካልእ ዘጥረዮ ንብረቱ ኣይኮነን ንሓካይም ዘረክብ።

- ሓደ ሓኪም ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብሊ?

ሰብ-ኣውነት ዘለዎ፡ ንቓንዛ ናይ ሕሙማት ሰባት ዝይለምድ፡ ተገዲዱ ዘይኮነስ ካብ ውሽጡ ዝነቐለ ናይ ምሕጋዝ ባህሪ ዝውንን፡ ጌግኡ ዝእርም፡ ሓሳብ ናይ ካልኦት መሳርሕቱ ዝቕበልን ዝመምን፡ ወትሩ ፍልጠቱ ንምብራኽ ዘንብብን ጻዕርታት ዘካይድን ክኸውን ኣለዎ እብል።

- ካብ ስድራቤትኪ ናይ መን ባህርያት ኢኺ ሒዝኪ?

ኣቐዲምካ ዕትብቲ ኢኺ ኢልካኒ ነይርካ። ናይ ክልቲኣቶም ወለደይ ሕውስዋስ ባህሪ'ዩ ዘለኒ። ክልቲኦም ወለደይ ከኣ ኣዝዮም ዕቱባትን ሓላፍነታውያንን'ዮም።

- ኣብ ገዛኹም መን'ዩ ጸላዊ?

እቲ መሰረት ካብ ወለድና'ዩ ዝጅምር። ወለድና ዋላ'ኳ ናይ ኮሎጅ ምሩቓት ኣይኹኑ፡ ኣብ ምምእዛንና ግና ልዑል ተራ ተጻዊቶም'ዮም። ድሕሪ ስድራቤትና ኸኣ እቲ ዝዓበየ ኣባል ናይታ ስድራ ነቲ ዝነኣሰ እናጸለወ'ዩ ዝኸይድ። ኣነ ምንኣስ ቦኽሪ ስለ ዝኾንኩ ዓባይ ሓፍተይ ኣብ ኩሉ ጉዕዞይ ብኹሉ መደያታ እወታዊ ተራ ነይርዋን ኣለዋን ኣነን እቶም ትሕተይ ዘለዉ'ውን ብተማሳሳሊ።

- ኣሕዋትኪ ኣብ መዳይ ትምህርቲን ስራሕን ከመይ'ዮም?

ሳዋ ዝበጽሐ ኣባል ስድራቤትና ኮሎጅ ዘይኣተወ የብልናን። ሒጅ ውን ምስ 38 ዙርያ ሓደ ንሳዋ ዝወረደ ሓውና ኣሎ፡ ንሱ'ውን ኣሰርና ናብ ኮልጅ ዘእቱ ነጥቢ ከምጽእ ምኹኑ እምንቶ ኣለኒ። እቶም ዝተረፉ ክልተ ኸኣ ኣብ መባእታን ካልኣይ ደረጃን ዘለዉ ኮይኖም ንፉዓት'ዮም። ኣብ መዳይ ስራሕ ከኣ ሓቢርካ ናይ ምስራሕን ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስን'ዩ ዘለና።

- ምስ መሳርሕትኺ ኣብ ቦታ ስራሕ ብኸመይ ትጓዓዚ?

ዝያዳ መሳርሕትኻ ክገልጹኻ እንከለዉ'ዩ ጽቡቕ'ምበር ኣነስ ብህድኣትን ምርድድዳኣን'የ ምስ መሳርሕተይ ዝጓዓዝ በሃሊት'የ። መሳርሕተይ ዝበዝሑ መንእሰያት ኮይኖም ኩሎም ኣዝዮም ጥዑማትን ትጉሃትን'ዮም። ኩሉ ግዜ ክፈልጡን ክሰርሑን'ዮም ጻዕርታት ዘካይዱ።

- ኣብ ዓሰብ ካብ ትምደቢ ዝሃብክዮም ስልጠናታት ኣለዉ ዶ?

እወ ከም ኣብነት ንምጥቃስ ንኣባላት ማሕበር ሸኮርያ፡ ንኣባላት ሆስፒታል ዓሰብ፡ ንተገልገልቲ ሕክምና ዓሰብ...... ወዘተ ዝሃብክዎ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ነይሩ'ዩ።

- ከም ሰራሕተኛ መጠን ንስራሕ ብኸመይ ኢኺ ትገልጽዮ?

ንስራሕ ብብዙሕ መልክዓቱ ክትገልጾ ትኽእል ኢኻ። ብግዜ ክትገልጾ ትኽእል። ብኣፍራይነት ክትገልጾ ትኽእል። ብህላወ፥ ማለት ብኣካላውን መንፈሳውን ህላወ ክትገልጾ ትኽእል፡ ስለዚ ኣነ ብድምር ውጽኢት ናይዞም ክጠቐሶም ዝጸናሕኩ'የ ዝገልጾ። ምኽንያቱ ኣብ ሰዓትካ ኣቲኻ ዘይተፍሪ እንተደኣ ኮይንካ እንታይ ትርጉም ኣለዎ፡ ኣብ ዝኣተኻሉ ኣድማዒ ግና ደንጓይን ኣብኳርን እንተኾይንካ'ሞ ተገልጋሊ ትብድል ክሳብ ዝሃለኻ ስራሕካ እንታይ ጽባቐ ኣለዎ? ኣካልካ ኣብ ቦታ ስራሕ መንፈስካ ኣብ ካልእ እንተሎ ኸ እንታይ ኣድማዕነት ኣለዎ? ስለዚ ህላወ ስራሕተኛ+ምኽባር ግዜ ስራሕተኛ+ ኣፍራይነት => ዕዉት ስራሕ ኢለ'የ ኽገልጾ ዝመርጽ።

- ብወገንኪ ንፉዕ ስራሕተና ዝበሃል ከመይ ዝበለ'ዩ።

ብዘይ ኣፋላላይ ናይ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ እንዳን ቀቢላን ንኹሉ ብማዕረ ዘገልግል። ነቲ ዝሰርሓሉ ዘሎ ትካል ከም ቤቱ፡ ነቲ ዘገልግሎ ዘሎ ህዝቢ ኸኣ ከም ስድራቤቱ ዝርኢ፡ ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ብሕልና ዝሰርሕ፡ ንምዕባለ ዝጽዕር'ዩ ንፉዕ ስራሕተኛ ዝብሎ።

- ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዓሰብ መዲካል ዳሪክተር ኮይንኪ ክትሰርሒ ኢኺ ምስተባሃልኪ እንታይ ተሰሚዑኪ?

ምስ ደረጃ ናይ ዕድመይ ብምንጽጻርን ምስቲ እኹል ተመኩሮ ዘይጸንሓንን ነቲ ሓላፍነት ንኽቕበሎ ቅሩብ ከቢዱኒ ነይሩ። ብቐንዱ ቅድሚ መዲካል ዳሪክተር ኮይነ ክሰርሕ ምምዛዘይ ግና ከም ወኪል መዲካል ዳሪክተር ኮይነ እሰርሕ ብምጽናሐይ እቲ ስራሕ ኣይከበደንን። ምስ ምምሕዳር እናተራዳዳእና ኸኣ ነቲ ስራሕ ጽቡቕ'የ መሊኸዮ።

- ፍቓደኛ እንተደኣ ኮይንኪ ንሎሚ ብዛዕባ ሓደ ካብቶም ኣሰከፍቲ ሕማማት ዝበሃሉ ኣልዒልና ክንዛራረብ ምመረጽኩ?

ምስቲ ዘለኽዎ ቦታ ብምትሕሓዝ ብዛዕባ'ዚ ንጸላም ከብዲ ዘጥቅዕን ረኽሲ ጸላም ከብዲ ድማ ዘስዕብን ህፐታይስ ቢ ዝተሰምየ ቫይረስ ክዛረብ ምደለኹ።

- ብምንታይ'ዩ ዝመሓላለፍ?

ብፍንዉ ጾታዊ ርክብን በዚ ሕማም ናይ ዝተለኽፈ ሰብ ደም ብዝተጸየቑ በላሕቲ ነገራት ምስ ትጭንዳሕን ከምኡ ድማ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል እቲ ዕሸል ኣብ ውሽጢ ማህጸን እንከሎን ኣብ እዋን ወሊድን ክመሓላለፍ ይኽእል'ዩ።

- ነዚ ሕማም ኣዝዩ ኣሰካፊ ዝገብሮ እንታይ'ዩ።

ከም ኤች ኣይቪ ቫይረስ ብደም ስለ ዝመሓላለፍን ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ድማ ኣብ ውሽጢ ማህጸን እንከሎ ከይተረፈ ክመሓላለፍ ዝኽእልን ናብ ሕዱር ሕማም፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ናብ ሕማም መንሽሮ ዝምዕብልን ሓደገኛ ሕማም ብምዃኑ'ዩ።

- እንታይ ዓይነት ምልክታት'ዩ ዘለዎ?

ቃንዛ ኣብ የማናይ ከብዲ ብወገን ጸላም ከብዲ ትርከቦ ሸነኽ፡ ምብጫው ኣዒንትን ምብጫው ነብስን ብሓፈሻ ናይ ወይቦ እንብሎ ምልክት'ውን ይገብር'ዩ፡ እዚ ምልክት'ዚ ግና ኣብ ኩሎም በዚ ቫይረስ ዝተለኽፉ ሕሙማት ይርአ ማለት ኣይኮነን።

- ኣጋባብ ኣፋዋውሳኡ?

ናብ ሕዱር ሕማም እንተ ማዕቢሉ ንምፍዋሱ ኣሸጋሪ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ቀንዲ ጻዕሪ ኣብ ምክልኻሉ'ዩ። ስለዚ፡ ኣደታት ስሩዕ ምክትታል ጥንሲ ክገብራ ኣለወን። ሕዱር ሕማም ዘማዕበለ ሰብ ከኣ፡ መድሃኒት ዘድልዮ ደረጃ ክበጽሕ ስለ ዝኽእል፡ ግቡእ ምክታል ክገብር ኣለዎ።

-ናይ መጻኢ መደባትኪ?

ክኢላ ናይ ህጻውንቲ ሓኪም ምዃን'ዩ።

ኣብ መዛዘሚ ትብልዮ እንተሎ?

ዝኾነ ሰብ እንተደኣ ጽዒሩ ኣብ ዝደለዮ ክበጽሕ ከም ዝኽእል'የ ዝኣምን። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኸኣ ንናይ ሎሚ ተማሃሮ ኣድህበኦም ኣብ ትምህርትን ሞያን ገይሮም፡ ካብ ጎዳእቲ ወልፍታትን ልምድታትን ርሒቖም ነብሶም ከማዕብሉ ከዘኻኽሮም እደሊ።

ዶ/ር ሲሞና ካሕሱ ምስ ስድራቤታ

ሕግን ሕብረተሰብን

ካብ ሕግታት "ቤት ገደፍ" እንቐስሞ!

ሚኪኤል ጸጋይ

ካብ ሕግታት "ቤት ገደፍ" እንግንዘቦ ቅድሚ ምጥቃስ፡ "ቤት ገደፍ" እንታይ ምኻኑ ክንርኢ።

በዓልቲ ሓዳር ምስ በዓል ቤታ ብዘይምስናያ ሕጋዊ መስርሕ ከይተኸተለት ቤታ ገዲፋ ብዝወጽኣት 'ቤት ገደፍ' ዝብል ውሳነ ይወሃባ ነበረ። በዓልቲ ቤት፡ ቤት ሓዲጋ ኣብ ትኸደሉ ነቲ ምስሕሓብ መሊሱ ዘጋፍሕ፡ "ካብ

ገዝኣ ወጺኣኽ ምስ መን ሓዲራ፧" ዝብል ሕቶ ዘልዕል ብምንባሩ፡ ቤት ገደፍ፡ ገዝኣ ምግዳፋ ተመዝማዚ ምግፋፍ መሰላታ የስዕበላ ነይሩ።

ስለዚ ሕግታት እንዳባ፡ ኣብ እዋን ግጭት ብቕዳምነት ድሕነት ህይወት ናይታ ጓለንስተይቲ ሓለዋ ዝገብሩ፡ ኣብ ተኣማንነታ ምጥርጣር ከይህሉ ዝከላኸሉ፡ ከምኡ'ውን ግጭት ተፈቲሑ ሓዳር ዝቕጽለሉ እንተዘይተኻኢሉ ከኣ ሕጋዊ ፍትሕ ዝፍጸመሉ ድንጋጋታት ነይሮዎም።

ብብኸባቢኡም ተጸሒፎም ዝነበሩ ሕግታት እንዳባ፡-

"ሰበይቲ ዋላ'ኳ እንተተበደለት ቤታ ገዲፋ ኣይትኺድ፡ ንሰብኣያ ድኣ ቤተሰበይ ጸወዓለይ ኢላ መዓልቲ ትቋጸር'ምበር" ኣብ ዝብል መትከል ወይ መምርሒ ዝተሰረቱ ነበሩ።

እንተኾነ እቶም ሕግታት በዓል ቤታ ከሃርማ ዝደሊ ወይ ዘፈራርሓ እንተኾይኑ ትም ኢላ ክትህረምን ኣካላዊ መጕዳእቲ ክበጽሓን ዕድል ዝህቡ ኣይነበሩን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እታ ካብ በዓልቤታ ዝሰግኣት፡ ካብ ቤታ ወጺኣ ኣብ እንዳ ሓሙታ (ሓው ሰብኣያ) ክትዕቆብ ትኽእል ነበረት። ንሓሙታ ዘይትኣምኖ ወይ ካብ ሰብኣያ ከናግፉ ከም ዘይክእል እንተገሚታ ምስ ሓሙኣን ሓማታን ክትጸንሕ ፍቑድ ነበረ። ኣብ ኣበ-ነብሳ (ቐሻ) ክትዕቆብ'ውን ካልእ ኣማራጺ ነይሩዋ። ናብ ጐረቤት ወይ ካልእ ጓና ብዝኸደት እቲ ዝመጽኣቶ ሰብ ብኡንብኡ ናብዞም ዝተጠቕሱ መቕርባ ክወስዳ ግዴታ ነይርዎ። ኣብዞም ኣማራጺታት ዝሓደረት በዓልቲ ሓዳር ኣብ ቤታ ከም ዝሓደረት'ምበር 'ቤት ገደፍ' ኣይትበሃልን ነበረት።

ኣብዞም ዝተዘርዘሩ ሰባት ክትዕቆብ ዕድል ዝሰኣነት በዓልቲ ሓዳር ናብ ጭቃ ዓዲ (ኣመሓዳሪ ዓዲ) ክትከይድ ትኽእል። ጭቃ ዓዲ፡ ንበዓል ቤታ ጸዊዑ ወይ ረኺቡ፡ 'ቤተሰባ ጸውዓላ' ይብሎ ወይ ዋሕስ በትሪ (ከይሃርማ ዝዋሓሳ) ኣትኪሉ ናብ ገዝኣ ተመሊሳ ከም ትሓድር ይገብር።

ሰብኣይ ናብ ገዝኣ ክትኣቱ 'ተዘይፈቒዱ ወይ ከኣ ዋሕስ በትሪ 'ተዘይተኺሉ፡ ትእዛዝ ጭቃ ብምግሃሱ መቕጻዕቲ ይስዕቦ'ሞ፡ እታ ሰበይቲ ኣብ ገዛ እንዳ ጭቃ ተዓቝባ ክትሓድር ዝተሓገገ ነበረ። ኣብ ገዛ ጭቃ ዓዲ ትሓድረሉ ኣገባብ'ውን ጽሑፍ'ዩ ነይሩ፡-

ኣብ ጭቓ ዓዲ ዝተዓቖበት ሰበይቲ ኣብ ውሽጢ ገዝኡ ማለት ምስ በዓልቲ ቤት ናይቲ ጭቃ ክትድቅስ፡ ጭቃ ዓዲ ከኣ ኣብ ገበላ ክሓድር ዝተደንገገ'ዩ።

እታ ዝተዓቖበትን ሰ'ይቲ ጭቃን ኣብ ሓደ ንእዲ ይድቅሳ።

ዝተዓቖበት ሰበይቲ ብጸግዒ፡ ሰበይቲ ጭቃ ከኣ ብወሰን ንእዲ ትድቅስ።

ድሕር'ዚ ጭቃ ዓዲ ነታ ዕቑብቲ ቤተ-ሰባ ይጽውዓላ። ስድራቤት ናይታ በዓልቲ ሓዳር ጻውዒት ጭቃ ብዝበጽሖም መጺኦም ናይታ ኣብ ጸገም እትርከብ ጓሎም ወይ ሓብቶም ጉዳይ መርሚሮም ጓሎም ዝበደለቶ እንተልዩ ወይ ዝተወጸዓቶ ፈሊጦም እቲ ግርጭት ናብ ዕርቂ እንተዘይተኻኢሉ ከኣ ናብ ፍትሕ የምርሑ። ዝተፈትሐት ከኣ ሕጊ ዘፍቅደላ መሰላ ሒዛ ትፍለ ነበረት።

ካብዚ መስርሕ'ዚ ወጺኣ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ብሕልፊ ከኣ ንሰብኣያ ኣግዲዓን ብንዕቀትበዲላን ገዝኣ ገዲፋ ዝኸደት ግን "ቤት ገደፍ" ተባሂላ ብዝኸደቶ ኣይትምለስን፡ ወርቃን ከብታን ከኣ ትውረስ ነበረት።

ካብዚ ስርዓት ሕጊ'ዚ እንረኽቦ ገለ ሕጋውን ሞራላውን ትምህርቲ ኣሎ፡-

ብወገን ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ “ኣይተሰማማዕናን” ብዝብል ምኽንያት ገዛኻ ገዲፍካ ምውጻእ ነቲ ክእለ ዝኽእል ግጭት ስለዝሓላልኽ ዕርቂ ኮነ ምፍልላይ ብቅቡል መስርሕ ክኸውን ከም ዝግባእን ሓዳር ስርሕ ፍንጥሕ ከም ዘይኮነን የገንዝብ።

መጻምድቲ ብዝፍጽምዎ ህውኸን ስምዒታውን ስጉምቲ ስድራቤት ብቐሊል ክይፈርስ እወታዊ ኣልያ ቤተሰብን ኣመሓደርትን ከም ዘድሊ’ውን ንርዳእ።

ማሕበረ-ሰባት ህይወት ዘድሕናሉ ኮነ ሓዳር ዝዕቅበሉ ኣገባባት ኣዋዲደን ንግጭት ብሰላም ናይ ምዕራፍ ብቕዓት ከምዝነበረን የርእየና። ስለዚ ከኣ ብስም ዘበናውነት ወይ ማሕበራዊ ለውጢ ዝጸንሑ ኣገባባት ናብራ ኣብ ንልውጠሉ እዋን ምስቲ ለውጢ ዝመጽኡ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ለውጥታት ገለ ምድላዋት ወይ መተካእታታት ክንገብረሎም የዘኻኽረና። ንኣብነት መጻምድትቲ ኣብ ዝጋጨወሉ ብፍላይ ወዲተባዕታይ ንመጻምድቱ ኣብ ዘሰግኣሉ፡ እዚ ኣብ ሕጊ “ቤት ገደፍ” ዝረኣናዮ፡ ሓዳርን ህይወት ዓልኣንስተይትን ናይ ምድሓን መስርሕ ኣብዚ እዋን’ዚ ብኸመይ ይተሓዝ ኣሎ፡ ሎሚ ዋላ እቲ ናይ ዓድታት ምምሕዳራት ናይ ቢሮክራሲ ጠባይ ስለዝሓዘ (ሕጂ ጭቃ ዓዲ የለን) ተገልገልቲ ኣብ ዝኾነ ሰዓትን ዕለትን ንዘጋጥሞም ጸገማት ህጹጽ መከላኸልን ዋሕስን ክረኽቡ ዝሕግዝ’ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብ ወከፍ ህድሞስ ይትረፍ፡ ኣብ ወከፍ ዓዲ ፖሊስ ክህሉ ከኣ ኣይተኻእለን። ስለዚ ናይ ሽማግለታት፡ ናይ ኮማዊ ፖሊስ ወይ ካልእ ብሄራትና ዝነበረን ናይ ሕግን ስርዓትን ያታዊ ትካላት ምብርባር ዘደሊ ከይከውን ክሕሰበሉ ይግባእ።

“ቤት ገደፍ” ኣብ ደቀንስትዮ ጥራይ ዝተወሰነሉ ምኽንያት ምናልባት መሪርዋን “ተገፊዕ” ኢላን ቤታ እትገድፍ ጓልኣንስተይቲ ብምንባራ ክኸውን ይኽእል’ዩ። እንተኾነ ሓዳር ገዲፍካ ንሓጺር እዋን ኮነ ንነዊሕ እዋን ምኹብላል ብደቂተባዕትዮ’ውን ስለዝርአ ዘይሻራዊ ሕጊ ከም ዘድሊ የገንዝበና።

በዓል ጉዳይ ክቡር ምኧኑ፡ በዓል-መዚ ኮነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ከኣ ንነብሱ ከም ኣገልጋሊ ህዝቢ ክወስዳ’ውን የዘኻኽረና። (ውቕባ ዝሓተት ሰበይቲ ኣብ ውሽጢ ገዛ ክትሓድር፡ ኣመሓዳሪ ከኣ ኣብ ገዛእ ቤቱ ኣብ ገበላ ዝድቅሰሉ ኣገባብ በዓል ጉዳይ ክሳብ ክንደይ ብኽብሪ ከም ዝተሓዝ ይምህረና።) እዚ ከኣ ሎሚ ኣብ ምሕደራን ምግልጋል ህዝብን ተመዚዞም ዘለው እንተወሓደ ንበዓል ጉዳይ ብኽብረት ኮፍ ኣቢሎም ጽን ኢሎም ክሰምዕዎ፡ ብሃናጺ ቃላት ከረድእዎ፡ ክመኽሩን ክዓርቁን ብሓጺሩ ስሉጥ ኣገልግሎት ምሃብ መሰል ሰብ ምኧኑ ክግንዘቡ ዘኽእሎም ሕጋውን ኤቲካውን (ሞራላውን) ትምህርቲ ክወሃቦምን ዕለታዊ ንጥፈታቶም እናተገምገመ ሕጽረታቶም ክእረም ከም ዝግባእ የገንዝብ።

ምስላ፦ ቤት ገደፍ፡ ዑፍ ነደፍ!

ሞባይል ሰሪ ናይ ሓንጎል ጥረ ክኾና ከምዝኽእላ ተገሊጹ

ተንቀሳቓሲቲ ቴለፎናት ሰሪ ናይ ሓንጎል ጥረ ክኾና ከምዝኽእላ ኢጣልያውያን ክኢላታት ገሊጾም። ንሳቶም ነዚ ዝገለጹ፡ ናይ ሓንጎል ጥረ ዘማዕበል ዜጋ’ታ ሃገር ጠንቂ ሕማሙ ብክኢላታት ምስ ተጻረየ፡ እቲ ኢጣልያዊ ንነዊሕ ሰዓታት ሞባልይ ይጥቀም ስለዝነበረ ምኧኑ ዝገልጽ ውጽኢት ብምርካቡ’ዩ።

ኣብ ንግዲ ዓለም ዝተዋፈረ ማርኮሊኒ ዝተባህለ ወዲ 60 ዓመት ኢጣልያዊ፡ ናይ ሓንጎል ጥረ ክሓምም ዝኽኣለ ኣብ ስራሑ ን12 ዓመታት ዝኣክል ኣብ መዓልቲ ንሽዱሽተ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀም ስለዘነበረ ምኧኑ ነቲ መርመራ ዘካየድዎ ክኢላታት ገሊጾም።



ንሳቶም፡ ኣብቲ ዘቕረብዎ መርትዖታቶም፡ ካብ ሞባይል ዝወጽእ ጸርጊ ኤሌክትሮ ማኘቲክ ንናይ ሓንጎል ዋህዮታት ከምዘዕኑ ጠቒሶምዎ፡ ማርኮኒ ክሕማም ዝኽኣለ ብዘይ ምቁራጽ ን12 ዓመታት ኣብ መዓልቲ ሽዱሽተ ሰዓታት ብሞባይል ይዘራረብ ስለዝነበረ ምኧኑ ኣብሪሆም።

ማርኮኒ ንውጺኢት ናይቲ መጽናዕቲ ምሉእ ብምሉእ ብቕባል፡ ጠንቂ ሕማሙ ንነውሕ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀም ስለዝነበረ ምኧኑ ንኹሉ ሰብ ክንገሮ ከምዘለዎ ብምምልካት፡ ብዘይ ዕረፍቲ ሞባይል ዝጥቀሙ ደቂ ዘለውዎም ወለዲ ድማ ደቆም ኣብ ሓደጋ ከም ዘለዎ ክፈልጡ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ኢድሓኑት ሳሙኤል

ማህደር ታሪኽ

ቀይሕ ሰራዊት

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

ሓበሬታ፤ እዛ ጽሕፍቲ፡ ኣቐዲማ ብ31 ጥቅምቲ 2025 ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሕታም መበል 35 ዓመት ቑ/52 ዓምዲ ማህደር ጀጋኑ ወጺኣ ነይራ። ኣብኡ ዝጎደለ ሓበሬታ ስለ ዝነበራ ሕጂ ግን ንኹሉ ኣማሊኣ ትቐርብ ኣላ።

ኣብ ግዜ ሰውራ፡ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ዘይተጸንበረቶ ክፍሊ ኣይነበረን። ኣብ ገለ ኣካላት ውድብ'ሞ ከኣ፡ ደቀንስትዮ ይዕብልላ ነይረን። ወድተባዕተይ ዘይብሉ ብደቀንስትዮ ጥራይ ዝቖመ ሰራዊት ነይሩ እንተበልናኸ ንኣንባባይ ይሕድሶ ይኸውን፧

እቲ ግዜ፡ ኣብ 1981 እዩ። ሓንቲ ብ“ቀይሕ ሰራዊት” ትጽዋዕ ሓይሊ ኣብ ድሕሪ መስመር (ዞባ ደቡብ) ትንቀሳቐስ ነበረት። ሓይሊ “ቀይሕ ሰራዊት” ብደቀንስትዮ ጥራይ ዝቖመት ኣሃዱ ኮይና፡ እቲ መጸውዒ ንባዕሉ ርዝነት ዘለዎ ስም'ዩ። ኣብ መስርሕ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ፡ “ቀይሕ” ንመስዋእትን ሓርበኝነትን'ዩ ዝውክል። እዚ ኣምር'ዚ ኣብ ሰውራታት ማሕበርነታዊ ደንበ'ውን ግኡን ነበረ። ኣብ ታሪኽ ዴሳዊ ሰልፊ ሕብረት ሶቬት (ቦልሸቪካውያን) ከምኡ'ውን ምስ ተመኩሮ ሰውራ ቻይናን ቬትናምን ኣብ ዝተተሓሓዙ መጻሕፍቲ ብዛዕባ ቀይሕ ሰራዊትን ጻዕዳ ሰራዊትን ብዙሕ ተባሂሎም'ዮም።

ቀይሕ ሰራዊት ቻይና፡ ካብ 1934 ክሳብ 1935 ኣሽሓት ኪሎሜተራት (long march) ኣዝሊቑ፡ ብናይ ኮሚንታንግ ሰራዊት ካብ ምድምሳስ ድሒኑ እዩ። እቲ ኣብ 1978 ንሰውራ ኤርትራ ዘጋጠሞ ኵነት'ውን፡ ምስ ቀይሕ ሰራዊት ቻይና ዘመሳስሎ ረቛሒታት ነይሩዎ። ንዓርሞሸሽ ጸላኢኻ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ ተገቲርካ ምጽባይ ውጽኢቱ ንረብሓ ሰውራ ከም ዘይኮነ ስለ ዝተገምገመ፡ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ወሲዱ። እታ ደቀንስትዮ ጥራይ ዝኣባላታ ሓይሊ ቀይሕ ሰራዊት ኤርትራ፡ ድሕሪ ምዝላቕ (ዓመተ 1978) ቍሩብ ጸኒሓ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ተመስረተት። ኣብቲ መድረኽ'ቲ፡ ሞራል ሰራዊትን ህዝብን ንምዕቃብ፡ መጻሕፍቲ ታሪኽ ቀይሕ ሰራዊት ቻይና ከም ሞዴል (ኣርኣያ) መነሳሳሲ ኣገልጊሉ እዩ። ቻይናዊ ማሕበርነታዊ ቀይሕ ሰራዊት፡ ካብ ከበባ ወጺኡ ኣሽሓት ኪሎሜተራት ኣዝሊቑ ናብ ሁናን ዝተባህለት ኣውራጃ ድሕሪ ምዝላቑ ዓወት ክጎናጸፍ ከም ዝኸኣለ ይንገር ነይሩ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር'ውን ኣብ መስርሕ ምዝላቕ ንጸላኢ ኣዳኺሙ ካብ ምክልኻል ናብ መጥቃዕቲ ክሰጋገር ምዕዋቱ ዘይተርፍ ምኳኑን ተስፋን ብርሃንን እናተራእዮ ክዋጋእ ነይሩዎ። እቲ ንኣሃዱ ሰራዊት ደቀንስትዮ ህዝባዊ ግንባር ዝተዋህባ መጸውዒ'ምበኣር ኣብ ከምዚ ዝበለ ውዕዉዕ መድረኽ ስለ ዝነበረ፡ ምስኡ ምትእስሳር ኣለዎ።

ቀይሕ ሰራዊት ደቀንስትዮ ኤርትራ ብዕላማ'ዩ ተመስሪቱ። ከም ዝፍለጥ፡ ቅድሚ ህዝባዊ ሓይልታት መሓውራታ ኣብ ከበሳ ከተስፍሕ ምጅማራ፡ ደርባዊ ኣቃውማ ገጠራት ኤርትራ መስፍናውን ንመሰል ደቀንስትዮ ዝጎሰየን ነበረ። ባህልን ልምድን'ቲ ሕብረተሰብ፡ ንደቀንስትዮ ኣብ ማሕበራዊ ሕቶታትን ፖለቲካዊ ስልጣናትን የሳትፍ ኣይነበረን።

ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ መወዳእታ 1976 መጀመርያ 1977 ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዝተቖጻጸረቶ ከባቢታት ዝነብር ህዝቢ ወደበቶ። ደቀንስትዮ'ውን ኣብ ዋህዮታት ተወዲበን ኣብ ብዙሕ ንጥፈታት ተዋስኣ። ግን ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ ባህሊ ኣብ ባይቶ ንኸይወጽኣ ክልተ ዓበይቲ ጸገማት ተገቲሩ ዓገተ። እቲ ሓደ፡ ምሕደራ ኣብ ኢድ ዳኛ ወይ ጭቃ ዓዲ ስለ ዝነበረ መስፍናዊ ባህሪ ከኣ ስለ ዝነበሮ ነቲ ሰውራ ዝፈጠሮ ማዕበላዊ ለውጢ ዓጋቲ ኮይኑ ተረኺበ። ነዚ ዕንቅፋት'ዚ ንምስባር'ምበኣር ኩላቶም ማሕበራዊ ሓይልታት ዝሳተፉዎ ምሕደራ ክቖውም ናይ ግድን ኮይኑ።

ኣቶ ስመረ በየን 1981 ሓላፊ ክፍሊ ዞባዊ ምምሕዳር ገጠር ዞባ ደቡብ

እቲ ካልኣይ ጸገም፡ ዝበዝሐ ነባሪ ሓንቲ ዓዲ መሬት ይውንን ኣይነበረን። መሬት፡ ኣብ ኢድ ውሑዳት ደቂ ዓዲ'ዩ ዝነበረ። እዚ'ውን ክስተኻኸል ስለ ዝነበሮ፡ መጀመርታ ኣብ ምሕደራ ናይቲ ዓዲ ኮም ወይ ከኣ ህዝባዊ ሽማግለ ዝበሃል ከም ዝቐውም ተገብረ። እዚ ኣገባብ'ዚ ንኹሎም ማሕበራዊ ሓይልታት ከም ዝውክል ስለ ዝተገብረ፡ ካብተን ንጡፋት ሓፋሽ ውድባት ደቀንስትዮ ክጽንበራኦ ባይታ ከፈተ። ይኹም'ምበር፡ ህዝቢ'ውን ካብ መስፍናዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዘይተናገፈ መጀመርታ ቀጥታ ክቕበለን ኣይከኣለን። ደቀንስትዮ ካብ ስራሕ ክሽነ ሓሊፈን፡ ኣብ ባይቶን ኣኼባታትን ወጺአን ክዛረባን ከማሓድራን ኣይክእላን'የን ዝብል እምነት ስለ ዝነበሮ፡ ተቓዊሙወን ነይሩ። ብወገን ክፍሊ ምምሕዳራት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ ነዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ንምቕያር፡ ኣብ ውሽጢ ወሃዮታት ጎስጓሳት ተኻይዱ። ጓለንስተይቲ ኣብ ፖለቲካ ጥራይ ዘይኮነ እንከላይ ኣብ ምሕደራ፡ ኣብ ቍጠባዊ ህይወትን ማእቶትን ... መሪሕ ቦታ ሒዛ ክትሳተፍ ከም ዘለዋ ጎስጓስ ተኻይዱ፤ ኣብ ምርጫታት ዓዲ ከም ዝኣትዋ'ውን ተገይሩ። ንሓንቲ ዓዲ ከም መርኣያ ብምውሳድ፡ ኣብኣ ከም ናይ ፍርድን ተሓዝቲ ገንዘብን ኮይነን

ዝተመርጸ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ህዝቢ ዘይተጸበዮ ዓቢ ለውጢ ክርእያ ክኢለን። እቶም ተሪርም ዝቃወሙ ዝነበሩ ኣቦታትን ደያኑ ዓድን ከኣ፡ በቲ ውጽኢት ተመሲጦ'ሞ፡ ይቕረታ ሓተቱን ዝጸንሑም ግጉይ ኣጠማምታኦም ኣረሙን።

ካብ 1977 ክሳብ 1978 ኣብ ዝመጽአ

ኣባል ቀይሕ ሰራዊት ኾት ሰለሙን (ጓል ሰሌ)

ምዕባለ ከኣ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ማዕረ ደቂተባዕትዮ ከበርክታ ከም ዝኽእላ ተረጋጊጸን ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ረኺባን። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ምርጫታት ባይቶ፡ ኣብ ጉዳይ መሬት'ውን ማዕርነተን ተሓልዩ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ከም ዝወሰዳ ተገብረ።

ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ብወገኑ፡ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ደቀንስትዮ ዝመጽአ ለውጢ ብምግምጋም፡ ሕጂ'ውን ካብቲ ዝተበጽሐ ምዕባለ ዝያዳ ንቕድሚት ንምድራኽ ሰርሐ። ደቀንስትዮ ብዘይ ደገፍ ደቂ ተባዕትዮ በይነን ክነጥፋ ኣይክእላን'የን ዝብል ኣተሓሳስባ'ውን ክሕጸብ ስለ ዝነበሮ፡ ተወሳኺ መደብ ኣውጽአ። በዚ መሰረት፡ ኣብ መጋቢት 1981 ኣቢሉ፡ ገለ 300 ዝኾና ደቀንስትዮ ናብ ማራት ልኢኹ ኣብ ታዕሊም ኣእተወ። ኣብ መንጎ'ዚኦን ኣስታት 90 ዝኾና ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ብምዃን ክነጥፋ ዝጸንሓ እየን። ታዕሊም ምስ ወድኣ ከኣ፡ እተን ብሓፋሽ ውድባት ኣቢለን ናብ ታዕሊም ዝተላእካን ንመደብ ቀይሕ ሰራዊት ከዐውታ ዝኽእላን ተመሪጸን ተወስዳ። ሓንቲ ናይ ሓይልታት ተመኩሮ ዝነበራ ምሕረት በየነ (ልዓት ሽጉጥ) ዝተባህለት ተጋዳሊት ካብ ቦጦሎኒ-1 ብርጌድ 80 ተሳሒባ ነቲ ዝቐውም ሓይሊ ከም ትመርሖ ተገብረ። ኣብ መሳርዕን ክልተ ጋንታታትን ብግቡእ ተወዲበን ከኣ ብቅርጺ ተዋጋኢ ሰራዊት ቆማ። ካብ መራሕቲ ጋንታታት'ውን ህይወትን ለምለምን ዝበሃላ ነበራኦን።

ቀይሕ ሰራዊት ኣብ ምዕጣቕ፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ምስ ኣብቲ ዞባ ዝነበረ ክፍሊ ኣጽዋር ውድብ ተረዳዲኡ፡ ኣዳልዩለን ጸንሐ። መጀመርታ ዝዓጠቓኦ ብረት ቺኪ ዝበሃላ ዓይነት ነበራ። ዝበዝሐ ካብተን ዓይነት ብረት ኣብ ዓውደ-ውግእ ዝተመንዝዓ ሓደስቲ እየን። ግን ብሰንኪ ኣበራተን ተመርጽቲ ኣይነበራን።

ዓቕሚ ሰብ ቀይሕ ሰራዊት 230 ይበጽሕ። ኣዘውቲረን ዝንቀሳቐሳሉ ዝነበራ ከባቢ፤ ጽልማ፡ ጉሕጭዓ፡ ከባቢ ዓዲ ቀይሕ፡ ዓላን ሃዞሞን'ዩ። ብፍላይ ኣብ መረታ ቀያሕቲ፡ ሓረን ገደለ፡ ሓልሓለ፡ ደቀጽንዓ ኣዘውቲረን ይማላለሳኦ ነበራ። እቲ ዝነውሐ ጉዕዞ፡ መንገዲ ሃዞሞ (ጸሮና) እዩ። ንምዕራብ ከኣ ክሳብ ከባቢታት ማይዱማ ይወርዳ ነበራ። ብተወሳኺ፡ ብኽፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ብኻልኦት ኣካላት ውድብን ኣብ ዝተዓደመ

ኣባል ቀይሕ ሰራዊት ተጋ.ት ጓል ጎፋር

ነፍሲ ወከፍ ህዝባዊ ኣኼባታት ይዕጅባን ይሳተፋን ነበራ።

ኣብ ታሪኽ ውግኣትን ኲናትን ዓለምና፡ ምስ ዓይነት ተሳትፎን ተወፋይነትን ደቀንስትዮ ኤርትራ ዝዳረግ የለን፡ ወይ ሒደት ምዃኑ'ዩ ዝንገር። ብፍላይ ከምዚ ናይ ሓይሊ ቀይሕ ሰራዊት፡ ብዘይ ደቂ ተባዕትዮ

ኣባል ቀይሕ ሰራዊት ተጋ.ኑቢያት

ኩሉ ዋኒነን ኣጻጊዐን ናብ ዓውደ-ውግእ ዝወፈራ ኣብ ዓለምና ዘሎ ኣይመስለንን። ኣብ ኩባ፡ ውሽጣዊ ሃገራዊ ጸጥታ ንምዅባር ብ1980ታት ክሳብ 2-ሚልዮን ዕጡቓት ደቀንስትዮ ነይረን'ኳ እንተኾና፣ ግን እዚኣተን'ውን ምልሻ ሰራዊት'የን። ከም ቀይሕ ሰራዊት ኤርትራ ጨርቀን ጠውየን በረኻ ብምሕዳር ብሓንቲ ፊስካ ኣንጻር ዘመናዊ ሰራዊት ብድሎ ክገጥማ ዝኽእላ ኣይኮናን።

ቀይሕ ሰራዊት፡ ኣብ ከበሳ ዝነበረ ካልእ ኣሃዱታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ.ንምህራም ናብ ባርካ ወሪዱ ስለ ዝነበረ፡ ምስ ኣብ ድሕሪ መስመር ዝንቀሳቐሱ ክፍልታት ውድብ ተወሃሂደን ይሰርሓ ነበራ። ቀንዲ ዕማም ቀይሕ ሰራዊት፡ ንዝንቀሳቐስ ንብረትን ኣካላት ውድብን ተኣፋፊ ከባቢታት ዓጂብካ ምንቅስቓስ'ዩ። ካብ ምዕራብ ናብ ደቡብን ምብራቕን፡ ወይ ብኣንጻሩ ንዝሰጋገር ዕጥቅን ስንቅን ዝጸዓነ መጽዓኛታት ሰውራ፡ ኣባላት 06 (ጀማሂር፡) ንታዕሊም ዝወርዱ መንእሰያትን

ዓጂቦካ ጽርግያ ኣስመራ መንደፈራ ኣብ ሓልሓለ ምስግጋር'ዩ። ከምኡ'ውን ንጽርግያ ወቓርቲ (መስመር ኣስመራ ደቀምሓረ) ቆሪጹ ናብ ዓላን ብኣንጻሩ ንዝግበር ናይ ምጉዕዓዝ ንጥፈታት ውድብ ምዕጃብ ነበረ። ብተወሳኺ፡ ጸላኢ ካብ ከተማታት ክወፍር ኣብ ዝተራእየሉ ግዜ ድብያታት ጌርካ ምዕጋቱን ምድምሳሱን። ግምት ዝወሃቦ ረጽሚ ደኣ ኣይነበሮን'ምበር፡ ናይ ደቀጽኑዓን ከባቢታት ዓደሕደሮምን ዝተንቀሳቐሰ ጸላኢ ንምህራም ወፍሪ ዝገበራሉ ግዜ ነይሩ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ ጸሮና ተረፍመረፍ ዕሳባት (ደባይን ስርሒት ከተማታትን ተ.ሓ.ኤ.) ተራእዮም ምስ ተባህለ፡ ንተፍትሽ ወፊረን ነይረን።

ቀይሕ ሰራዊት ብኸምዚ ክንቀሳቐሳ ምስ ጀመራ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ወረሌን ኣብ ህዝብን ጸላእትን ተዘርግሐ። ንተጋደልቲ ደቀንስትዮ ጥራይ ዝሓቑፍ ሰራዊት ከም ዝተመስረተን፡ ብዝሐን ተጋኒኑ ካብ ቦጦሎኒ ክሳብ ብርጌድ ከም ዝበጽሕ ተወርየ። እዚ፡ ንወኒ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን መንእሰያት ከበራብር ከሎ፡ ብኣንጻሩ ንጸላኢ መሻቐሊ ወረ ኮነ። ምኽንያቱ ጸላኢ፡ ካብ ቀዳማይ ወራር ጀሚሩ ንተጋደልቲ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ደፊኡ ኣብ ጎቦታት ሳሕል ኣኽቢቡ ንምሕቃቕም ሓሙሽተ ወራራት በጺሑ ነበረ። "ወንበዴታት ዝተረፎም የብሎምን!" እናበለ ህዝቢ ኣብ ምጉስጓስ እንከሎ፡ ብኣንጻሩ መሊሱ ንወኒ መንእሰያት ዘበራብር ሓድሽ ኣወዳድባ መጺኡ ተባሂሉ ኣብ ህዝቢ ወረ ክላባዕ ንጸላኢ ጽቡቕ ዜና ኣይነበረን። ስለዚ፡ ነዚ ሓድሽን ሞራል ህዝቢ ዝመልስን ዜና ዘቕህም ወተሃደራዊ ወፍርን ጸሊም ፕሮፖጋንዳዊ ዘመተን ክፍኑ ጀመረ።

ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንሱ "ሸፋቱ" ዝብሎም ተጋደልቲ ብዝፈነዎ መጥቃዕቲ ኩላቶም ደቂ-ተባዕትዮ ተጋደልቲ ስለ ዝተወድኡ ኣዋልድ ጥራይ ከም ዝተረፋ፡ እተን ደቀንስትዮ'ውን ናብራ ሸፍትነት (ገድሊ) ምስ ሸገረን ኢደን ክህባ ምኺነን እናንስጉሰ ወተሃደራዊ ወፍሪ ክንቀሳቐስ ፈተነ።

ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ንሓይሊ ቀይሕ ሰራዊት (ደቀንስትዮ) ከዕጥቕ ከሎ፡ ንኩሉ ክኽሰት ዝኽእል ውጽኢት ብእወታ ጥራይ ኣይገምገሞን። ብጥንቃቐ እንተዘይ ተታሒዙ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከኸትል ከም ዝኽእል'ውን ገምጊሙ ነይሩ። እተን ደቀንስትዮ፡ ወንን ተወፋይነትን እምበር ተመኩሮ ዓውደ-ውግእ ኣይነበረንን። ጸላኢ ከም ገለ ብድብያ ኮነ ብኻልእ ሓደጋ እንተ ወዲቐወን፡ እቲ ናብ ህዝቢ ክመሓላለፍ ዝተደልየ መልእኽቲ ኣንጻር መኽሰቡ ናብ ኣሉታ ከምርሕ ከም ዝኽእል ኣይተዘንገዐን። ልዕሊ ኩሉ፡ ኣባላት ቀይሕ ሰራዊት፡ ዝበዝሓ ደቂ'ቲ ከባቢ ስለ ዝነበራ፡ ናታተን መስዋእቲ ኣብ ስድራቤታትን ዓድን በጺሑ ኣሉታዊ ጽልዋ ከኸትል ይኽእል'ዩ። ስለዚ ክሳብ መሳርዕ ቀይሕ ሰራዊት ዕላማኡ ዝወቅዕ፡ ካብ ርሑቕ ብስዉር ዝኪታተለን ሓደ መስርዕ ካብ ኣሃዱታት ኮማንዶ ነይሩ እዩ።

ህዝቢ፡ ቀይሕ ሰራዊት ነብሰን ክኢለን ክንቀሳቐሳ ከርኢ ምስ ጀመረ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ፖለቲካ፡ ኣብ ምሕደራ፡ ኣብ ቍጠባ፡ ክሳብ ኣብ ወተሃደራዊ ኵነታት ከድምዓን ክዋጋኣን ከም ዝኽእላ ኣመነ። ዕላማ ምቛም ቀይሕ ሰራዊት፡ ነቲ ጸኒሑ መስፍናዊ ኣተሓሳስባ ንምቕያር ስለ ዝነበረ፡ እቲ መደብ ተዓወተ። ቀይሕ ሰራዊት፡ በቲ ጀሚረንኦ ዝነበራ ኣወዳድባ ንምቕጻልን መዓስከራት ጸላኢ ንምድምሳስን ልዑል ወኒ'ኳ እንተ ነበረን፡ ግን፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ውድብን ክንየ'ቲ ዝተሰርሐ ስራሕ ምኻድ መደበም ኣይነበረን። ብቐንዱ'ቲ ዝተደልየ ዕላማ ስለ ዝተወቕዐ፡ ሓይሊ ቀይሕ ሰራዊት ፈሪሱ ናብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ፋሕ ከም ዝብል ተገብረ።

ክብሉኺ'ዮም

ብርእሰ ተኣማማንነት ዝተሃንጸት ምስ ትኾኒ፡
ንኽይትዕንበቢ ጾታኺ፡ከዘኻኽሩኺ፡ገለ ክብሉኺ'ዮም
ከምዘኹርዓኪ መወዳደሪ ከምዘይ ትጥቀምሉ ምስ ፈለጡ፡
ሓያል ብርእሳ'ያ ትጎዓዝ፡ ክብሉኺ'ዮም
ዓቃልን ህድእትን ምስ ትኾኒ፡ ፈራሕ ክብሉኺ'ዮም
ኣብ ቦታኦም ምስ ዘይትርከቢ፡
ወራዱዋ እንታይ ትፈልጥ ኩተደንግጸካ ክብሉኺ'ዮም
ኣብ ትማሊ ዝኮበሩ'ሞ ምስ በሰልኪ ዝሓደግክዮም፡
ጥረ'ያ ነይራ! ዘይባዕልና ኩሉ ዘፍለጥና'ያ፡ ክብሉኺ'ዮም
ሓሳባትኪ ምጽዋር ዝተሳእኖም ሓዳራ ግዳ ዘይትገብር፡
ምስተን ዝተመርዓዋ እናናጻጸሩ፡ክብሉኺ'ዮም
እቶም ብኮበሰ ምትሓትት ዝተሳቐዩ፡
ኣል መንሰይቲ መን፡ ዘመድ መን'ያ፡ንመንያ ኣሚና፡ ክብሉኺ'ዮም
ዝበሃል ምስ ጨነቖም ብኻ ወዲ ኮይና፡
ኣብ ኣፈጣጥራኺ ጌጋ ከም ዝነበረ ንኸምስሉ፡ ክብሉኺ'ዮም
ኣል ወይ ወዲ ኣይኮነትን ዝበሉኺ፡
እቶም ከማኺ ምኻን ዝተሳእኖምደኣ።

ሩት ኪሮስ

ረዚን ዋጋ ስለ ናጽነት

ራሄል በርሀ

ብስራት ካብ ኣቦኣ ዓንደብርሃን ገብረልኡልን ኣዴኣ ወለሽ ኣብርሃን ብ29 ጥቅምቲ 1970ኣብ ጉረታት- ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ተወሊዳ።

ወላዲኣ ዓንደብርሃን ገና ተመሃራይ እንከሎ'ዩ ብጸቕጢ ስድራ-ቤቱ ነዲኣ ወለሽ ኣብርሃ ተመርዕዩ። ድሕሪ መርዓኡም ትምህርቱ ብምቕጻል ብሞያ ምምህርና ተመሪቑ ኣብ ዓዲ ግራት ተመዲቡ ክሰርሕ ጀሚሩ። ሓዳሩ ኣብኡ ስለዝነበረ ከኣ ብስራት በኹሪ ጓሎም ኮይና ተጠንሰት። ኣደኣ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ወለዳ ክትሓርስ ካብ ዓዲ ግራት ናብ እንዳባሓጎኣ ጉረታት ድሕሪ ምምጻኣ ድማ'ያ ንብስራት ተበኩራ።

ብስራት ምስ ኣደኣ ናብ ዓዲ ግራት ብምምላስ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ተመዲቡ ይምህር ምስ ዝነበረ ወላዲኣ ክትነብር ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ኣስመራ ስለዝተቐየረ፣ ኣብ ሰታንታኡቶ ገዛ ተኻሪዮም ክነብሩ ጀሚሮም። ንሳ ድማ ናይ መዋእለ ህጻናት ትምህርታ ኣብ ሰታንታኡቶ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ቅድስቲ ሃና ማለት ሳንታ ኣና ተኸታተለት። እዚ ፍጻመታት እቲ ዋላ'ኳ ቡቲ ብወለዳ ዝንገራ ዕላላት ክትፈልጦ እንተኽኣለት ንሳ'ውን ናይ ግዜ ህጻንነታ ሃሳስ ተዘክሮ ኣለዋ።

እዚ ዝተጠቕሰ እዋን "ዕግርግር" ተባሂሉ ዝፍለጥ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብጥይት ጸላእቲ ዝምንከለሉ ብኣሬንቲ ክሳዱ ዝሕነቐሉ፣ ኣብ ኣብያተ-መእሰርቲ ማርያም ግቢ፣ ሰምበል፣ ኤክስፖን ካልኦትን ዝሳቐየሉን ዝሓቐሉን ዝነበረ ትካል ዓመት'ዩ ነይሩ - ዓመተ 1975።

ደርግ ንስርዓት ሃይለስላሰ ብ1974 ዓልዩ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ድሕሪ ምኹያጡ፣ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምምካን "ዓፋኝ" ዝተባህለ ናይ ራዕዲ ጉጅለ ፈጢሩ፣ ኣብ ልዕሊኡ ዝፈጸሞ መቕዘፍትን ማእሰርትን መዳርግቲ ዝርከቦ ኣይኮነን። "ወንበዴ" እናተባህሉ ዝጠፍኡ መንእሰያት፣ ኣቦታት፣ ኣደታት፣ ኣቕሽሽትን መሻይኻትን ... ወዘተ. ኣዲኣም ትቕጻሮም።

ወላዲ ብስራት ዓንደብርሃን ገብረልኡል'ውን ሓደ ካብቶም ኣብ 1975 ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ደርግ ዝተዳጎነ'ዩ። መምህር ዓንደብርሃን ዝተታሕዘሉ ምኽንያት ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ውድብ ስለዝነበረ'ዩ። "እቦኺ ነዚ ናይ ሓፋሽ ውድባት ስራሕ ንስኺ ክትውለዲ ከለኺ'ዩ ጀሚርዎ" ብምባል ኣደኣ ተዕልላ ከምዝነበረት'ውን ብስራት ጽቡቕ ገይራ'ያ ትዝክሮ።

መምህር ዓንደብርሃን ግን ከምቶም ምስተኣስሩ ሓቒቖም ዝተረፉ ኣእላፍ ዜጋታት ኣይሓቐቕን። ብምትሕብባር መቕርብ ዝኾኑ ሰለስተ ኣባላት ፖሊስ ካብ ማእሰርቲ ተለቒቑ። ድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዩ እምበኣር መምህር ዓንደብርሃን በዓልቲ ቤቱን በኹሪ ጓሉ ብስራት ትርከቦም ሰለስተ ደቁን ሒዙ ንኣስመራ ሓንሳእን ንሓዋሩን ተፋንዩዋ።

1975 ህዝቢ ኤርትራ ዓቢኡ ንእሽቶኡ ጓሉ ወዱ ብዝሓደሮ ሃገራዊ ስምዒት ናብ ገድሊ ዝውሕዘሉ ዓመት'ዩ ነይሩ። መምህር ዓንደብርሃን'ውን ነቲ ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ብምዃን ዝፈለሞ ቃልሲ ንናጽነት፣ ኣብ ዓዱ ኣፍደዩ ኣብ ትሕቲ መሪሕነትን ኣላይነትን ተጋዳልቲ ዐቅባይን ኣዜብን ኣብ ማሕበር ሓረስቶትን ማሕበር መንእሰያትን ተወዲቡ ቀጺልዎ።

መምህር ዓንደብርሃን ኣብ 1978 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ተጸንቢሩ ቃልሱ ኣብ ዝቕጸለሉ ህሞት ብስራት ንወላዲኣ ክትሪኦ ኣዴኣ ድማ ናይ ካድር ክትምሃር ወርሒ ሚያዝያ 1983 ናብ ዓንሰባ ድሕሪ ምውራደን ምስቲ ዝነበራ ዕድመ ኣብ ግምት ኣእትዩ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተጸንቢራ ንኽትመሃር ኣቦኣ ምስኡ ኣትሪፉዋ።

ብስራት ሽዑ ብዕድመ እኳ እንተነበረት ነዋሕን ደልዳላን ብምንባራ ግን ከምቲ ወላዲኣ ዝሓሰቦ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘይኮነት ኣምሪሓ፣ ኣብ ሞልቂ እብ ዝነበረ መደበር ታዕሊም ንኣስታት ሰለስተ ቅነ ተዓሊማ፣ ናብ ብርጌድ 4 ተመዲባ።ዝተመደበትሉ እዋን ጸላኢ ሰላሕታ ወራር ዘካይደሉ ዝነበረ'ዩ። ብርጌድ 4 ኣብ ግንባር ሓልሓል ዓሪዳ ስለዝነበረት ብስራት ካብ ሞልቀ ናብ ሓልሓል ተራእየት። ምስ ኩነታት ዕድመኣ ድማ ኣብ ቁጠባ ናይታ ቦጦሎኒ ተወዚዐት።



ኣብ ገድሊ ቀዋሚ ቦታ ዝበሃል የለን። ብምኽንያት ተኽሊጥ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ተመዲብካ ክትቃለስ ባህርያዊ'ዩ። ስለዝኾነ፣ ብስራት ኣብ ናይ ቃልሲ ዕድመኣ ኣብ ዝተፈላለያ ብርጌዳት፣ ክፍለ-ሰራዊታትን ኮራትን ተመዲባ ክትቃለስ ዝኸኣለት ሓርበኛ'ያ።

ንተጋዳላይ መውጋእቲ ስልማቱ'ዩ። ስልማት ናጽነትን ሓርነትን። ብስራት ድማ ምስክር ናይ'ዚ መንታዊ ሓቂ'ያ።

ብስራት ናብ ገድሊ ድሕሪ ምጽንባራ ንመጀመርያ ግዜ ዝተወግኣትሉ ኣብ 1985 ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ኣብ ግንባር ሓልሓል'ዩ። ማህረምታ ኣብ ርእሳ'ኳ እንተነበረ ፍኹስ ዝበለ'ዩ ነይሩ።

ኣብ 1988 ምፍራስ ግንባር ሓልሓል'ውን ጎፊኪስ መውጋእቲ

ኣብ ወርሒ ሓምለ 1988 ፈኲስ ናይ ሰለፍ መውጋእቲ ኣጋጢሙዋ።

ብ11 ለካቲት 1990 ኣብ እዋን ስርሒት ፈንቅል ኣብ ሮራ መንሳዕ ዓሪዱ ዝነበረ ጸላኢ ጸቕጢ ንምፍጣር ኣብ ዝተኻየደ ናይ መናውራ መጥቃዕቲ ጥይት ብጺጋማይ ጎድና ኣትያ ብየማናይ ጎድና ዝወጸትሉ እውን እንደገና ተወጊኣ።

ኣብ ሚያዝያ 1990 ኣብ ርእሲ እምባደሆ ኣብ ሰላፋ ናይ ስኹጆ ፈኪስ ማህረምቲ ኣጋጢሚዋ፡ ብጠቕላላ 7 ግዜ ተወጊኣ።

ንቀጻሊ ህይወታ ብኣሉታ ዝጸለወ ከቢድ ስንክልና ዘጋጠማ፣ ኣብ ሰነ 1990 ኣብ ዓዲ ሮሶ ምስ ተወግአት እዩ። ሞርታር ጸላኢ ኣብ ጥቓኣ ምስ ወደቐ ዳርጋ ምሉእ ኣካላታ ተሃሪማ። መልመስቲ ጻዕዳ እግርን መስበርቲ ኣጻብዕቲ እግርን ግን እቲ ዝኸበደ ነይሩ። እዚ ጥራይ ከይኣክል፣ ‘ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኸታ’ ኮይኑ፣ ብባሬላ ተጸይራ ኣብ ዓዲ ሮሶ ናብ ዝነበረ ሕክምና ድሕሪ ምኻዳ ነፋሪት ጸላኢ ብዝተኮሰቶ

ፋክረስ ሕቖኣ ተደጊማ። ኣብ ኣፍዓበት ኣብ ሕክምና ውድብ ተሓኪም ድሕሪ ምሕዋያ ድማ ናብ ኣሃዱኣ ክፍለ ሰራዊት 90 ተመሊሳ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ማዕርነት ደቀንስትዮ ብዝነበሮ መትከላዊ መርገጺ፣ ኣብ ኩሉ ጽፍሒታት ሓላፍነት ተመዲበን ዝሰርሓን ዘስርሓን፣ ዝዋጋኣን ዘዋግኣን ሓያላት ተጋደልቲ ኣፍርዩ እዩ። ብስራት’ውን ካብኣተን እያ። ኣብ 1988 ምክትል መራሒት መስርዕ፣ ኣብ 1989 ድማ መራሒት መስርዕ ብምዃን ብጾታ መሪሓ እናተዋግአት ከኣ’ያ ንኸቢድ ስንክልና ዘቃልዓ መውጋእቲ ዘጋጠማ።

እዋን ናጽነት ሓጎስን ፈንጠዝያን ዘመልኦ ቅንያት’ዩ ነይሩ። ኣብ ገድሊ ንእስነቶም ዝበለዩ ተጋደልቲ ምስ ምስ ወለዶም ኣንስቶምን ደቆምን ተራኺቦም ናፍቖቶም ዘውጽእሉ፣ ህዝቢ ድማ ኣብ ጎደናታት ወጺኡ ዝስዕስዓሉን ዝዕልለሉን ናይ ሓጎስ እዋን ነይሩ።ንብስራት ግን እዋን ናጽነት ከቢድ ጾር ዘሰከም ኣዝዩ መሪር’ዩ ነይሩ። ኣቦኣ ተሰዊኡ እታ ውፍይቲ ሓፋሽ ውድባት ኮይና ዝተቓለሰት ኣደኣኣእምሮኣ ስሒታ፣ ኣሕዋታ ድማ ኣላዩ ዘይብሎም ኣብ ጥርሑ ገዛ’ዮም ጸኒሖማ። ስለዝኾነ ኣሃዱኣ ብዝገበሩላ ኩለንተናዊ ሓገዛት፣ ኣብ ምእላይ ኣደኣን ኣሕዋታን ተጸሚዳ’ያ ኣሕሊፋቶ። እዚ ድማ ንዓኣ ካልኣይ ገድሊ’ዩ ነይሩ።

ኣደ ብስራት ካብ 1976 ኣትሒዛ ኣብ ኣፍደዩ ውፍይቲ ሓፋሽ ውድባት እያ ነይራ። መራሒት ወሃዮን ኣባል ባይቶን ብምዃን ምስ ወዳቢታቅድም ምስ ዕቑባይን ኣዜብ ድሓር ከኣ ሽማይነሽ - ትሪንዳድ፣ ካብኣ ዝሕተት ግቡኣት ፈጺማ።

ኣብ 1986 ግን ኣብ ዓዳ ኣፍደዩ ብጸላኢ ተታሒዛ፣ ኣብ ማርያም ግቢ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ለይትን ቀትርን ተመርሚራ። ኣብ ማርያም ግቢ እንከላ ድማ’ያ ኣእምሮኣ ስሒታ። ብ7 ዓመታት ኣብ ሆስፒታል ቅድስቲ ማርያም ተሓኪማ ኣብ ድሓን ኩነታት’ኳ እንተሃለወት ምስ ከቢድ ናይ ርእሲ ቃንዛ ኣዝማግን ካልእን ህይወታ ትመርሕ ኣላ።

ብስራት ብዘለዋ ስንክልና ኣብዚ እዋን’ዚ ተኣላዩት ማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኲ.ተ.ኤ) እያ። ኣሕዋታ ኣዕብያ፣ ኣመርዕያን ኣደኣ ሓቒፋን ትነብር ብምህላዋ ድማ ኣዝያ ዕግብትን ሕጉስትን’ያ።

ድሕሪ ናጽነት ተጋዳላይ ብስንኪ ገድሊ ዝኸሰሮ ናይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዕድላት ንምሕዋይ፣ ምሸታዊ ትምህርቲ ስርሒይ ኢሉ’ዩ ተተሓሒዝዎ። ብሓያል ንሕ ተደሪኹ ኣስናኑ ነኺሱ ስለዝተማህረ ድማ ዝበዝሐ ተጋዳላይ ዓቕሙ ኣማዕቢሉን ደረጃኡ ኣበሪኹን’ዩ።

እዚ ዕድል እዚ ግን ንብስራት ዝምልከት ኣይነበረን። እቲ ምንታይ ኣብ ኣፍደዩ ኣብ ዝነበረ ትካል ማ.ስ.ኲ.ተ.ኤ እናሰርሐት፣ ናብ ሆስፒታል ቅድስቲ ማርያም ብምምልላስ ኣደኣ ከተሐክምን ኣሕዋታ ክትናብን ወርቃዊ ናይ ትምህርቲ ግዜኣ ኣሕሊፋቶ እያ። ስለዝኾነ ድማ’ያ ኣብ ኮር 161 እንከላ 6ይ ክፍሊ ድሕሪ ምምሃራ ክትቅጽል ዘይከኣለትን።

ብስራት ኣብዚ እዋን’ዚ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ 4 ውሉዳትን እያ። ኣብ ብርጌድ 4 እንከላ ወዲ ኣሃዱኣ ምስ ዝነበረ፣ ኣዝዩ ብሩኽ፣ ንፉዕን ብዲሲፕሊን ዝዓዕዘን ምዃኑ እትገልጾ፣ ‘ሓርበኛ’ ብዝብል ሳዃ ዝፍለጥ ስልጣን ሙብራህቱ ተመስገን ዝተባህለ ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ብ1994 ተመርዕያ።

በ’ኹሪ ጓላ ሙዚት ብፊዝዮተራፒ ተመሪቓ። ምንኣሳ ዘቢብ፡ ሳዋ ወሪዳ ንኣስታት 7 ዓመታት ድሕሪ ምግልጋላ ተመርዕያ ሓዳራ ትመርሕ ኣላ። ምንኣስ ዘቢብ ሄርሞን፣ ኣብ ኣውጋሮ ጋሽ-ባርካ መምህር ተመዲቡ ግቡኡ ኣብ ምፍጻም ይርከብ። ሕሳስ ልደ ላሜክ ድማ ምስ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ሳዋ ይርከብ።

ብስራት ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ መዳርግቲ ኣልቦ ምዃኑ’ያ ትገልጽ። “ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ደቀንስትዮ እንተዘይጽንበረኦ ኣምበይምተዓወተን” ድማ ትብል። ደቀንስትዮ ንዝኸፈልኦ ከቢድ ዋጋ ከኣ ከምዚ ክትብል ምስክርነታ ትህብ፣ “ኣብ ኲናት ፈራሕ ጓለንስተይቲ ርእየ ኣይፈልጥን። ኣዝየን ተብዓትን ንፉዓትን’የን። ኑብሰ-ጾራት ኮይነን ዝተዋግኣ፣ ኣብ ድፋዕ ዝሓረሳ፣ ማህጸነን ሰዊአን ብዘይውላድ ዝተረፋ፣ ተልእኾ ውድበን ከፈጽማ ክብርቲ ኑብሰን ንጸላኢ ሂበን ኣብ ስለያዊ ንጥፈታት ዝተዋስኣ ደቀንስትዮ ብዙሓት’የን። ብሓጺሩ፣ ጅግንነት ደቀንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ቃልስና ገሊጽካ ዝውዳእ ኣይኮነን።”

-ዲያስፖራ-

“ንቓልሲ፡ ካብ’ቶም ውፉያት ወለድና ኢና ወሪስናዮ”

ወ/ሮ መኣዛ ዮውሃንስ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ኣብ ደምበ ሃገራዊ ቃልሲ ዓኹኽ፡ ንዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን (50 ዓመት) ንስለ ናጽነት ኤርትራ ዝተቓለሰትን ትቕጽል ዘላን ሓርበኛ፡፡ መሰረት ናይ’ዚ ኩሉ ጽንዓታን ተወፋይነታን ከኣ፡ ብቐንዱ ካብቶም ውፉያት ዝነበሩ ወለዳ ዝወረሰቶ ናይ ቃልሲ ንቕሓት ምዃኑ ትገልጽ፡፡ ፍረ ጻማ ናይቲ ዝተዋህባ ዕማም ብዓወት እናሰላሰለት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር ኮይና፡ ምስ ኣርባዕተ ኣሕዋታ (ሰለስተ ካብኣቶም ስዉኣት)፡ ሂወታን ንእስነታን ዝወፈየትሉ ቃልሲ፡ ብናጽነት ተዛዚሙ፡ ኤርትራ ንኹሉ ሽርሒታትን ተጻብኦታትን በዲሃ ኣብዚ በሪኽ ናይ መኸተን ጽንዓትን መድረኽ ምብጽሓ ከኣ ትሕበን፤ ብሕጂ’ውን፡ ካብኣ ዝሕተት ከተማልእ ድልዉነታ ተረጋግጽ፡፡ ቀጺልና፡ ምስ’ዛ ሃብታም ተመኩሮ ዘለዋ ኤርትራዊት ኢደ ናይ ዝገበርናዮ ዕላል፡ ጽማቝ ትሕዝቶኡ ናባኹም ነብሎ፡-

ብስምክን ኣተዓባብያኽን ክንጅምር?

መኣዛ ዮሃንስ ተወልደ እበሃል፡፡ ካብ ኣቶ ዮሃንስ ቀሺ ተወልደን ወይዘሮ ኣለፈሽ ገብረመድህንን ኣብ ገሸናሽም - ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ተወሊደ፡፡ ድሕሪ 10 ዓመት ምስ ኮንኩ፡ ናብቲ ስድራይ ዝቕመጥሉ ዝነበሩ ምራራ - ሰሜናዊ ባሕሪ ከይደ፡ ኣብኡ ዓብየ፡፡ ወለድና ሸሞንተ ደቂ - ኣርባዕተ ኣዋልድ ኣርባዕተ ኣወዳት’ዮም ፈርዮም፡፡ ብጽቡቕ ፍቕርን ሓልዮት ድማ ኣዕቢዮሙና፡፡ ሓሙሽተ ኣሕዋት ኣብ ቃልሲ ክንጽንበር ከለና፡ እቶም ሰለስተ ኣወዳት ተሰዊኦም፡፡ ኣነ ከኣ፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ኣደ ክልተ ደቂ ኮይነ፡ ኣብ ኣመሪካ - ከተማ ቦስቶን እቕመጥ ኣለኹ፡፡

ንቓልሲ መዓስን ብኸመይ ጀሚርክዮ?

ካብ ቁልዕነተይ ተጋደልቲ እናረኽ’የ ዓብየ፡፡ ብዛዕባ ገድሊ ኤርትራ፡ ክርዳእን ኣብ ዋህዮ ክጥርነፍን ዝጀመርኩ ግን፡ ኣብ 1975 እዩ፡፡ ሽው፡ ካብ ኣስመራ ሃዲመ፡ ቦኹሪ ዓለይ ሒዘ ናብ ስድራይ - ምራራ ተመሊሰ ነይረ፡፡ ኣብኡ ከኣ፡ ንቃልሲ ህዝባዊ ግንባር፡ ካብቶም ውፉያት ዝነበሩ ወለደይ፡ ዝያዳ ፈሊጠዮ፡፡ ብፍላይ ኣደይ ኣዝያ ውፍይቲ ስለ ዝነበረት፡ ክነቕሕን ክርድኣንን ኣይተሸገርኩን፡፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ፡ ኣብ ምራራ ከም በዓል ኣብርሀት ዓል ፋኖ፡ ኣስገደት ዝበሃላ ስለ ዝነበራ፡ ንዓታተን እናረኣኹ ንሜዳ ከይደ ክቃለስ ክቱር ወኒን ይሓድረኒ ነይሩ፡፡ ትሕቲ ሓደ ዓመት ቈልዓ ስለ ዝነበረትኒ ግዳ፡ ዝከኣል ኣይነበረን፡፡ ካብኡ ኣብ 1976 ናብ መጉእ፡ እንዳ ሓሞይ መጺአ፡፡ ኣብኡ ዘውዲ እያሱ ተበሃል ንጥፍቲ ሓፋሽ ውድብ ነይራ፡፡ ምስ ሕርይቲ ዝተባህለት ካልኣይተይ ከኣ፡ ኣብ ዋህዮ ህዝባዊ ግንባር ሰሪዓ ትምህረና ነይራ፡፡ ካብኡ፡ ናይ ቃልሲ ወነይ መሊሱ ገንፊሉ፡፡ በዓል ቤተይ ኣስመራ ስለ ዝነበረ ከኣ፡ በዓል ክብሮም ሓንከሽ፡ ማሕበር ሓረስቶት ዝነበረ ስዉእ ስብሃትለኣብ፡ ዘውዲ እያሱ ወዘተ ዝበሃሉ ብጾት፡ ኣስመራ ከይነ ቃልሰይ ክቕጽል መኺሮም ኣፋኒዮሙኒ፡፡ ምስ በዓል መዓሾ ፍስሃየ ኮይነ፡ ዝተዋህበኒ ተልእኾ እናፈጸምኩ ድማ፡ ቃልሰይ ኣብ ኣስመራ ቀጺለዮ፡፡ ናብ ወኪ እናተመላለስኩ’ውን ምስ ኣብርሀት ዓል ፋኖ እራኸብ ነይረ፡፡ ኣብ መወዳእታ ሰብዓታት፡ ኣቦይ መንግስትኣብ ዝበሃሉ ጎረቤተይ፡ ብጽቡቕ እናመልመሉ ስለ ዘተባብዑኒ፡ እቲ ዕማም ብኣድማዒ መንገዲ ቀጺለዮ፡፡ ኣብ መፈለማ 1980ታት፡ ካልኣይ ቈልዓ ወሊደ’ውን ቀጺለዮ፡፡ ካብኡ፡ ምስቲ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ጭቖናን ግፍዕን፡ በዓል ቤተይ፡ ንሱዳን ተሰዲዱ፡፡

ድሕሪ በዓል ቤትኪ፡ ንስራሕ ውድብ ከመይ ቀጺልክዮ?

ብጽቡቕ ክቕጽሎ ዕድል’የ ረኺበ፡፡ እዝከረኒ፡ መሓሪ ኣባይ ዝበሃል ስሩዕ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ፡ ተጋዳላይ ጀብሃ፡ ብዕላማ ኣብ ኮሚሳርያ ሓማሴን ስራሕ ኣእቲዩኒ፡፡ ኣነ ከኣ፡ ኣቦይ መንግስትኣብ ዘዝሃቡኒ ናይ መጠንቀቕታ ወረቓቕቲ፡ ወጋሕታ ሰዓት ሽዱሽተ ናብ ስራሕ ሒዘ እናኣተኹ፡ ነቶም ኣብ ኮሚሳርያ ሓማሴን ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣባላት ማሕበር ሓረስቶት ኣብ ቤት ጽሕፈቶም የቐምጠሎም ነይረ፡፡ በዚ ከኣ፡ ኣዝዮም ይሸገሩን ሸበድበድ ይብሉን ነይሮም፡፡ ምስኡ፡ ዝተዋህበኒ ሽሮ በርበረ ኣጥሒነ ይሰድድ፤ 8 መጋቢት ናብ ወኪ ከይደ የብዕል ነይረ፡፡ ኩነታት እናጸንከረ ምስ ከደ ግዳ፡ በዓል ቤተይ፡ ኣመሪካ ኣትዩ ስለ ዝነበረ፡ ናብኡ ክመጽእ ጸዊዑኒ፡፡ ነቶም ዘቃልሱኒ ዝነበሩ በዓል ስብሃትለኣብ፡ ሕድራይን ዘውዲ እያሱን፡ ክወጽእ ከም ዝደለኹ ምስ ነገርኩዎም፡ ናብኦም ክመጽእ ሓቢረዮም፡፡ ብናታቶም ምኽርን ደገፍን ከኣ፡ ኣብ 1985 ብኸረን ገይረ ክልተ ደቀይን ንእሽቶ ሓወይን ሒዘ ናብ ሱዳን ወጺአ፡፡ ብድሕረይ፡ ፖሊስ ደርግ ክሕዙኒ ገዛይ ከም ዝመጽኡ፡ ከረን ምስ በጻሕኩ ፈሊጠ፡ ብምትሕብባር ብጾት ግን፡ ኣምሊጠ፡ ድሕሪ ሸሞንተ መዓልቲ ሱዳን ከሰላ ኣትየ፡፡ ኣብኡ

ዝጸንሑኒ ብጾት ተቐቢሎ ናብ ካርቱም ሰዲዶሙኒ። ናብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ካርቱም ከይደ፡ በዓል ጓል ፋኖን ኣሮን ወዲ ሓጎስን ዝበሃሉ ጸኒሖሙኒ። ውድባዊ ንጥፈታተይ እናገበርኩ ኣብ ካርቱም ዓመት ምስ ተቐመጥኩ፡ ናብ ኣመሪካ ከይደ። ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ፡ ተሓባበርዋ ትብል መሰነይታ ወረቐት፡ ካብ ሱዳን ናብቶም ኣብ ዋሽንግቶን ዝነበሩ ብጾት መጺኣቶም። ካብኡ፡ ምዕባይ ቈልዑን ምክያድ ንጥፈታት ውድብን፡ ድርብ ቃልሲ ጀሚረ።

እሞ ድርብ ቃልሲ ኣብ ኣመሪካ ከመይ በዲህክዮ?

ኣብ ኤርትራ ከለኹ፡ ዘድሊ ንቕሓትን ውዳበን ቀሲመ ስለ ዝኸድኩ፡ ኣብ ቦስቶን ኮይነ ክቃለስ ኣይጸገመንን፣ ከላሽን ዝዓጠቕኩ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። ኣብ ቦስቶን'ውን፡ ሓያል ውዳብ'ዩ ጸኒሑኒ። ምስቶም ኣብኡ ዝጸንሑኒ ኣብ ግዜ ምንስሓብ ዝወጽኣት ወ/ሮ ኣለም ተስፋጽዮን፣ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ዝመጽኣትናን ክሳብ ሕጂ ብሓላፍነትን ተወፋይነትን ትሰርሕ ዘላን ወ/ሮ ሓረጉ ጸጋይ፣ ወ/ሮ ዛይድ ዘሙይ ምስ በዓል ቤታ ኣቶ ሰለሙን መሓሪ፣ ወ/ሮ ዳዊታ ሃይለ፣ ወ/ሮ ንግስቲ ጸጋይን ካልኦትን ብርቱዓት ተቓለስቲ ብጾት ከኣ፡ ብዙሕ ንጥፈታት ነካይድ ነይርና። ንኣብነት፡ ቀዳም ቀዳም፡ 'ድራር ተጋዳላይ' ገይርና፡ ንነፍሲ ወከፍ ዕዱም፡ ሓሙሽተ ዶላር ነኽፍሎ። መርዓ፡ ሕጸን ጥምቀትን ዝገብሩ ስድራቤታት'ውን፡ ድራር ተጋዳላይ ክገብሩ እናገደድና፡ ሓሓሙሽተ ዶላር ነኽፍሎም ነይርና። ብተወሳኺ፡ ነቲ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዝነበረ፡ ናይ ሽዕብን ካልእን ግፍዒታት ንምምካት፡ ክሳብ ናይ ወርሒ ደሞዝና ንኸፍል፡ በረድ ከሎ ገዛ ገዛ እናኸድና፡ ኮቦርታ፡ ሞዴስ፡ ረጂቤቶ ወዘተ ነዋጽእ ነይርና። ደቅና'ውን፡ ማኪና እናሓጸቡ፡ ብዓቕሞም የዋህልሉ ነይሮም። ነቲ ዝኣከብናዮ ከኣ፡ ብጥርንፉ መንገዲ ንሜዳ ንልእኮ ነይርና። ካልእ፡ ሽው ግዜ፡ ናይ ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ (ኢናስኣ) ኣባላት ኣብ ክልተ ተኸፊሎም ስለ ዝነበሩ፡ ጽልዋታት ናይ ተሓኤ እውን ስለዝነበረ ነቲ ህዝቢ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ደምበ ከም ዝዓስል ንምግባር ሓይሊ ቃልሲ ኢና ኣካዪድና። ንገሊኦም ነቐፌታኦም ተቐቢሎም ከም ዝምለሱ፡ ገለ'ውን ንሜዳ ከምዝኣትዉ ገይርና። ናይ ብሓቂ ከኣ ተዓዊትናሉ። ደቀይ ኣብ ምዕባይ'ውን ተዓዊተ'የ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ሓዳር ገይራ ኣደ ክልተ ቈልዑ ኮይና ዘላ ቦኺሪ ጓለይ ወይኒ፡ ብቢዝነስ ማናጅመንት ብዲግሪ ወዲኣ፣ ኣብ ናይ ሓዋ ትካል ጽቡቕ ትሰርሕ ኣላ። ሓዳር ገይሩ ኣቦ ክልተ ቈልዑ ኮይኑ ዘሎ ሙሉጌታ ወደይ'ውን፡ ኣብ 2000 ዓ.ም፡ ብኮምፒዩተር ሳይንስ ብዲግሪ ወዲኡ፡ ኣብ እንዳ ዜና ንክልተ ዓመት ኣገልጊሉ፣ ናቱ ትካል ዲዛይን መርበብ ሓበሬታ ከፊቱ ይሰርሕ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንደቀይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰለስተ ዓመት ንኤርትራ እናምጻእኩ፡ ባህሎምን ታሪኾምን ንክወርሱ ሓጊዘዮም እየ።

ኣቦይ ዮውሃንስ ቀሺ ተወልደ — ስዉእ ሚኪኤል ዮውሃንስ

ስዉእ ሰጊድ ዮውሃንስ — ስዉእ ዳዊት ዮውሃንስ

ብዛዕባ መስዋእቲ ኣሕዋትኪ ገለ በልና?

እቶም ክልተ ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ እቲ ሓደ ከኣ ኣብ ምኽባር ልኡላውነት'ዮም በጃ ሓሊፎም። ቀዳማይ ስዉእ፡ ሚኪኤል ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣብ ፈለማ 1978 ተሰሊፉ፡ ኣብ 1988 ኣብ ዓጋመት ተሰዊኡ፣ ካልኣይ፡ ዳዊት እዩ። ኣብ ፈለማ 1983 ተሰሊፉ፡ ኣብ 1985 ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ተሰዊኡ። ሳልሳይ ስዉእ፡ ሰጊድ ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣብ 1982 ተሰሊፉ፡ ኣብ ሳልሳይ ወራር ወያነ ኣብ 2000፡ ኣብ ዓዲ በጊዖ ተሰዊኡ። እቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ ራብዓይ ሓውና ከኣ፡ ኣብ ፈለማ ሰማንያታት ንዕረፍቲ ገዛ ምስ መጽአ፡ ምሳይ ንስደት ሒዘዮ ከይደ፣ ሕጂ ንሱ ነታ ስድራ ሓድጊ ኮይኑዋ ኣሎ። ካልእ፡ ኣቦናን ኣደናን፡ ማዕረ ደቆም፡ ነቲ ቃልሲ ተሳቲፎምዎ'ዮም። ብፍላይ ኣደና፡ ብርትዕቲ ተቓላሲት'ያ ነይራ። ንኣብነት፡ ኣብ 1976 ኣባል ባይቶ ነይራ፣ ኣብ 1977 ከኣ ኣብ ጉባኤ ንኽትሳተፍ ሳሕል ከይዳ። ክሳብ ግዜ ናጽነት ከኣ፡ ኣዝያ ንጥፍቲ ኣደ እያ ነይራ። ነታ ዝደኸመትላን ደቃ ዝተወፈዩላን ናጽነት ጽቡቕ ጌገይ ኣስተማቒራ ድማ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ ኣብ መበል 97 ዓመት ዕድመኣ፡ ምስ ምሉእ ልባን ጥዕናኣን፡ ብሞት ተፈልያትና። ብሂወት እንተ ትህሉ፡ ነቲ ኣብ ምራራን ካልእን ዝሓለፈቶ ቃልስን ውዳበን ባዕላ ምገለጸቶ። ስለዚ፡ ወለድና ውፉያት ስለ ዝነበሩ፡ ነቲ ቃልሲ ምስ ኣሕዋተይ ካብኦም ኢና ወሪስናዮ።

ብሃማደኤ ሰሜን ኣመሪካ ዝካየድ ንጥፈታት እንታይ ይመስል?

ወ/ሮ መኣዛምስ ደቓን ሓዋን ኣብበሱዶን

ኣደይ ኣለፈሽ ጉብረመድህን

ብሃማደኤ ኮነ ብማሕበረኮምን ካልእን ዝካየድ ቃልሲ፡ ኩሉ ንሃገር ስለ ዝኾነ፡ ተመሳሳሊ'ዩ። ሃማደኤ ሰሜን ኣመሪካ ድማ፡ ዓንዲ ናይቲ ንስለ ሃገር ዝግበር ቃልሲ'ዩ። ኩሉ'ቲ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ዝተገብረን ዝግበር ዘሎን ቃልስን መኸተን፡ ምስ ሽማግለ በዓላት ብምዃን ብሃማደኤ'ዩ፡ ዝምዕርግን ዝዕወትን። ኩሎም'ቶም ዝካየዱ ንጥፈታት መኸተ፡ ልምዓት፡ ውዳበ፡ 8 መጋቢት፡ ፈስቲቫል፡ ባሕቲ መስከረም፡ መዓልቲ ናጽነትን መዓልቲ ስዉኣትን ወዘተ. እውን፡ ብዘይ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ወይ ሃማደኤ ዝዕመሙ ኣይኮኑን። ብፍላይ ሃማደኤ ቦስቶን፡ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ብዝተጻወትኦን ብዝጻወትኦ ዘለዋን ሃገራዊ ዕማም፡ ኣነ ሕብንቲ እየ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ እተን ገዳይም ኣባላት፡ ዓቢና ጥሮታ ስለ ዝወጻእና፡ ናይ ክብሪ ኣባላት ኢና፣ ኩሉ ንንኣሽቱ ኣውሪስናዮ ኣለና። ንኣብነት፡ ብጻይቲ ሊድያ ኣባይ፡ ሓረጉ ጸጋይ፡ ሂዋን መድሃኔ፡ ሰብለ ጸሃየ፡ ናጽነት ስመረ፡ ዶ/ር ኣዳል ዓንደመስቀል፡ ገለ ካብተን ኣውሪስናየን ዘለና፡ ብርቱዓት ኣባላት ሃማደኤ'የን። ንሕና ተዓደምቲ ንሳተን ዓደምቲ ኮይነን ከኣ፡ እቲ ኣብ ቦስቶን ዝካየድ መደባት ሃገርን ሃማደኤን፡ ብኣታተን ይዕመም ኣሎ። ኣቐዲመ ግን፡ ብወገነይ፡ ኣብ ንጥፈታት ማሕበረኮም፡ ሃማደኤ፡ ህግደፍ፡ ፈስቲቫልን ካልእን፡ ብደረጃ ሓላፍነትን ኣባልን ንነዊሕ ዓመታት ሰሪሐ'የ። ንኣብነት፡ ኣብ ምድላብ ገንዘብ ን10 ዓመት ሰሪሐ፣ ከም ተሓዚት ገንዘብ ሃማደኤ ንክልተ ዓመት፣ ከም ተሓዚት ገንዘብ ህግደፍ ንክልተ ዓመት ሰሪሐ። ስለዚ፡ ካብቲ ኣብ 1975 ኣብ ኣስመራ ዝጀመርኩዎ ናይ ዋህዮ ውዳበ ጀሚረ፡ ንዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን (50 ዓመት)፡ ካብ ሃገራዊ ቃልሲ ከይተፈለኹ ምቅላሰይ ሕብንቲ'የ።

ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት እንታይ ትብልና?

ኣብ ደገ ዝነበርና ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ነቲ ዝነበረ ጽንኩር ናይ ስደት መድረኽን ሕሱም ናይ ስደት ሂወትን ገጢምና፡ ሰውራ ንምትልባት፡ ብገንዘብና፡ ብንዋትናን ብኣካልን ዝተጻወትናዮ ግደ፡ ዝሓብን ታሪኽና ኮይኑ ተሰኒዱ ስለ ዘሎ፡ በዚ ኣጋጣሚ ንኹለን ኣብ ስደት ኮይነን ዝተቓለሳን ዝቃለሳ ዘለዋን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ዮሃና እብለን። መስርሕ ምውርራስ ድማ ብጽቡቕ ይቕጽል ስለ ዘሎ፡ ነዘን ንኣሽቱ ደቅና፡ ጽንዓ ክብለን እፈቱ። ብኣጠቓላሊ ግና፡ ቅያ ናይተን ኣብ ውሽጥን ደገን ሃገር ኮይነን ዝቃለሳ ዝነበራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ጥራይ ተገሊጹ ወይ ተዘኪሩ ዝሓልፍ ስለ ዘይኮነ፡ ነቲ ረዚን ታሪኽናን ውሑድ መዳርግቲ ዝርከቦ ጅግንነትናን፡ ናብ ዝቕጽል ወለዶታት መታን ክሰጋገር ክንጽዕተሉ ይግባእ። ካልእ፡ ኣብ ናይ ጥሮታ ግዜና በጺሕና ዘለና ደቀንስትዮ ብጾተይን መቓልስተይን፡ ቀጻልነትና ንኸነውሕስ፡ ዓድና ንእቶ ክብለን እፈቱ። ብወገነይ፡ ጠቕሊለ ክኣቱ ተቓሪበ ኣለኹ።

ኣብ መወዳእታ መዘኻኸሪ ሓሳባት እንተለኪ?

ካብ 1975 ጀሚረ ንዝሓለፈ 50 ዓመት፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ምኽባር ልኡላውነት፡ መኸተን ልምዓትን ሃገር ክቃለስን እጃመይ ከበርክትን ዝኸኣልኩ፡ ሳላ'ቶም ቅድመይ ዝነበሩ ከም ዘውዲ እያሱ፡ ኣብርሀት ፋኖ፡ ክብሮም ሓንከሽ፡ ስውእቲ ኣስገደት ሰናይት ባህታ ካልኦት መማህራነይን እየ'ሞ፡ በዚ ኣጋጣሚ ከመስግኖም እደሊ። ካልእ፡ ኣብ ደገ ዘለና ዜጋታት፡ ናብ ሃገርና እናመጻእና ዑደት ክንገብርን ተዘክሮታትና ክነሐድስን ኣዘኻኽር። ብወገነይ፡ ብመደብ ዑደት ስለ ዝገብር፡ ዛጊት እንትርፎ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ኩሉ ዞባታት ኤርትራ በጺሐ ኣለኹ። ሕጂ'ውን ኣብ ጋሽ ባርካ - ደሴት ኣብ እትበሃል ዓዲ በጺሐ'የ መጺኤ። እዚ ከኣ፡ ኣብ ደሴ ዝኣልያ ሓርበኛ ኣደ ስለ ዘላትኒ'የ ከበጽሓ ከይደ። ካልእ፡ ናይ ቃልሲ ጉዕዞይ ክገልጽ ዕድል ንዝሃበትኒ ንመጽሔት ኣግእዞ እናመስገንኩ፡ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ'ውን፡ ዕድመን ጥዕናን ብምምናይ፡ "ነዛ ሃገር ኣብ'ታ መዛዘሚኣ ከተብጽሓ ቀሪብካ ኢኻ'ሞ፡ ኣጆኻ!" እብሎ።

ስነ ልቦና

መም. ኪዳነ ሽሞንዲ

ኤርትራዊት ኣደ፡ ኣደ ሓቂ

ኤርትራዊት ኣደ፡ ኣደ ሓቂ እያ። ነቲ ንሓቂ ዘምልኽ ፈቃር፡ ውፉይ፡ ንቑሕ ይከኣሎ ዋርሳይ ዝወለደት፡ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ዓለም ብረመጽ ሓዊ እናንደደታ፡ ከም ወርቂ እናተረረትን እናተኾለዐትን ትምርሽ ዘላ ኣደ ሓቂ እያ። ኣብ ማህጸና ዝዓረፈ ድቂ ነቶም ዓንዲ ማእከል ጥምረትና፡ ሓይልናን ዓወትናን ዝኾኑ ኤርትራዊ ክብርታት ብምምጋብ ኤርትራዊ ዝብሃል ሓወልቲ ሓቂ ዘጫጭሐት ግምጃ ሃገር ውን እያ። ኤርትራዊት ኣደን ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ነጺልካ ክትርእይ ምፍታን ስሕተት እዩ። ኤርትራዊት ኣደ እንተኢልና ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከም ማለት እዩ፣ እቲ ምንታይ'ሲ ሓቂ ሓንቲ እያ፣ ኣይትልወጥ ኣይትምቀል።

ሓቂ እታ ዝተረረት፡ ዝኸበረት፡ ዝበረኸትን ዘልኣለማዊትን መገዲ ህይወት እያ። ተራር ብምኳና ትቀጥን እንበር ኣይትስበርን፡ በራኽ ብምኳና ልዕሊኣ በሪኹ ዝወጽእ ኣይርከብን፡ ዝኸበረት ብምኳና ጽንዓትን መስዋእትን ትሓትት፡ ዘልኣለማዊት ብምኳና ህድእትን ሰለማዊትን እያ። "ሓቂ ተዛሪብካ ኣብ መገዲ ባቡር ደቅስ"፡ "ዘንጊ ሓቂ ትቀጥን እንበር ኣይትስበርን"፡ "ሓቂ ይጸንሕ ንደቂ"፡ "ሓቂስ ብርእሳ እንተ ቀበርካያ፣ ብእግራ ትወጽእ"፡ "ሓቂ እናሓደረ ይኹላዕ ከም ወርቂ"፡ "ሓቂ ንሓንቲ መዓልቲ ጭንቂ፡ ንዘልኣለም ጽድቂ"፡ "ሓቂ ናይ ዘልኣለም ስንቂ"ን ካልኦትን ዝብሉ ምስላታት፣ ኤርትራዊት ኣደ ካብ ኣብ ልባ ዝወቐረቶም ሓቅታት እዮም።

በኣንጻሩ፣ ሓሶት እታ ዝደኸመት፡ ዝሓሰረት፡ ዝተሓተትን ግዝያዊትን መገዲ ህይወት እያ። ድኽምቲ ብምኳና ተሰባሪት፡ ሕስርቲ ብምኳና ተወናኒት፡ ትሕቲ ብምኳና ተረጋጺት፡ ግዝያዊት ብምኳና ተረባጺት እያ። "ሓሶት ንሓደ ዕለት ዋጋ፡ ንዘልኣለም ፍኹሰት"፡ "ሓስዩ ዝፈርድ፡ ዕዉር ይወልድ"፡ "ሓስዩ ዝመስከረ፡ ኣብራኹ ዝተሰብረ"፡ "ሓሳውን ቆርበትን እናሓደረ ይፈኩስ"፡ "ሓሶት ድራር ሓንቲ ምሸት"፡ "ሓሶት እንተ ተደጋገመስ ሓቂ ይመስል"፡ "ሓሳዊስ ይምሳሕ እምበር ኣይድረርን"፡ "ሓሶት ዘምጽኣ እንተረኺባ፡ ዝቕበላ ነይትስእን"ን ካልኦትን ዝብሉ ምስላታት፣ ኤርትራዊት ኣደ ንሓሶት ንምግላጽ ካብ እትጥቐመሎም ሓቅታት እዮም።

ኤርትራዊት ኣደ ኣብ ሓቂ ዘለዋ ክብርን ኣምልኾን ልዕሊ ነብሳ'ዩ፣ ስለዝኾነ ድማ ምስ ደቃ ብማዕርነት ንመስዋእቲ እትቀዳደም። "ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ" ዝብል ልሙድ ኣበሃህላ፣ ህያው ምስክር ቅድድም ንመስዋእቲ እዩ። እዚ ፍሉይ ክብሪ'ዚ ነቶም ንመሳርዕ ወለዶታት ኣስጢሞም ናጽነት ዘምጽኡን ዘውሓሱን ክብርታትና መሰረት'ዩም። ሓድነት፡ ማዕርነት፡ ምጽውዋር፡ ጽንዓት፡ መሃዝነት፡ ባህሊ ስራሕን ካልኦትን ገለ ካብቶም ንፖለቲካዊ ባህልና መሰረት ዝኾኑ ክብርታት ሓቂ ኮይኖም፣ ኤርትራዊት ኣደ ኣብ ሰራውር ደማ ብምስራጽ ሓወልቲ ሓቂ ዝሃነጸትሎም እዮም።

ኤርትራዊት ኣደ፡ እታ ብሓያል ጻዕሪ ሕርሲ፣ ነቲ ዘይንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራማትን ግጉይ ስትራተጂታትን ዝፈጠርዎ ጸገማት ብምእላይ፣ ንጹር፡ ወድዓዊን ሓቀኛን ፖለቲካዊ ፕሮግራማትን ስትራተጅን ብምሕንጻጽ፣ ናጽነት ኤርትራ ዘበሰረን ዘውሓሰን ህዝባዊ ግንባር፣ ብወግዒ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1977 ኣብ ፋሕ፣ ዝወለደት ኣደ ሓቂ እያ።

ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ክተጥፍእ ምፍታን፣ ንኤርትራዊት ኣደ ከም ምጽናት እዩ። ጸላኢ ነዛ ኣደ ሓቂ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ብደገፍ

ሓያላን ሃገራት ዓለምና ተሓንጊሩ ዘካየዶም ወፍርታት ኮንቱ ኮይኖም ምስ ተረፉ እዩ፣ ኤርትራዊት ኣደ፡ ኣደ ሓቂ ምዃና ዝተሰወጠ። “ሓቂ ትቐጥን እንበር ኣይትስበርን”ዝብል ሓቂ ብግብሪ ምሂራቶም። ህዝባዊ ግንባርን ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ካብ ማህጸን ኤርትራዊት ኣደ ከም ዝተወልዱ ብስዕረቶም ተገንዚቦም። “ዓሳ ንምጥፋእ ባሕሪ ምንጻፍ”፡ ኢትዮጵያ ትቕድም!፡ “ኤርትራ መሬታ እንበር ህዝባ ኣየድሌናን እዩ” ዝብሉ መዝሙር ጸላእቲ፣ ንኤርትራዊት ኣደ ንምጽናዕ ንዝተሻየዱ ኣሰቃቕቲ ግፍዕታት መሪሕ'ዩም ዝነበሩ።

ኤርትራዊት ኣደ፣ ንጸላእታ ምሕረት እናሃበት ሰላምን ምዕባለ ክትሃንጽ እትጽዕት ፈታር ህያብ እያ። “ሰላም፡ መጥፍኢ ጸላም” ምዃኑ ኣሚና፣ “ዓወት ንሓፋሽ”እናዳመጸት ብመስዋእቲ ንጸላም ትቕንጥጥ። ኣህዛብ ብዘይ ናይ ሓባር ስራሕ ዉሑስ ሰላምን ዕብየትን ከፈጥሩ ከምዘይክእሉ ብመትከል ስለእትኣምን ብኹፉት ልባ፣ ጥበብን ፍቕርን ክትልግስ ድሕር ኣይትብልን። “ማዕዳ ፍቕሪ፣ ካብ ርስሓት የጽሪ” ከም ዝብሃል፣ ንማዕድኣ ልቦም ትኸፍት፣ ንልቦም ኣንጺሃ፣ ናብ በሪ ኣማን ትመርሖም። ካብ ቤቶም ምስ ዝመዛበሉ ካብ ከም ጓኖት ኣብ መዓስከር፣ ከም ኣባላት ስድራ ኣብ ማእከል ቤታ ተዕርፎም። ካብታ ዘላታ ቀኑራስ እናቋደሰት ድማ ሓቂ ትምግቦም።

ኤርትራዊት ኣደ ብፍቕርን ግብርን እንበር፣ ብልሳና ብዙሕ ኣይትዛረብን፣ ግብራ'ዩ ልሳና። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ሓቂ ብግብራዊ ስራሕ እንተዘይኮይና፣ ብወለላ መዓር ቃላት ህላውነታ ክረጋገጽ ስለዘይከኣል እዩ። ጸላኢ ካዕበት እንክፍክር፣ ኤርትራዊት ኣደ በኣንጻሩ ብውሽጣዊ ዓቕማ “ብዘለካ ዝከኣለካ ምግባር”ን “ርእሰ ምርኮሳ”ን ብዝብል መትከል፣ ናብ ሓቐኛ ራእያ ትምርሽ።

“ከልቢ እንክነብሕ፡ ገመል ጉዕዞኡ ይቕጽል” ወይ ውን “ስቕ ዝበልና ስቕ ክንብል ስለዝደለና እዩ” ዝብል ናይ ወትሩ ኣበሃህላ፣ ንናይ ጸላኢ ጽዑቕ ወፍሪ ተጻብኦን፡ ህዱእን ቅኑዕን መስመራ ዝገልጽ ሓቂ እዩ።

ኤርትራዊት ኣደ ብመገዲ ሓቂ እንበር፣ ብዊንታ ገዛእቲ ተመሪሓ ኣይትፈልጥን። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንቕሓታን ውዳበኣን ዕጥቃን ብምዕባይ፣ ብመገዲ ሓቂ ንመግዛእቲ መኪታ ንናጽነት ህያው ዝገበረት ኣደ እያ። ድሕሪ ናጽነት ውን ዘይከም ካልኦት ሃገራት ስማዊ ናጽነተ ዝተዓደለ'ሞ ብዊንታ ገዛእቲ ሓይልታት ዝምርሓ፣ ኤርትራዊት ኣደ ብናጻ ፖለቲካዊ ሕርያ ጉዕዞኣ ትቕጽል ኣላ። ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያኣ ሎሚ ምስ ኩሉ ተጻብኦታት፣ ናጽነታ ብምውሓስ ኣብ ዝሓሸ ትስፉው ምዕባለ እትርከብ ሃገር ክትውንን ኣብቒዕዋ ይርከብ።

“ዓይነይ ይፍሰስ ይሰኣኖ ኢደ እግረይ

ኣካለይ ይፈላለ ይቆረጽ'ውን ከሳደይ

ጸማልያ ይውረስኒ ይጸንቀቕውን ደመይ

ሞትን ህየትን ሓደ ኢየን ኣብ መትከለይ

መሬት ተዃዒቱ ይጸቐጥ ብእምኒ

እናርእኹ ይደርበ ኣሞራ ይብልዑኒ

ብመቑሕ ኣሲሮም'ኻ እንተ ኣሳቐዩኒ

ካብ መትከላዊ እምነተይ ግን መን'ዩ ዝንጽለኒ ! (ኣስመሮም ሃብተማርያ፡ ለካቲት 7/1979)” እትብል ሕጡብ-ግጥሚ ንጽኑዕ መትከል ኤርትራዊት ኣደ እትገልጽ ሓቂ እያ።

ራእይ ኤርትራዊት ኣደ፣ ንሓቂ ምንጋስ እዩ። ሰላም፡ ፍትሒ፡ ደሞክራሲን ራህዋን ብምስፋን። ጥሜት፡ ድኽነትን መሃይምነትን ብምውጋድ። ኤርትራዊ መንነትን ፍሉይነትን ብምዕቃብ። ብቑጠባ፡ ትምህርትን ቴክኖሎጅን ምስተን ዝማዕበላ ሃገራት ብምስራዕ። ህዝቢ ኤርትራ ብስኒት፡ ማዕርነት፡ ብፍቕሪ ሃገር፡ ሰብኣዊ ሓልዮት፡ ዲሲፕሊን ስራሕ፡ ፍትወት ፍልጠት፡ ምኽባር ሕግን ስነ-ስርዓትን፡ ናጽነትን መሃዝነትን ከም ዝልለ ብምግባር እዩ።

ኤርትራዊት ኣደ፣ እታ ኣብ ማህጸና፣ ብኤርትራዊ ክብርታት፣ መዝሙር ሓቂ ክትምህር እትጅምር ሊቅ ሓቂ እያ። ንደቃ “ህይወትካ ሞት ካብ ዝኸውን ሞትካ ህይወት ይኹን” ኢላ ብምምራቕ ንፋስ መግዛእቲ ብንፋስ ናጽነት ዝተከአት ትንፋስ ሓቂ ውን እያ።“ኣብ ጽንኩር እዋን ገጻ መሊሱ'ዩ ዝበርህ፡ ሓይላ ይውስኽ፡ ቃላታ ይምቅር፡ ሓሳባታ ውን ይውሕዝ..” እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ንጸገም ከም ኣብ ኣፍደገ ራህዋ ዝርከብ ዶሮና ሓሶት ስለ እትርእዮ እዩ።

ንሕና ኤርትራውያን መንእሰያት ከም ዓንዲ ሃገር መጠን፣ ምህሮ ኤርትራዊት ኣደ ኣጽኒዕና ክንሕዝ ሕድሪ ኣለና። ካብ መትከል ሓቂ ወጺኻ እትርከብ ክብርትን ሕፍርትን ብልጽትን ሃገር ስለዘየላ። እተ ካብ 1940ታት ዝፈለመ ቃልሲ ሓቂ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ መስርዑ ከይበተኸ ናጽነት ከምጽእ ዝኸኣለ ቀንዲ ረቛሒ፣ ንቕሓት ውሉዳታ እዩ። እዚ መትከል ሓቂ'ዚ፣ ድሕሪ ናጽነት ውን ከይተረፈ ምስ ኩሉ ተጻብኦታት፣ ካብ መትከል ሓቂ ፈልከት ከይበልና ናጽነት ክነውሕስን ህንጸት ሃገር ክነሳልስልን ኣብቒዕና ኣሎ።

ሎሚ ኤርትራዊት ኣደ ከም ብርሃን ጸሓይ ደሚቓ ድሕሪ ምውጽኣ፣ ንዓለም መዝሙር ሓቂ ንክትምህር ኣብ ህንጸት ትርከብ። ኣብዚ ነዊሕ መስርሕን ጻዕርን ዝሓተተ ጉዕዞ'ዚ፣ ነብሒ ኣኽላባት ክንኪ ምጽባይ የዋህነት እዩ። ንሓቂ ንምንጋስ፣ ክነቕሕ፡ ክንውደብ፡ ፍልጠትን ሞያን ክንዓጥቕ ግድነት እዩ፣ ምእንቲ ክንበጽሖ ጫፍ ደረት ሓቀኛ ቃልስና።

ስነ-ጥበብ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃሊቃ)

መኽተን ጅግንነትን ደቀንስትዮ፡ ብልሳን ማሰኛታት

ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡ ካብ ነዊሕ መዋእላት ዘቑጸረ ዝልለየሉ ባህልን ስነ-ጥበብን፡ ወግዕን ልምድን ኣለዎ። ብዘለዎ ትሕዝቶን ፍሉይነትን እውን ዝድነቕ ህዝቢ ምኧኑ ይንገረሉ። ብዘለውዎ ድንቂ ጥበባዊ ክእለታት'ውን ኣብ ከባቢኡ ዘመስከረ እዩ። እቶም ናተይ ዝብሎምን ዝውንኖምን ባህልን ስነ-ጥበብን ሓያል መልእኽትንትርጉምን

ዝሓዘሉእዮም።

ባህልን ስነ-ጥበብን ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ኣዝዩ መሃሪ፡ ንኩነታት ግርም ገይሩ ዝገልጽ፡ ዘትብዕን ዘጻናንዕን፡ ዘውድብን ዘሐይልን፡ ዘሳኒን ዘፋቕርን፡ ዝእርምን ዝእምትን እዩ። ኣብ ሕብረተ-ሰብና ድማ፡ ሓይሊ ልቦናን ፍልጠትን ኰይኑ ንነዊሕ ዘመናት ኣሳልዩን የሳሊን'ውን ኣሎ። ንማሕበረ ቍጠባዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን፡ ታሪኻውን ፖለቲካውን ኩነታት ሕብረተሰብጽቡቕ ገይሩ ዝትንትን እንተደኣ ኣሎ ባህልን ስነ-ጥበብን እዩ። ኪኖ መዘናግዒ ብምዃን ብእኡም ገይሩ ሓሳቡን ራኢኡን፡ ዋዛኡን ቁምነገሩን፡ ሓይሉን ብርታዐኡን፡ ቃንዛኡንስክፍታኡን፡ ጸገሙን ገድሉን፡ ሓጐሱን ጓሂኡን፡ ራህዋን ናጽነቱን፡ ባህግታቱን ኩርዓቱን፡ ጅንዓቱን ክብረቱን፡ ወፍሩን ልምዓቱን፡ ሰላሙን ኩናቱን.... ብእኦም ገይሩ ይገልጽ። ማሰ ይብል፡ ይጭፍር፡ ይደርፍ፡ ይደጉዕን። ብሓፈሻበዞም ጥበባት እዚኦም ገይሩ ስምዒታቱ ይገልጽ።

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንዝተፈላለዩ መድረኻትን ኣጋጣሚታትን ተጠቒሙ ድማ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርኩዎም ክስተታት ግርም ገይሩ ይገልጾምን ይሰንዶምን። ናይ ሎሚ መንቀሊ ጽሑፈይ እምበኣር ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት፡ ኤርትራውያን ክኢላታት ኣፋዊ ያታ (ስነ-ጥበበኛታት) ንጅግንነትን መኽተን፡ ንቃልስን ጽንዓትን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ዝተፋላለየ እዋናትን መድረኻትን ካብ ዝበልዎ ልሳን ጥበባቶም ናባኹም ኣብሎ ኣለኹ፣ ሰናይ ንባብ።

መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ሃገርና ጠቕሊሉ ኣብቂዑ፡ ሰራዊቱ ድማ ገሊኡ ምሩኽ፡ ምውትን ቁሱሉን፡ ንብረቱን ብረቱን ተመንዚዑ ኣብ ኢድ ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ ጥራሑ ዓዱ ምስ ተሳገረ፡ ንዝተሓልፈ ከቢድ ቃልስን ድልያን ናጽነትን፡ ጽንዓት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣመልኪቶም ማሰኛ ነጋሽ ሳግላ ኣብ እዋኑ ከምዚ ኢሎም ከም ዝነበሩ ኣይርሳዕን።

ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ዓለም ኣንቀጥቀጣ
ናይ መሪተን ጸገም ምስ ፈለጣ
ቀምሽን ንስረ እናለወጣ
ከም ኣሕዋተን ምስ ወደያ ቁምጣ
መትርየስ እናተሓንገጣ
ጸላኢ ኣርኪበን ብጨበጣ
ብጭሕሙ ሒዘን እናወጠጣ
ከብዱ ረጊጸን እናጥረጣ
ንሃገረን ዓወት ዘጨበጣ....

ኢሎም ነይሮም።ከም ዝፍለጥ ኣብ ሃገርና ክኢላታት ማሰን መልቀስን ኣብ ውሽጢ ጸላኢ ኲይኖም፡ ብውክልና ዕንበባ፡ ገረብ፡ ገዛ፡ ጎቦ፡ እምኒ፡ ንብረት፡ ውሕጅ፡ እንስሳታት ሞሮር.....እናገበሩ ንሰውራዊ ቃልሲ ኣብ ምብርታዕ እጃሞም ኣበርኪቶም እዮም። ኣብ መርዓን ቀብርን፡ ጥምቀትን ድግሳትን፡ ከብካብን ኣኼባታትን ኣብ ዝተረኽበሉ ድማ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎም ኣምሲሎም ንመተንፈሲ ሰውራዊ ቃልሶም ኣብ ቀብርን መርዓን ኣብ ዝተረኽበሉ ኣጋጣሚታት፡ እቶም ተበዓት እጃሞም የበርክቱ ከም ዝነበሩ ኣይርሳዕን።ሓደ እዋን ኣቦይ ገብረልዑል ሃይለማርያም፡ ንኣበርክቶን መንፍዓትን፡ ንቅያን ውሕልነትን፡ ንጻዕርን ሓርኰትኰትን ቅያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣመልኪቶም ኣብ 2005 ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ኣሸሓት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቅርዓት ኤክስፖ ምስ ተኣከበ ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ነይሮም።

ከመይ ኢኻን የስምዓ የድምዓ
ሰንኪተን ዘብሰላ፡ ለዊሰን ዘብኩዓ
እስከ ኣንጨብጭብ ኣጣቃዓ
እስከ ዓልላ ዘመንክን መጺአ
ብደረጃ ዓለም ስምክን ተጸዊዓ
ይኣክልኪልዎ ዝሓለፈ ወጽዓ
ወሊደን ኣጥብየን ዘዕበያውን ቆልዓ
ብከላሽን ገይረን ዝጻፍዓ
ታንክታት ዓጢቐን፡ ንጸላኢ ደም ዘንብዓ
ኣሕዋት ይከኣሎ'ወ ሰላልዓ
ኣብ ዝባና ደይበን ታንኪ ዘባርዓ
ፈታዊ'ተመጸ ይጋንዓ
ጸላኢ እንተመጸ እስከ ንዓ

ብተመልከተለይ ግንባሩ ዝወቅዓ

ፈታፈተን ስድራኣን ዙብልዓ

ወረ ኣላተን ተወሳኺት ከኣ

ምለሊኽ ሓጺብን እንካ እዚኣ

ከራጥጣ ኣለወን ክኾርዓ

ክዳንያ ኣለወን ክፈርዳ ክሰርዓ

ብርሃን ገዛ እንደየን፡ ጾሓይ ጾመርብዓ።

ኣቦይ ገብረልዑል ኣብ ማሰኦም “ፈተኣዊ እንተመጸ ይጋንዓ” ክብሉ እንከለው፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብሰላምን ፍቕርን ንዝመጽኣን ሕልፊ ገይረን ዝቕበላ ደለይቲ ጽቡቕ ምኳነን ንምርዳእ እዩ። ካብዚ ወጻኢ ምስ ዝኾውን ግን፡ ቅልጽመን ዘይምሕር ምኳኑ ንምግላጽ ዝዓለመ እዩ።

ዓውዲ ኽንኣ ዓዲ፡ ካብ ሓሳራን መከራን

ኣውጺ ኽንኣ ዓዲ ካብ ጭቆናን ጃህራን

ኣውጺ ኽንኣ ዓዲ ካብ ስሕለትን ካራን

ምስ ኣርኣ ኽንኦ ጸላኢ በትርን ዱላን

ኰይኑ ተረፈ ህድማን ዝላን

ተዛሕዚሐ ደኣ ሬሳኡ፡ ኣብ ጎቦን ኣብ ዛላን።

ኢሎም ከም ዝነበሩ ዝኽሪ ትማሊ እዩ። ኣቦይ ዑስማን ኣብ ግጥሞም፡ “ሰጊርክንኦ ንከበሳን ሳህራን” ክብሉ እንከለው፡ ‘ሳህራ’ ማለቶም ንሃሩር፡ ምድረበዳ ማለቶም እዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ምስ ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ኣቦይ ዑስማን ትመሳሰል፡ ማሰኛኣቦይ ሓዲሽ ገብረገርግሽ ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ኣብ 2025 ከምዚ ኢሎም ነይሮም።

ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ናጽነታ ከም ዝተጓናጸፈት ይፍለጥ። ኣቦይ ዑስማን ዳምር (ሓጭራይ) ቅድሚ 20 ዓመት ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ንሓርበኛነትን ውዕለትን፡ ፍሉይነትን ብሉጽነትን ተጋዳሊት ኤርትራዊት ኳል ኣንስተይቲ ማእከል ገይሮም ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ነይሮም።

ከመይ ኢኽን በዓል ጅምዓን ክብራን

ከመይ ኢኽን በዓል ፋጥማን ሳራን

ከመይ ኢኽን በዓል ኣዜብን ዛህራን

ኰይንክን ከበሮን እግሮን

ከም ኩዳን ከም ስብራን

ሰጊርክንኦ ንከበሳን ሳህራን

ከመይ ኢኽን ስተልን ህይወትን

ከመይ ኢኽን ዘይኑብን ሙብራትን

ተሳኒኽን ከም ስኒን ኩርምትን

ሳላ ዝመከትክትን ብኒሕን ትብዓትን

ረኺብክንኣ ክብረትን ዓወትን

ተሸኒንክን ዝናን ሽመትን

ኣምጺ ኽንኣ ሰላም ናጽነትን

ወለዲ ኽንኣ ፋኑስን ሙብራህትን

ኣንጊስክንኣ ራህዋን ቅሳነትን

ወይልኡ ንዓኽን ክብድል ዝፍትን

ብሸጉጥክን ገይርክን ተብልኦ ብትን።

በሉ’ሞ፡ ቀጺሎም ኣቦይ ሓዲሽ ዕልልታን ደስታን ስለዝደመቐ፡ ወኖም ተበራቢሩ ነጻላኦም እናተወንዘፉ ከምዚ በሉ።

ሳላሳ ዓመት ኣብ ሳሕል ተጋዲለን

ሰለስተ ወራራት ብጽንዓት ኣፍሺለን

ኣብ ናቕፋ በዓቲ ኣይነበረን ዘዕቘለን

ዳዕሮ ኣይነበረን ዘጽልለን

እምባ ኣይነበረን ዝኽውለን

ኣብ ማእከል ጎልጎል መስዋእቲ ከፊለን

ኣንታ እቲ ዕጥቒ ኸ ክንደይ የጸብቐለን

ውልዶ ጽሕዲ ዝመስል መሸከለን

ብክብሪ ተሓልዩ መሰለን

ብቕልጽመን ኣምጽኣንኦ ብሓይለን

እዚ ተባዕ መንግስቲ ከኣ ኣዊጅለን

ሚኒስተራት ኰይነን ብኩለን

ኣብ መዓንጣኣን ሽጓጉጥ ተኾልኩለን

ነዚኣን ኣይግባእን ክትብድለን

ብጽንዓተን ባንዴራ ኣንበልቢለን

እስከ ዕልል በሉ ኣንጨብጭቡለን።

ኣደታትናʼወ ዝዋግኣ ንመሬት ንርስቲ

ኣብ ባሮኳ ዝመውት ሰብ ቢራ ክሰቲ

መቓብረን ይነስነሶ ሰቲ

ሞት ብሞቱ ንዘልኣለም ጥንቲ

ጽቡቕ እዩ ታሪኽ ዘለዎ መስዋእቲ

ኣደታት ጸሓይ ኢኽን ናይ ሃገር ሙብርህቲ

ጅምዓት ኢኽን እቲ ክቡር መዓልቲ

ሰንበት ኢኽን እቲ ክቡር መዓልቲ

ማንም ዘይረኽበን ከም ሳዕሪ ጸናዕቲ።

ምስ በሉ፡ እንደገና ቁርብ ኣስተነፈሱ’ሞ፡ ጨብጨባን ታሕጓስን፡ ደስታን ሰሓቕን ህዝቢ ሰፊነ’ሞ ኣብኣ እንከለው ኣልጊቦም፡

በዓል ኣፍሮ እየን ሎሚ ዝውደሳ

ብሬን ምስ ኣርብጂ ዝተኰሳ

ኣብቲ ቀጣን ሰጋለት ዝተኰሳ

ኣብቲ ግንባር ሓልሓል ዝተኰሳ

ክንደይ ክፍለጦራት ዝመልዓሳ

ምስ ተመን ገባብል እናደቀሳ

ምስ ኣራዊት በረኻ እናተቃለሳ

ክምህ እንክይበላ ደፊነን ሳላሳ።

ሎሚ እስከ ይነኣዳ፡ ይነኣዳ

ሚላኖ ለቢሰን እንክኸዳ

ዙርያ ምስቲ ጥልፊ ለቢሰን እክኸዳ

ከም ታቦት ንኹሉ ዘስግዳ

ኣደታተይ ማህጸንክን ወሲዳ

ንበዓል ይከኣሎ-ዋርሳይ ዝወለዳ።

ምስ በሉ፡ ህዝቢ ሰገነይቲ ከም ዕስለ ንህቢ ክሽልሞም ከም ዝተገልበጠ፡ ምሳኦም ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ዝገብርኩዎ ቃለመሕተታት ኣብ ኣዕሊሎምኒ ነይሮም።

ብሓፈሻ፡ ኣፋውያን ስነ-ግጥምታት ቀዳሞት ሕብረተ-ሰብና ክንምልከቶም እንከለና፡ መልኽእቶምን ኣገልግለቶምን ኣዝዩ ልዑል እዩ። እዞም ጥበባት እዚኦም ልዕሊ ተተኳሲ ነገራት ተወንጨፍትን ተባራዕትን ኣጽዋር እዮም። ኣብ እዋን ጸገምን ወራርን ህዝቢ የጓሳጉሱን የኸትቱን፡ ይውድቡን የተስፍውን፡ የጽንዑን የትብዑን። ውራያት'ውን የጸብቑ። ብርታዔኦም ብቀሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን።ናጽነት ህዝብና ክምንዛዕ እንከሎ፡ ድርዒ ሓፋሽ ኰይኖም ኣተባቢዖምን ኣጸናኒዖምን። ኣብ እዋን ልምዓትን ህንጸትን ሃገር ድማ፡ዋልታን ሞተርን ኰይኖም ኣብ ሕብረተ-ሰቦም ዓይዮም። ቅንያቱ ቅንያት 8 መጋቢት ምዃኑ ድማ፡ ንቅያ ደቀንስትዮና ተባሂሎም ካብ ዝተገጥሙ ማሰታት እኹላት ምስክር እዮም። መትኒን ርእሰ ጥበባት ባህልና ስለዝኾኑ። ንዝተሓልፈ ሕልፈትን ገድልን፡ መስዋእትን መቀኣሰልትን ጽቡቕ ገይሮም ይትንትኑ።

ኣደይ ኣበባ ሃይለ ንጉሰ ውርይቲ ማሰኛን ዕጥቕቲ ሰበይቲ ከም ዝነበራ እዩ ዝዕለለን። ኣብ ዝተፈላለየ ኣገደስትን ወሰንትን መድረኻት ምስ ዝሕጕሳ ከም መግለጺ ሓጐሰን ማሰ ይብላ ከም ዝነበራ ይውረየለን። በንጻሩ ኣብ ዘሐዝን ናይ ሞት ኣጋጣሚታት ድማ፡ ንኸብዲ ዝበልዕ ደጕዓታት (መላቕስ) የስምዓ ምስንባረን ይዝንቶ። ኣብ ፈለማታት ናጽነት ኤርትራ፡ ናብ ቃልሲ ዝወፈራ ኤርትራውያን ደቀን ናጽነት ሒዘን ደበኽ ምስ በላ፡ ከምዚ ዝስዕብ ንጅግንነተን ዝበቅዕ ግጥሚ ከም ዝገብራለን ኣብ ዝኽሪ ነፍሲ-ወከፍ ህዝቢ ከባቢአን ኣሎ።

ኣንታ እዘን ደቅና ዘለወን ምረቃ

ብዕልልታ ውራየን ዘድምቃ

ንውራይ ንኲናት ንሰን ዘዕጠቓ

ብሽግር መከራ ኒሐን ዘየውድቃ

ሳሕል ዝዓደን ዝናፈቃ

ናይ ወለደን'ወ ዘለወን ምረቃ

ብዶሽካን መድፍዕን ዝዋደቃ

ብጎረሮኡ ጸላኢ ዝሓንቃ

ንደርገኛታት ብጽንዓት ዘሕመቃ

ከላሽን ምስ ሽጉጥ ዝዓጠቃ

ብትብዓተን ናጽነት ዘብረቃ

ሎሚ እምበር'ዩ መርዐአን ይሓንቅቓ

ሕጂ እዩ ዝግበአን ክውረቃ።

ምስ በላ፡ ብምልኡ ህዝቢ ተንሲኡ ከም ዘጣቃዓለንን ዓሽ ከም ዘበለለን ይፍለጥ።

ሓርበኛ ተቃላሲት ኣደ ኣደይ ዘይነብ ያሲን እንተኾና፡ ብቋንቋ ትግራይት ዝገጥመኦም ዝነበራ ውቁባትን መሸከል ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ግጥምታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። እቶም ግጥምታት፡ ብዛዕባ ሓድነትን ስኒትን፡ ሓልዮት ተጋደልቲ፡ መሰል ደቀንስትዮ ዝጣበቕ፡ ንውዳበን ጽንዓትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘባራትዕ ግጥምታት እዮም። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኤርትራን ሱዳን እናዞራ ድማ፡ ልቢ ሓፋሽን ተጋዳላይን ዝኾኑ ትሕዝቶታት ድማየቕርባ ነይረን። ኣደይ ዘይነብ ሕልናአንን ግጥመንን 'ሃገር' ዝብል መዝሙር እዩ። ኣነቃቓሒን ወዳቢን፡ መሃርን ኣጓሳጓስን እዩ።

ኣጆኹም ደቂ ዓደይ

ንጽናዕ ንትባዕ ጥራሕ

ዓወት ናትና እያ

ናጽነት ቀሪባ'ያ

መንእሰይ ተባራበር

ኣድሕን ህዝብኻ፡ ኣድሕና ንሃገር.....

ዝሕመረቱ እዩ። ብዛዕባ ደቀንስትዮ ዝገጠሞቶ ከኣ ብዙሕ እዩ። በዚ ቅንያትን ኣጋጣሚን ነደይ ዘይነብ ምዝካር ኣኻሊ እዩ። ፍርያት ግጥምታታ ግን፡ ኣብ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ስለዘሎ ካልእ እዋን ብፍሉይ ከነቕርቦ ኢና።

ክቡራት ኣንበብቲ መመጽሔት ኣግእዞ፡ ኣፋውያን ግጥምታትና ኣብ ህይወት ሕብረተ-ሰብና ዝነበሮ ሓይሊን መልእኽትን ከምዚ ዘንበብናዮ እዩ። ኣካል ቃልስን መኸተን፡ ልምዓትን ወፍርን ኰይኖም ህዝቢ ኣብ ምጉስጓስን ኣብ ምንቃሕን ምዕጣቕን ዝነበሮም ቦታ ንማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን። ኣብ ኩለን ብሄራትና ዘለው ጥበብ ኣፋዊ ያታትና ካብ ምህሳሶም ብኽምዚ ገይርካ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ክዕቀቡን ክጥርነፉን ይግባእ። ምኽንያቱ ልቦና ሕብረተ-ሰብና ዝገልጹ መቅድም ስለዝኾኑ።

ደቂ - ኣንስትዮን ኣከባብን

ድጉል ሓይሊ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ናብዮት ኣከባቢ

ዓንደም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

ኣባል ክፍሊ ኣከባቢ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን - ጩንፈር ህይወታዊ ብዙሕነት ተመዲባ ብዝተማህረቶ ዓውዲ ትሰርሕ ዘላ ስኒት ስምኦን፡ ኣባል 30 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትያ። ስኒት ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ማትሪክ 3.4 ነጥቢ ተገዚማ ናብ ኮለጅ ማይነፍሒ ተጸንቢራ። ኣብ ትምህርቲ ዝያዳ ካልእ፡ ኣብ ዓውዲ ስነ-ህይወትን ስነ-ልቦናን ከምእትግደስ እተጠቀሰ ስኒት፡ ኣብ ኮለጅ ማይነፍሒ ሓደ ዓመት ምስተማህረት፡ ናብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ'ያ ኣምሪሓ። ኣብኡ ናይ ሰለስተ ዓመት ናይ ኮለጅ ትምህርታ ድሕሪ ምክትታል፡ ኣብ 2022፡ ብዓውዲ ሃብቲ መሬትን ኣከባቢን (Land Resource and Environment) ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ። ንሎም ዓምዲ፡ 'ደቀንስትዮን ኣከባቢን' መጽሔት ኣግእዞ፡ "ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ምዕቃብን ምሕላውን ኣከባቢ እንታይ ይመስል?" ንዝብል፡ ምስኣ ዘካየድዶ ዕላል ይስዕብ።

ደቀንስትዮ ዓቢ ክፋል ናይ ኣከባቢ ብምዃንና፡ ኣብ ኣከባቢ ዘሎና ኣቓልቦ ዝያዳ ካልእ ዕዙዝ ይገብሮ። ከምቲ ዕቃብ ውሑስ ኣከባቢ፡ መሰረታዊ ውሑስ ዘላቕነት ሕብረተሰብ ምዃኑ ዝግለጽ፡ ኣብ ዓለም ከም መላግቦ ስድራ-ቤት፡ ሕብረተሰብ፡ ሃገርን ዓለምን እነቐውም ደቀንስትዮ ድማ፡ መሰረትቲ፡ ሓብሓብቲ፡ ዋሕስ፡ ከምኡ'ውን መራሕቲ ብምዃን ንቁመና ዓለም ኣብ ምምእዛን ቀለስቲ ምዃንና ምርዳእ የድሊ።

ጥዑይ ኣከባቢ፡ ዝተማሓየሸ ክሊማ ኣየር፡ ጽሩይ ማይን ፍርያም ሓመድን ይሓቱ። ጥዕና ናይዞም ዝተጠቕሱ ድማ፡ ስሰና ህይወታዊ ብዙሕነት ብምትርናዕ፡ ዕምሪ ደቂ ሰብ የናውሕ። ውሕስነት መግቢ የረጋግጽ። ተፈጥሮ ውቁብ ምስሉ ሒዙ ክነብርን፡ መስሕብ በጻሕቲ ብምዃን ቀኣጠባዊ ዕብየት ሕብረተሰብ የጐልብት። እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ ግን፡ ሰባት ከባቢ ኣብ ምዕናው ይቕረ ዘይበሃሎ ሓደገኛ ስራሕ ከንፍጽም ጸኒሕናን ኣሎናን። ኣብ መስርሕ ምቕርሐ ተጠቃምነት ጸጋታት፡ ዘይቅርዑይ ኣጠቓቕማ ብምዝውታር፡ ንጸጋታት ኣከባቢ ልዕሊ መጠን ብምብዝባዝ፡ ልዑል መጠን ጐሓፍ ብምፍራይ ብከላ ብምፍጣር፡ ንውቃብ ኣከባቢ ብምድዋን ንዓለምና ኣብ ምምዳዋ ንርከብ። ሰሪዚ ዘይውሕሉል ኣገባብ ኣካይዳና ድማ፡ "ጭጉራፍ ባዕላ ወቒዓ፡ ባዕላ ተእዊ" ከምዝበሃል፡ ተግባራና ንዝእ ርእስና ጥዕናውን ቀኣጠባውን ሃሰያ ክነውርድ ንርእ። ዝያዳ ግዳያት ናይዚም ኣሉታውያን ውጽኢት ድማ ደቀንስትዮ ኢና።

ደቀንስትዮ፡ ምስ ኣከባቢ ዝተቀራረበ ስምዒታዊ ምትእስሳር ብዘለና መጠን፡ ኣብኡ፡ ኣብ ሰባትን ስነ-ህይወታዊ ብዙሓትን ዝወርድ ዕንወትን ቀሊል ዘይኮነ ስምዒትዩ ዝፈጥረልና። ዕማማት ደቀንስትዮ ኣብዚን ኣብቲን ተባሂሉ ዝድረት ኣይኮነን። በዚ መንጽር፡ ብኹነታት ስድራናን ሕብረተሰብናን ዝያዳ ሓላፍነት ስለ እንስከም፡ ዕቀባ ኣከባቢ ከኣ ብዘይመጠን የገድሰና። ምስ ዕለታዊ ናብራና ዝተኣሳሰር፡ንሙብሰሊ መግቢ ዘገልግሉ ምስ ምእካብ ዕንጸይቲ፡ ምጉራት ማይን ነዳዲን ዝተላፈነዩ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ምዕቃብ ተፈጥሮ ዝግበር ስራሓ፡ ዳግመ ምምስራሕ ነገራት፡ ምቕናስ መጠን ጐሓፍ፡ ምዕቃብ ማይን ጸዓትን ወዘተ. ዝካየድ ቃልሲ ኣበርክቶና ገሊጽካ ዝብጻሕ ኣይኮነን።

ከም ሕብረተሰብ፡ ደቅናን ስድራናንን ኣብ ምንባይ ሓላፍነት ዘለና ደቀንስትዮ ኢና። ኣብ ኣከባቢ ዕንወት ወይ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ድሕነት ደቅናን ሓዳርናን ቀዳምነት ስለንሰርዕ ድማ፡ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ንድሕነት ኣብ ዝግበር ቃልሲ ብድሆ ኣለና። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ንሓደጋ ዝተቓላዕና ኢና። ብከላ ኣየር ከም ኣብነት ምስ እንወስድ፡ ኣብዚ ዝያዳ ካልእ እንጥቃዕ፡ ኑብስ-ጸራት ኣደታት ኮይንና፡ ኣብ ስርዓት-ምስትንፋስን ወሊድን ጸገም የስዕበልና። ነዚ ንምግታእን ኣብ ኣከባቢ ንጹህ ኣየር ክህሉ፡ ሓደ ረቛሒ ካብ ቃልስናዩ። ነዚን ካልእን ምርኩስ ዝገበረ፡ ትኹረት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ዕቃብ ኣከባቢ ብብዙሕ ኣብነታት ኣሰኒና ክግለጽ ይከኣል። ቅያ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናጽነት ኣብ ምምጻእ ድሕሪ ናጽነትውን፡ ብኹናት ዝዓነወ ትሕተ-ቕርጺን ጸጋታታ ሃገር ኣብ ምፍዋስ ዝተበገሰ ልምዓት ዳግመ ህንጻን ብምስታፍ፡ ስዒቡ ዝመጽእ ተጸብኦ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምኽባር ዝተሰገረ መስገደል፡ ካብዚ ተፈልዩ ዘይርእ፡ ምዕቃብን ውቁብ ኣከባቢን ኣብ

ምውሓስ ካብ ዘቤታዊ ክሳብ ብደረጃ ሃገር ዝካየድ ዕማማት ወፈራታት ጽሬት ኣብ ቅድሚት ብምስላፍ፡ ብሓላፍነት ወትሩ ምስ መርሕናን ምስ ኣመሓደርናን ኢና።

ኤርትራ፡ ደረቓዊ ክሊማ ኣብ ዝተጠቕዐ ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተደኮነት ብምዃና፡ ብድሆ እኳ እንተኾነ፡ ነዚ ብድሆ ንምምካት ደቀንስትዮ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ተሰሪዕና፡ ኣብ ገሲጋስ ልምዓታዊ ንጥፈታት ሃገርና ብዙሕ መስገደላት ሓሊፍናን ሰርና በተኻዊ ለውጢ ኣብ ምምዝጋብ ጸኒሕናን ኣለናን። ከም ውጽኢት ናይዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰን ቀጺሉ ዝጥቀስን ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ትኹረት ዝኑበር ወፈራዊ ንጥፈታት ጽሬትን መስርሕ ገረብን ምግራብን፡ እነስተንፍሶ ዘለና ንጹህ ኣየር፡ ንንጡፍ ተሳትፎን ጉልበት ኤርትራውያን ደቀንስትዮና ዝምስክርዩ።

ጸዓት፡ መትኒ ኩሉ ንጥፈታትዩ። ኣስታት 80 ሚእታዊት ካብ ሕብረተ-ሰብና፡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርኮሰ ህይወትዩ ዝመርሕ። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ዕለታዊ ህይወቱ ዝመርሕ ሕብረተ-ሰብ፡ ብዘይ ገረብ ክነብር ኣይክእልን። በዚ ድማ፡ ገረብ ትንፋሱ መትኒ ሰር ደሙ ገይርካ ክግለጽ ይከኣል። ትርጉም ገረብ ካብ ኣብ ከተማ ነቲ ኣብ ገጠር ዝነብር ሕብረተ-ሰብ ዝያዳ የገድሶ። ኣባይቱ፡ ኣቕሓ ገዝኡ፡ ናውቲ ማሕረሱ፡ ሓጹር ግራቱ፡ ፈሓም፡ ዕንጨይቲ...ውጽኢት ናይቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ገረብ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ እናተባለ ዝበርስ ገረብ ከኣ ማእለያ የብሉን።

መሰረታዊ ፍታሕ ናይ ጸዓት ክሳብ ዝወሓስ፡ ኣብቲ ንዕንጸይቲ ተባሂሉ ዝበርስ ገረብ ንምቕናስ (ንምጒዳል)፡ ካብ ባህላዊት መጎነ ኣብ ተጠቃም ዕንጸይቲ ዝተፈልየት፡ ብውሑድ ዕንጸይቲ፡ ካብዚ ሓሊፉ'ውን ብገፈጥ-መፈጥ፡ ቈጽለ መጽለን ካልእን እንገይራ እተብስል ኣድሓነት ዝተሰምየት ሞጎ ተሃንዲሳ። ብምትሕብባር ኣሃዱ ዕብየት ናብራ ሚኒስትሪ ሕርሻን ጸዓትን

መዓድንን ድሕሪ ዝተኻየደላ ብዙሕ ፈተነታት'ያ ካብ 1994 ጀሚራ ኣብ ሃገርና ተኣታትያ። ካብ መጋቢት 1998 ከኣ እዚ ሕጂ ዘላቶ ደረጃ ሒዛ ኣብ ስራሕ ክትውዕል ጀሚራ። እቶም ዝበዝሑ ተጠቀምቲ ናይዛ ኤርትራዊት ምህዞ፡ ኣብ ገጠርን ሓውሲ ገጠርን ዝርከቡ'ሞ፡ መስመር ኤለክትሪክ ዘይኣተዎ ዓዲታታን ወሰናስን ከተማታትን ዝነብሩ ዜጋታት'ዮም። ግደ እዛ መጎነ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ድማ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። እዚ ዘርእየና፡ ደቀንስትዮ ንጽህናን ምዕቃብ ኣከባብን ኣብ ምምካት ቅሩባት ምዃንና ዘመልክት'ዩ።

ጒስጓስ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣበሪኹ ሱር በተኻዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ካብ ዝሕግዙ ወይ ዘኽእሉ ሜላታት ሓደ'ዩ። ሓንቲ ኣደ ንውልዳ ከተንቅሕ፡ ፈለማ ንሳ'ያ ክትነቅሕ ዘለዋ። ንሳ ምስ ነቕሓት ከኣ ውሉዳ ብንቕሓት ትሃንጽ። "ቈልዓ ብንእሱ፡ ቈርበት ብርሑሱ" ከምዝበሃል፣ ክብ ኢሉ ከምዝተገልጸ ኣደ፡ እወታዊ መስርሕ ልምዲ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብን ናብ ውሉዳ ኣብ ምስራጽን፡ ግእዝ ግደኣ ትጻወት። ኣብዚ መዳይ ኣደታት ንደቅና ጥዕና ኣከባቢ ንምሕላው ብኸመይ ኣገባብ ነስርጸሎም፡ ሜላታት ምፍላጥ የድልየና። ብቐሊሉን ብዝርድኦምን ኣገባብ፡ ግብራዊ ስራሕ ክንምህሮም ይግባእ።

ምትካልን ምኽስኳስን ኣግራብ፦ ገረብ፡ ኣከባቢ ኣብ ምዕቃብ፣ ጽሩይ ኣየር ኣብ ምውሓስ፣ ውቑብ ምስሊ ግርማ ትርኢት መሬት ኣብ ምሃብ፣ ምዕቃብ ሚዛን ስርዓተ መሓድሮ ኣብ ምሕላው፣ ምርግጋእ ክሊማዊ ለውጥን ምብዳህ ብከላን፣ ምዕቃብ ማይ ወዘተ. እዚን ካልእን ረብሓታቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ቈልዑ ገረብ ናይ ምትካልን ምኽስኳስን ልምዲ ከማዕብሉ ክምልመሉን ግደ ኣደ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ።

ግብራዊ ትምህርቲ ጽሬት፦ ደቀንስትዮ፡ ከባብያዊ ጽሬት ኣብ ምውሓስ ኣብነት ብምዃን ንደቅና፡ ስድራና፡ ካብዚ ሓሊፍና ንኸባቢና ንጸሉ። ዝበዝሕ እዋን ህጻናት ልዕሊ ቓል ግብሪ ወለዶም ብምዕዛብ ይመሃሩ። ስለዚ ጥዕና ኣከባቢ ዝሕሎ፡ ውሑስ ኣተኣላልያን ኣወጋግናን ጒሓፍ ሓደ ረቛሒ ምዃኑን፡ በዚ መንጽር ድማ ርህው መጻኢ ጥዕና ሕብረተሰብ ዝወሓስ ምዃኑ፡ ደቅና ክፈልጡ ክንምህሮም ይግባእ።

ምውጋድ ምጥቃም ፕላስቲክ፦ ፕላስቲካዊ ጒሓፍ ክምሽምሽ ዝኽእል ኣይኮነን። ናብ ደቂቕ ዓቕን ብምስብባር ድማ፡ ኣብ ማይን መግብን ተጸንቢሩ ንሰባት ንሕማም መንሽሮን ካልእን ንዝተመገብዎ እንስሳታት ድማ ንሞት የቃልዕን። ብዘይካ'ዚ፡ ውቃብ ኣከባቢ ይድውን ኣትክልቲ ሰራውሮም ማይ ከይበጽሖም የዃናድብን። መትረባት ረሳሕ ፈሰስቲ ብምዕባስ፡ ዙረት ፈሳሲ የሰናኽል። ደቀንስትዮ፡ ነዚ ብምርዳእ፡ ኣብ ኣወጋግና ፕላስቲክ ንቕሓትና ከነበርኽ ይግባእ።

80 ሚእታዊት ሃለኽቲ ናይ ምዕዳግ ውሳኔታት ኣብ ሕብረተሰብና ብደቀንስትዮ'ዩ ዝካየድ። ስለዝኾነ፡ ጒሓፍ ዘውሕድ ብሓፈሻ፡ ሳዕቤን ፕላስቲክን ካልኦት ሓደገኛታት ጒሓፋትን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ምስ ኣከባቢን ጥዕና ሕብረተሰብናን ዝሳነን ፍርያት ኣብ ምምራጽ ብዕቱብ ክንጥምቶ ይግባእ። ኣብ መስርሕ ዳግመ ፍወሳ ዝዓረቐ መሬትና ተጠናኺሩ ኣብ ዝሰላሰል ሃገራዊ ወፈራዊ ዕማም ልምዓት ምስራሕ (ከትሪታት፡ ዛላታት፡ ህንጻት ከዘንቲ ማይ ራህያታት፡ ዲጋታት፡ ምትካልን ምኽስኳስን ፈልሲ ኣግራብን ወዘተ.) ንተሳትፎና ኣጒሊሑ ዘርእን ዝምስክርን'ዩ። እዚ ኩሉ ምስ ተደረበ ዕማም ዕዮ ገዛን ምእላይ ስድራን ኣጣሚርካ ክርአ፡ ደቀንስትዮ ዘይንጸዓድ ንያት ከምእንዉንንዩ ዘርኢ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ጽሩይን ውቑብን ኣከባቢ፡ ህጻናት ብኣካላውን ኣእምሮኣውን ተሃኒጾም ጠንኪሮም ይሕግዝ። ኣብዚ መዳይ፡ ጥዕና ደቅና ክሕሎ፡ ንጽህና ኣከባቢ ክሕሎ ከምኡ'ውን ቅርዑይ ምሕደራ ጺጋታት ኣከባቢ ክወሓስ ደቀንስትዮ ኣበርክቶ ክዓዝዝ ክንተባባዕ ይግበኣና። እዚ ንኺይከውን ግን፡ ኣብ ዓለም ብሓፈሻ፡ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ፡ ዓቢ ብድሆ ኮይኑ ዘሎ፡ ተሳትፎ ኣብ ምሕንጻጽን ምንዳፍን ፖሊሲታት ውሑስ ምሕደራ ኣከባቢን ካልእን ንደቀንስትዮ ዘዋስንን ድሩትን'ዩ።እዚ ኣተሓሳስባ ንበሎ ኣረኣያ ክስበር፡ ደቀንስትዮ ሓያል ቃልሲ ከምዘድልየና'ዩ። እዚ ይኹንምበር፡ ምስጋና ዝግብኣን ትምህርተን ዛዚመን ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ጽላታት ትካላት ኣከባቢ ተመዲበን ጥዕና ኣከባቢ ዘውሕሱ ሕግታትን መምርሒታትን ኣብ ምውጻእን ምምሕዳርን ምቍጽጻርን ዕዙዝ ግደ እንጻወት ሓርበኛታት ተቓለስቲ ኣከባቢ፡ ደቀንስትዮ ምህላውና ግን ምዝካር የድሊ። በዚ ከይተደረትና፡ ንጽህና ባሕሪን ገማግሙን ኣብ ምውሓስ ዝካየድ ኣድማዒ ስራሕ፡ ናብ ባሕሪ ዝጒሓፍ ጒሓፍ ምፍራይ ኣብ ምቕናስ፡ ምትካል ገረብ ሾራን ካልኦት ኣግራብን ኣብ ገማግም ባሕሪ ክንነጥፍ ኣለና።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦው ክምስሉ፡ **<u>'ሕሹኽታ ሰበይቲ፡ ካብ ደምጺ መድፍዕ ይብርትዕ!'</u>** ከም ዝበልዎ፣ ወፍሪ ኣብ ደቀንስትዮ ምዕዛዝ፡ ኣብ ኩሉ ጽላት እወታዊ ለውጢ ንምስፍሕፋሕ ብርቱዕ ድፍኢት ዝፈጥርን ንነበሪ ዘላቒ መጻኢ ድማ ባብ ዘርሑውን መንገዲ ብምዃኑ፡ ኣብ ኩሉ እነካይዶ ንጥፈታት ደገፍ መላእ ሕብረተሰብ ከምዘድልየና ምርዳእ የድሊ።

ደቀንስትዮ ዓለም

ኣደ ኮምፒዩተር ቻይና

ተስፋኣለም የማነ

ዓመት 1960፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ከም ሃገር ክትሰርር ከም ዘይትኽእል፡ ብዙሓት ሊቃውንቲ ምዕራብ ዝትንበይሉን ኣፎም መሊኦም ዝዛረብሉን ጽንኩርን ፈታኒን እዋንዩ ዝነበረ። ከመይሲ፡ እቲ እዋንቲ፡ ቻይና ካብቲ ዳግማይ ምስ ጃፓናውያን ወረርታ ን8 ዓመታት ዘካየደቶን ህይወት ሚልዮናት ዜጋታታ ዝገበረትሉን ደማዊ ኲናት ዝገደፈላ ፍጹም ዕንወት፡ ከምኡ ድማ ካብቲ ብድሕሪኡ ዚጋጠማ መሪር ኲናት ሓድሕድ ዘስዓበላ ፍጹም ልምሰት ብድድ ንምባል ምዕይዕይ ኣብ እትብለሉ ዝነበረት፡ በታ እንኮ እምንቲ መሓዛኣ ዝነበረት ሕብረት ሶቬት ከይተረፈ ተጠሊማ ንበይና ዝተረፈትሉ ናይ ኣካሊዳ ግዜ ስለ ዝነበረ። በዚ ከኣ ብቴክኖሎጂ ድሕሪ ኩለን ዓበይቲ ሃገራት ስለ ዝተረፈት፡ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ዓንተር ሰራዊትን ቁጠባን ናይ ምህናጽ ባህጋ ሕልሚ ቀትሪ ኮይኑ ከይተርፍ፦ እንደገና በተን ጉልቡታት ሓይልታት ከይትውረር ስግኣታ ጥርዚ በጺሑ ነበረ። ኣብቲ ናይ ጭንቂ ግዜ ግን፡ ሓንቲ ዋዕሮ ጓል ኣንስተይቲ መድሕን እታ ሃገር ኮይና ተረኽበት። በቲ ዝገበረቶ ታሪኻዊ ኣበርክቶ ከኣ፡ ቻይና ኣብ ዓውዲ ቴክኖሎጂ ርእሳ ክኢላ ክትሰጉም፡ ዝነበራ ናይ ድሕነት ስግኣት ድማ ክቕንጠጥ ጀመረ።

ሺያ ፐይሱ፡ ብ1923 እያ ካብ ምሁራት ቻይናውያን ስድራ ኣብ ከተማ ቻንግቺንግ ተወሊዳ። ገና ኣብ 4 ዓመት ዕድመኣ ምስ ዘመናዊ ትምህርቲ ዓለም ድሕሪ ምልላያ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሽልማት እናዓተረት ብልዑል ነጥቢ ናብቲ ኣብታ ከተማ ዝርከብ ሃገራዊ ማእከላይ ዩኒቨርሲቲ ኣተወት። ኣብ 1945 ድማ ብዓውዲ ኤለክትሪካዊ ምህንድስና ብቐዳማይ ዲግሪ ተመረቐት። ኣብታ ዓመት እቲኣ፡ ካብታ ኣብ ኢድ ጃፓናውያን ወረርቲ ዝኣተወት ናይ ሽዑ ዋና ከተማ ቻይና ዝነበረት ከተማ ናንጂንግ ተፈናቒሉ ዝመጸ ያንግ ላይሚንግ ዝተባህለ መንእሰይ ተላሊያ ፍቕራዊ ዕርክነት ጀመረት። ዕርክነቶም ናብ ቁም ነገር ከይተሰጋገረ እንከሎ ግን፡ ሺያ ፐይሱ ትምህርታ ንምቕጻል ናብ ሻንሃይ ከተምርሕ እንከላ፡ ዓርካ ያንግ ላይሚንግ ድማ ንዝለዓለ ትምህርቲ ፊዚክስ ናብ ዩኒቨርሲቲ ኢደንበራ - ስኮትላንድ ኣቕንዐ። ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ እታ ብፍቕሩን ናፍቖቱን ክትዓብድ ዝደለየት ሺያ ፐይሱ እውን እግሪ እግሩ ብምስዓብ፡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ኢደንበራ ተጸምበረት። 'On Parametric Oscillations in Electric Circuitsand Graphical Analysis for Non-Linear Systems' ብዝብል ኣርእስቲ ሓደ ኣገዳሲ ምርምራዊ ስራሕ ድሕሪ ምቕራብ ከኣ፡ ኣብ 1950 ካብቲ ዩኒቨርሲቲ ብኤለክትሪካዊ ምህንድስናብመዓርግ ዶክትረይት ተመረቐት።

ድሕሪ ምረቓኣ፡ እታ ዓመት እቲኣ ገና ከይተዛዘመት እንከላ፡ ኣብ ከተማ ኢደንበራ ምስ ኣፍቃሪኣ ያንግ ላይሚንግ ቃል ኪዳን ኣሰረት። ክልተኦም መጻምድቲ ብቛንቋ ትምህርቲ ጥራሕ ዘዳምጹ ምሁራት ስለ ዝነበሩ፡ ፍልጠቶም ናብ ዓዶም ተመሊሶም ኣብ ህዝቦም ከፍስሱዎ ተረዳድኡ'ሞ፡ ሕጽኖቶም ወዲኦም ኣብ 1951 ናብ ቻይና ተመልሱ። ክልተኦምውን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሲንግዋ ክሰርሑ ድሕሪ ምቕጻሮም፡ ዶክተር ሺያ ብኡ ንብኡ ንቴለኮሚኒኬሽን ኣብ ዝምልከት ናይ ምርምር ስራሕ ተጸምደት።

ዴሳዊ ሰልፊ ቻይና ነቲ ስልጣን ሒዙ ዝነበረ ሰልፊ ኮሚንታንግ ስዒሩ ናብ ስልጣን ምስ ደየበ፡ እቲ ካብ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ንቻይና ዝምጠወላ ዝነበረ ኩሉ መዳያዊ ሓገዛትን ደገፋትን ደው በለ። እቲ ብማኦ ዝምራሕ ዝነበረ ዴሳዊ ሰልፊ ቻይና ከኣ፡ ንሃገራት ምዕራብ ሕቖኡ ብምሃብ፡ ገጹ ናብታ ብሰሜን መዳውብቲ ቻይና ዝኾነት ሕብረት ሶቬት ኣዞረ። ንቻይና ናብ ደምበ ዴስነት ብምጽንባር ድማ፡ ምስ ሕብረት ሶቬት ኣብ ስትራተጂያዊ ጽምዶ ኣእተዋ። በቲ ጽምዶ መሰረት፡ ሕ/ሶቬት ንቻይና ኣብ ቁጠባ፡ ስነ ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ክትሕግዛ ጀመረት። ዶክተር ሺያ ፐይሱ ከኣ፡ ኣብ ዉሽጢእቲጽምዶሓንቲካብቀንዲተዋሳእቲ

ሊ ቃውንቲ ቻይና ኮይና ተንቀሳቐሰት። ኣብ 1953፡ ምስ’ቶም ኣብ ኣካዳሚ ስነ ፍልጠት ቻይና ኮይናም እታ ሃገር ናይ ገዛእ ርእሳ ኢንዱስትሪ ኤለክትሮኒካዊ ኮምፒዩተር ንምምዕባል ምርምር ዘካይዱ ዝነበሩ ክልተ ዓበይቲ መሃንድሳት ተጸንቢራ እጃማ ከተበርክት ተመዘዘት። ኣብቲ እዋንቲ፡ ኣመሪካ፡ ሕ/ሶቬት፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ድ ሒ ራ ድማ ፈረንሳ ኣብ ዘሰላስላኦ ዝነበራ ከም ምምዕባል ሳተላይታት፡ ምምዕባልን ምፍታንን ኑክሌሳዊ ኣጽዋር፡ ምሕደራ ሰፊሕን ዝተሓላለኸን ስርዓተ መጓዓዝያ ዝኣመሰለ ንዓቕሚ ምክልኻለን ዘሐይል ስትራተጂያዊ መደባት፡ ኣገዳስነት ኤለክትሮኒካዊ ኮምፒዩተር ወሳኒ ምዃኑ ብግብሪ ኣረጋጊጸንኦ ስለ ዝነበራ፡ ቻይናውን ኣሰር ኣሰረን ክትስጉም እንተ ኮይና፡ ቅድሚ ዝኣገረ ናይ ባዕላ መደብ ምምዕባል ኤለክትሮኒካዊ ኮምፒዩተር ከተበግስ ከም ዘለዋ ኣሚና እያ ነቲ ምርምር በዞም ሰለስተ መሃንድሳት ኣንቀላቶ።

እንተኾነ፡ መራሕቲ ቻይና፡ ንቕድም በቲ ዓውዲ’ቲ እናምሃራ ልዑል ፍልጠት ናይ ኤለክትሮኒክስን ማተማቲክስን ዘለዎምን ከመራመሩ ዝኽእሉን ተማሃሮ ዘፍርያ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ከይከፈትካ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ኢንዱስትሪ ኮምፒዩተር ከተማዕብል ከም ዘይካኣል ምስ ዝተገንዘቡ፡ ነቲ ከቢድ ዕማም እትበቅዕ ቀዳመይቲ ሊቕ ዶክተር ሺያ ፐይሱ ኮይና ተረኽበት። በዚ መሰረት፡ ዶክተር ሺያ ፐይሱ፡ ብቛንቋ ሩሲያ ዝተዳለወ ንንድፍን ኣሰራርሓን ኮምፒዩተር ዝምልከት ናይ መምሃሪ መጽሓፍቲ ናብ ቋንቋ ቻይና ተርጎመቶ። ሓደ ካብኡ፡ 1000 ገጽ ዘለዎ ዓቢ መምሃሪ መጽሓፍ ኮይኑ፡ ካብኡ ኮርሳት እናዳለወት ኣብቲ ሽዑ ዝቕመ ሓድሽ ዩኒቨርሲቲ ሳይነስን ቴክኖሎጂን፡ ንቻይናውያን ተማሃሮ ኮምፒዩተር ሳይነስ ክትምህረሉ ጀመረት። ካብዚ ሓሊፉ’ውን፡ ከም ሓላፊት መደባት ስልጠና ተማሃሮ ኮይና ብምስራሕ፡ ብዙሓት ምሁራት ኮምፒዩተር ሳይነስ ኣብ ምፍራይ ልዑል ተራ ተጻወተት። ብዘይካ’ዚ፡ ሊ ቃውንቲ ቻይና ኣብ 1959 ካብ ክልተ ኤለክትሮኒካዊ ኮምፒዩተራት ሕ/ሶቬት (M-13 and BESM-II) ቀዲሓም፡ ‘103 ሞዴል’ ከምኡ’ውን ‘104 ሞዴል’ ዝሰመዩወን ክልተ ኮምፒዩተራት ክሰንዑ ከለዉ፡ ኣበርክቶ ናይ ዶክተር ሺያ ፐይሱ ልዑል ነበረ። ቻይና ኮምፒዩተራት ኣብ ምፍራይ ገስጋስ ከተርኢ ኣብ ዝጀመረትሉ ግዜ ግን፡ ምስ ሕ/ሶቬት ዝነበራ ሽርክና ክሽሕክር ጀመረ። እቲ ምኽንያት፡ ኣብ መንጎ ክልተኦም መራሕቲ ሃገራት ዝተፈጥረ፡ “ንሕና ኢና ማእከል ናይ ዴሳዊት ዓለም፣ ኣይፋልኩምን፡ ንሕናባ ኣብ ቅኑዕ መስመር ዓለማዊ ዴስነት ዘለና፡” ዝብል ክርክርን ባእስን እዩ። ኣብ 1960 ከኣ፡ እቲ ዝነበረ ጽምዶ ፈሪሱ ክልተአን ሃገራት ናብ ከቢድ ምትህልላኽ ስለ ዝኣተዋ፡ ቻይና ካብ ሕ/ሶቬት ትረኽቦ ዝነበረት ኩሉ ዓይነት ሓገዛት (ማተርያላውን ምኽርኣውን) ብሓንሳብ ሰኣነቶ። በዚ ከኣ፡ እቲ ታተ ዝብል ዝነበረ ናይ ኮምፒዩተር ኢንዱስትሪኣ፡ ብዘይ ሓገዝ ሕ/ሶቬት ንሓንቲ ለይቲ’ውን ከይሰረረ ክመውት ምዃኑ፡ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ርጉጽ ገበራኦ።

የግዳስ፡ ዶክተር ሺያ ፐይሱ ድሕሪ ዘካየደቶ ጽዑቕ ናይ ምርምር ስራሕ፡ ኣብታ ዓመት እቲኣ ቻይና ናተይ እትብላ ናይ ፈለማ መበቆላዊት ኤልክትሮኒካዊት ኮምፒዩተር ኣማዕበለት። እታ ዘይከም’ተን ኣቐዲመን ኣብ ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር ናይ ሕ/ሶቬት መሰረት ገይረን ዝተዳለዋ ክልተ ኮምፒዩተራት፡ ምሉእ ብምሉእ ብሓንጎል ዶክተር ሺያ ዝማዕበለት ‘ማሺን 107’ ዝተሰምየት ታሪኻዊት ኮምፒዩተር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብብዝሒ ክትፈርን ናብ ኩለን ናይ ስልጠና ትካላት ቻይና ተኣታትያ ከም መምሃሪ ኮይና ከተገልግልን ጀመረት። ዶክተር ሺያ፡ ጸኒሓ’ውን ‘150AP’ ዝተሰምየ ልዑል ፍጥነት ዘለዎ ፕሮሰሰር ናይ ኮምፒዩተር ኣማዕበለት። እዚ ፕሮሰሰር እዚ፡ ዘይከምቲ ኣብ ካልኢት 10,000 ዕማማት ጥራሕ ዘሰላስል ናይ ‘ሞደል 104’ ኮምፒዩተር፡ ኣብ ካልኢት 20 ሚልዮን ዕማማት ከሰላስል ዝኽእል ኮይኑ ተረኽበ። በዚ ድማ እቲ ክመውት’ዩ ዝበሃለሉ ዝነበረ ኢንዱስትሪ ኮምፒዩተር ቻይና፡ ብሳላ ኣብ ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር ርእሱ ዝኽኣለ፡ ካብ ሞት ድሒኑ ብልዑል ናህሪ ክግስግስ ጀመረ። ዶክተር ሺያ ድማ፡ ‘ኢደ ኮምፒዩተር ቻይና’ ዝብል ቅጽል ስም ጠበቓ። መሰረት ናይ’ዚ ሎሚ ቻይና ሃኒጻቶ ዘላ ንዕዳጋ ዓለም ዝዓብለለ ጉብለል ኢንዱስትሪ ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር ብምዃና፡ ሓያለ ክብርታት ተጎናጺፋ እያ። ሓደ ካብኡ፡ ፈደረሽን ኮምፒዩተር ቻይና፡ ንስለ ክብራ፡ ምስ ኮምፒዩተር ኣብ ዝተኣሳሰር ዓውዲታት ትምህርትን ምርምርን ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ቻይናውያን ተማሃሮ፡ ‘ሺያ ፐይሱ’ ዝብል ሽልማት ዓመታዊ ይሽልም። ኣብ ከተማ ኢደንብራ - ስኮትላንድ እውን፡ ንስለ ክብራ ሓደ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ ብስማ ተጠሚቑ ኣሎ።

ዶክተር ሺያ ፐይሱ፡ ክልተ ውሉዳት ሓዲጋ ኣብ 2014 ካብዛ ዓለም ብሞትኳ እንተ ተፈልየት፡ ስማን ተግባራን ግን ኣብ ልቢ ሚልዮናት ቻይናውያን ገና ህያው እዩ ዘሎ።

ካብ ተጠመትቲ ስድራቤታት

ኣብ 1980ታት፡ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ደቀንስትዮ መሃንድሳት ብዙሓት ኣይነበራን። ኣብ 16 መሃንድሳት ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ጥራሕ’ያ ትርከብ ነይራ። ኣብ ክፍለ ሃገር ኦረገን ዝምቕማጣ ስድራቤት ዎንግ ግን፡ ኣብቲ እዋን ንሓሙሽተ ደቀንስትዮ ኣባላታ ኣምሂራ ብመሃንድስነት ከተመርቕ ብምኽኣላ፡ ዝናኣ ዝሰምዓ ኣሽሓት ደቀንስትዮ ኣመሪካ ነቲ ዓውደ ትምህርቲ ንኽደፍራኦ ምኽንያት ኮይና እያ። እታ ስድራ፡ ትሽዓተ ደቂ (ሽዱሽተ ደቀንስትዮን ሰለስተ ደቂ ተባዕትዮን) እያ ፈርያ። ካብኣተን እተን ሓሙሽተ ተማሂረን መሃንድሳት ኮይነን። እቲ ዘገርም፡ ሓሙሽተአን ኣሓት ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ማለት፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክፍለ ሃገር ኦረገን እየን ተማሂረን ተመሪቐን። ፓም በ’ኹሪ ገዛ ኮይና፡ ኣብ 1979 ብኢንዳስትሪያል ኢንጂነሪንግ ብቐዳማይ ዲግሪ ክትምረቕ እንከላ፡ ምንኣሳ መይ ድማ ኣብ 1980 ብመካኒካል ኢንጂነሪንግ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ። ቀጺላ ከኣ ሳን ዖብል ኣብ 1984 ብሲቪል ኢንጂነሪንግ፡ ሚሸል ኣብ 1985 ብሲቪል ኢንጂነሪንግ፡

ላይ ድማ ኣብ 1986 ብኮምፕዩተር ሳይንስ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓን። ሓደ ካብ'ቶም ሰለስተ ኣወዳት'ውን መሃንድስ እዩ። ስለዚ፡ እታ ስድራ ብድምር 6 መሃንድሳት ኣፍርያ ማለት'ዩ።

እዘን ሎሚ ደቂ 63 – 70 ዓመት ኮይነን ዘለዋ ሓሙሽተ ኣሓት፡ ናይ ምህንድስና ትምህርተን ብዓወት ክዛዝማ ዝሓገዘን ቀንዲ ረቛሒ፡ ኣብ ቁጽርን ስነ ፍልጠትን ዝነበረን ልዑል ዝንባለ ምኳኑ'የን ዝገልጻ። ኣቦኣን ገና ቈልዑ እንከለዋ ስለ ዝሞተ፡ እታ ጾር ናብዮት ናይታ ስድራ ክትሽከም ዝተገደደት ኣደኣን'ውን ኣብ ዓወተን ዕዙዝ ተራ ከም ዝነበራ'የን ዝሕብራ። ሎሚ፡ እዘን ኣሓት ብዝተፈላለየ ሃብታም ናይ ስራሕ ተመኩሮታት ሓሊፈን ኣብ ጥሮታ ይርከባ። ፓም፡ ኣብ ዓበይቲ ኩባንያታት ቴሌኮሚኒከሽንን ኢንዱስትሪታት ጥዕናን ኣመሪካ ሰሪሓ እያ። መይ ድማ ኣብ ሓደ ኩባንያ መፍረ ኮምፕዩተር ንሓያለ ዓመታት ሰሪሓ። ሳንን ሚሽለን ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣከባቢያዊ ኣገልግሎትን ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማይን ፖርትላንድ ንልዕሊ 30 ዓመታት ኣገልጊለን። ላይ እውን ፈለማ ኣብ ኩባንያ መፍረ ነፈርቲ ቦዩንግ ን14 ዓመታት፡ ቀጺላ ድማ ኣብ ሓደ ኩባንያ መፍረ ሶፍትዌር ንሸሞንተ ዓመታት ብሞያኣ ሰሪሓ።

ጓለንስተይቲ ፊልድ ማርሻል

ተስፋኣለም የማነ

ኣብ ዓውዲ ውትህድርና፡ እቲ ዝለዓለ ናይ ሽመት መዓርግ ፊልድ ማርሻል ምኳኑ እዩ ዝግለጽ። እንተስ ብኢደ ዋኒኖም፡ ወይ'ውን ብትካላዊ ኣሰራርሓ ኣቢሎም ነዚ መዓርግ'ዚ ዝበጽሑዎ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ውሑዳት ኣይኮኑን። ካብ ደቀንስትዮ ግን በዚ መዓርግ'ዚ ክጽዋዓ ሰሚዕና ዘይንፈልጥ ክንከውን ንኽእል ኢና። የግዳስ፡ ኣብ ዓለም ፊልድ ማርሻል ዝበጽሓት ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣላ። ንሳ ድማ፡ ሙቶኒ ዋ ከሪማ ዝተባህለት ኬንያዊት እያ። እዛ ኬንያውያን ማውማው ተባሂሎ ዝፍለጥ ቃልሲ ኣንጻር እንግሊዛውያን ገዝእቲ ኣብ ዘካይድሉ ዝነበሩ እዋን ፍልጥቲ ተቓላሲት ማለት፡ ተባዕ ተዋጋኢት፡ ሰላዩት፡ ኣዛዚት ሰራዊት ዝነበረት ጓል ኣንስተይቲ፡ እቲ ዘካየድ ዝነበረ ቃልሲ ንናጽነት ገና ኣብ ምዕራፉ ከይበጽሐ እንከሎ'ዩ እቲ ማዕርግ ተዋሂቡዋ። ንሳ፡ ኣብ 1931 ድሕሪ ምውላዳ፡ ኣብ ከባቢ 20 ዓመታ እያ ንጸላኢ እናሰለየት ንተቓለስቲ ማውማው ሓበሬታን ስንቅን ክተቕብል ጀሚራ። እዚ ዕማማት'ዚ ዕጋበት ክፈጥረላ ስለ ዘይከኣለ ግን፡ ናብቲ ብጽዑቕ ቆጥቋጥ ዝተሸፈነ በረኻታት ኬንያ ወጺኣ ካላሽን ዓጢቓ ክትቃለስ፡ ነቲ ኣብቲ እዋን ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝመርሖ ዝነበረ ፊልድ ማርሻል ደዳን ከማቲ ኣእሚናቶ። ኣብ ጎድኑ ኮይና ድማ ክትዋጋእ ጀሚራ። መሪሕነት ናይቲ ቃልሲ ትብዓታን ጅግንነታን ብግብሪ ምስ ተዓዘበ ከኣ፡ ነዚ ዝተጠቕስ ዓቢይ ወተሃደራዊ መዓርግ ሂቡዋ።

ፊልድ ማርሻል ሙቶኒ ዋ ከሪማ፡ ኣብ ኬንያ ዚያዳ በቲ 'ኣላሚት ዑፍ' ዝብል ኣብ እዋን ቃልሲ ብፊልድ ማርሻል ደዳን ከማቲ ዝተዋህባ ሳጓ እያ ትፍለጥ። ከምታ ኣላሚት ዑፍ (weaver bird) ጸላኢኣ መእተዊኡን መውጽኢኡን ብዘይፈልጦ ጥበብ እናኣለመት ሰፈራ እተዳሉ፡ ሙቶኒ ዋ ከሪማ እውን ስትራተጂታት ኩናት ኣብ ምሕንጻጽ ኣዝያ ወሓለ ስለ ዝነበረት'ያ እዚ ቅጽል ስም'ዚ ጠቢቑዋ። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ መንግስታዊ ጽፍሒታት ዝተዋህባ ዝተፈላለየ ሓላፍነታት፡ ኣብ 1998 ካብ ኢድ ፕረዚደንት ዳኒኤል ኣራፕሞይ፡ ኣብ 2014 ከኣ ካብ ፕረዚደንት ኡሁሩ ኬንያታ ናይ ክብሪ መዳልያ ተቐቢላ።

ፊልድ ማርሻል ሙቶኒ ዋ ከሪማ፡ "ክሳብ ናጽነትን ረብሓታት ናጽነትን ብዓይነይ ዝርኢ፡ ጸጉሪ ርእሰይ ፍጹም ኣይክቆርጾን እየ፡" ኢላ ኣብ እዋን ቃልሲ ብዝኣተወቶ ቃል መሰረት፡ እቲ መቐዝ ኮነ መላጸ ካብ ዘይሓልፎ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣቕጺሩ ዝነበረ ጅብጅብ ጸጉሪ ርእሳ፡ ኣብ 2022 ክትቆርጾ ፍቓደኛ ኮይና ስለ ዝተረኽበት፡ እመቤት ፕረዚደንት ጆሞ ኬንያታ ዝኾነት ማማ ንጊና ኬንያታ (ኣደ ኡሁሩ ኬንያታ) ብኽብ ዝበለ ስነ ስርዓት ቆሪጻትላ። ብድሕሪኡ ዓመት ጸኒሓ ከኣ፡ ኣብ 2023 ኣብ መበል 92 ዓመት ዕድሚኣ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልያ። ብዓል ቤታ ኣቐዲሙ ኣብ 1965 ስለ ዝሞተ፡ እንትርፎ ከም ደቃ ርዒማ ዘዕበየቶም ዘኽታማት ቈልዑ እንዳማታ፡ ፍረ ከርሲ ማህጸና ሓቐፋ ክትስዕም ኣይተዓደለትን። ዕድመ ንእስነታ ካብ ንሓዳርን ውላድን፡ ንቓልሲ ናጽነት ኬንያ ስለ ዝወፈየቶ ግን፡ እንትርፎ ብሓበንን ኩርዓትን፡ ቅንጣብ ጣዕሳ ከይተሰምዓን ፈጺማ ከየስተማስለትን እያ ጉዕዞ ህይወታ ዛዚማቶ።

ስፖርት

ንልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ኵዕሶ እግሪ

ኣሚን ተስፋይ

ስፖርት፡ ኣብ ሰራዊት ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ንሞራልን ምዝንጋዕን ድማ የገልግል። ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ኣይኮነን ንስፖርት ንምንባር’ውን በዳሂ ህሞት፡ ንባህርያዊን ሰብ ዝሰርሖን ተጻባኢታት እናበድሀ ንጥፈታት ስፖርት የሰላስል ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ንደብዳብ ነፈርትን ካልእ ተጻብኦታትን ረቲዑ ብኽልተኡ ጾታ ኲዕሶ እግሪ፡ ጉያ፡ ኲዕሶ መርበብን ዝላን የካይድ ነይሩ።

ተጻዋቲት ኲዕሶ እግሪ፡ ኣሰልጣኒት፡ ኮምሽነር፡ ኣባል ፈጻሚት ኮሚተ ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ዓውዲ ኲዕሶ እግሪ ኣባል ኮሚተ ናይ ይግባይ ሰማዒት ኮይና እትነጥፍ ዘላ ተጋዳሊት ሚርያም ሃብተማርያም፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ሜዳ ውድባዊ ዕማመን እናዓመማ ኲዕሶ እግሪ ዝጻወታ ዝነበራ እያ። ሚርያም፡ ድሕሪ ባይታኣን ኣብ ሜዳ ዝነበረ ኲነታት ስፖርት ደቀንስትዮን ዘዘንተወትልና ይስዕብ።

ኣብ መወዳኣታ ሰብዓታት ተማሃሪት ናይ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ዝነበረትሉ፡ በቶም ኣብ ከባቢ ገዛውታ ፓራዲዞ ቺቸሮ ንእሽተይ ኲዕሶ እግሪ ዝጻወቱ ዝነበሩ’ያ ክትጻወት ተደናዲና። እንተኾነ፡ ገና ዘይጸረየ ባህላዊ ጸቕጢ ሕብረተሰብ ስለ ዝነበረ ተሃንዲዳ ክትጻወት ኣይከኣለትን። ንወላዲኣ ነፍ/ር ሃብተማርያም ተወኪሳቶ። ዋላ’ኳ ኣማኻሪ ሕጊ ኮይኖም ይሰርሑ እንተነበሩ፡ ንሶም ምስ ሓዎም ኣብታ ሓንቲ ካብ ህቡባት ጋንታት ዝነበረት ጋንታ ሓማሴን ኵዕሶ ይጻወቱ ስለ ዝነበሩ፡ ንሕቶ ጓሎም ኣይተቓወምዎን። ዝያዳ’ ኣተባቢዖም ከም እትጻወት ገይሮም።

ሚርያም፡ ኣብ ኣብያተ - ትምህርትታት ሕብረት፡ ኣዱሊስን እዛ ሎሚ ባሕቲ መስከረም እትበሃል ዘላ፡ ኣብቲ እዋን ዳህላክ ድሒራ ኣጋኣዝያን ዝተባህለት ወኪላ ኲዕሶ እግሪ ተጻዊታ። ንኣብያተ- ትምህርታ ድማ ዝተፈላለዩ ዓወታት ዘግዘመት ተማሃሪት’ያ ነይራ።

ወለዲ ሚርያም፡ ኣብ ናይ ክልተ ዓመታት ፍልልይ ካብ’ዛ ዓለም ተፈልዮም። ዓበይቲ ኣሕዋታ ኣቐዲሞም ናብ ስደት ከይዶም ስለ ዝነበሩ፡ ሚርያምን ክልተ ህጻናት ኣሕዋታን ብመቕርብ ግድስቲ ቤተ-ሰቦም’ዮም ዝእለዩ ዝነበሩ። እቶም ብሕንቃቕ ወለዶም ሚሙቕም ዝነበሩ፡ ኣሻቦም ዘኽቲሞምን ጸሚዩዎምን። በታ ኣላይቶም ተሓጊዞም፡ ዝነኣሰ ኣብ ማሕዘል ከሎ ብ1980 ናብ ሜዳ ወጺኦም።

ሚርያም፡ ናብ ታዕሊም ዓራግ፡ እቶም ክልተ ኣሕዋታ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብምኻድ ተፈላለዩም። ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ትምህርቲ ዛዚማ ምስ ብርጌድ ኣርባዕተ ተመዲባ። እታ ብርጌድ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ገረግር’ያ ነይራ። ኣብቲ እዋን፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ናይቲ ብርጌድ ውሽጣዊ ውድድራት ስፖርት ክገብሩ ጸኒሖምዋ። እቲ ኣጋጣሚ መፍቶ ሚርያም’ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሜዳ ትዋጋእ ጥራይ እምበር ኲዕሶ እግሪ ይኹን ካልእ ንጥፈታት ክህሉ ሓሲባቶ ኣይትፈልጥን ነይራ። እንተኾነ ግን፡ ዋላ ፈደረሽናት ኣይንበራ ብኮሚተታት ተወዳዲቦም ዝካየዱ ዝነበሩ ውድድራት ስፖርት ኣዝዮም መሲጦምዋ’ዮም። ንሳ’ውን፡ ኣብቲ ናይ ብርጌድ ኣርባዕተ ክትጻወት ምስ ፈተነት ብርጌዳ ብሕጉስ ተቐቢላታ። ናይ ሽዑ ናይታ ብርጌድ ኣሰልጣኒ ዝነበረ ተጋዳላይ ኣለም ግደ ድማ ኣድኒቕዋ። ኣብ ቦታ ምጥቃዕ ኮይና ተጻዊታ። ብዙሓት ሸቶታት ከተእቱ ድማ ዕድል ረኺባ።

ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ በራጊድ 4፡ 23፡ 31፡ 44ን ካልኦትን እኳ እንተ ነበራ፡ ንተጻወትቲ ብርጌድ ኣርባዕተ ግን ትወዳደራ ጋንታ ከም ዘይነበረት ሚርያም ንድሕሪት 45 ዓመታት ተመሊሳ ገሊጻ። ደገፍቲ ጋንታታ “ሆ...”ክብሉ ኸለዉ ዝተቐጀላ ትመስል ዝነ... በለት።

ኣብ ሜዳ፡ ኣብ ተዛማዲ ሰላም ናይቲ ግንባራት’ዩ ውድድራት ዝሰላሰል ነይሩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ቀዳማይ ዕማም ንጸላኢ ሓምሽሽካ መሬት ናጻ ምውጻእ ስለ ዝነበረ፡ እተን ተጋደልቲ ካብ ዝተፈላለዩ ዓውደ - ኲናት ከከም ኲነታቱ ተሳቲፈን ጅግንነት ሰሪሐን። ኣብኡ ድማ መስዋእትን ስንክልናን ከጋጥም ባህርያዊ እዩ። ካብዚ ብምባጋስ ድማ ሚርያም ነተን ምስኣ ዝጐያን ዝዘላን ዝነበራ ንእስነተን ዘበጀዋ መጻውታን መጋድልታን ዘኪራ።

ተጋ. ሚርያም ሃብተማርያም

ስውእቲ ኣረጋሽ (ጓል ኣንተንዮ)፡ ብቕዕቲን ተጻዋቲት ቅላዓ ዘይድፈር ዝነበረት ከም ዝኾነት ብኣድናቖት ገሊጻታ። ስውእቲ ኣልማዝ (ሞስኪቶ)፡ እዛ ሓያል ተጻዋቲት ብርጌድ ኣርባዕተ ዝነበረት፡ ኣብ ሻድሻይ ወራር ከም ዝተሰውኣት ሚርያም ተዘንቱ። ስውእቲ ብሪዛፍ (ጓል ጡሮታ)፡ እዚኣ’ውን ሓያል ሓላዊት ልዳት ከም ዝነበረት ኣይረስዓታን።

ብህይወት ካብ ዘለዋ ምስኣ ቀኒምጣ ለቢሰን ዝጻወታ ዝነበራ ከም በዓል ጓል ንሜሪ፡ ጓል ተመርጸ፡ ኣዜብ፡ ኣለም ጓል ካስትሮ፡ ሩታ፡ ጽገሬዳ፡ ጓል ለተ፡ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ካብ’ቶም ዝሕግዝወን

ዝነበሩ ተጋዳላይ ኣማንኤል (ወዲ ዓለምጾ) ንካልኦትን ብሓበን ዘኪራተን ተጋዳሊት ሚርያም ሃብተማርያም።

ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ በራጊድ ናብ ክፍላተ - ሰራዊት ምስ ተሰጋገረ፡ ተጋዳሊት ሚርያም ናብ እንዳ ከቢድ ብረት ክፍለ - ሰራዊት 74 ተቐይራ። ኣብኡ'ውን ንክፍለ-ሰራዊታ ወኪላ ኩዕሶ እግሪ ተጻዊታ።

እተን ናጽነት ክርእያ ዝበቕዓ ተጻወትቲ ተጋደልቲ፡ ናጽነት ኮይኑ'ዩ ወይ ወሊድና ዘሚድና ኢና ከይበላ ኣብ 1992 ተወዳዲበን ነንሓድሕደን ኩዕሶ እግሪ ተጻዊተን። ኣብ ኣስመራ ብሰንኪ ድሑር ኣተሓሳስባን ገዛኢ ስርዓት ደርግን ውድድራት ደቀንስትዮከምቲ ዝድለ ኣይነበረን። እዘን ተጋደልቲ ምስ ተጻወታ ግን ብዙሕ ኣድናቖት ረኺበን። ድምጺ ሓፋሽ እውን ጽቡቕ ሽፈነ ከም ዝሃበትሉ ሚርያም ገሊጻ።

ኣብቲ እዋን ሚርያም፡ ካብ እትሓርስ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጥራይ'ያ ገይራ ነይራ። እንተኾነ ግን ብብቕዓት ተጻዊታ፡ እታ ኣብ ሜዳ ዝለመደታ ሽቶ ምምዝጋብ እውን ኣይሰኣነታን። ኣብዚ እዋን ምትሕብባር ገዳይም ስፖርታውያን ሃገርና ልዕሉ ከም ዝነበረ ገሊጻ።

"ካብ'ቲ ዝገርም ኣብ ሜዳ እውን ሓራሳት ኮለና ንጻወት ነይርና። ስፖርት፡ ኣብ ግዜ ሕርሲ እወታዊ ረብሓ'ዩ ዘለዎ። ሓንቲ ስፖርታዊት ብዘይዝኾነ ጸገም ክትሓርስ ልዑል ተኽእሎ'ዩ ዘሎ። ብዝያዳ ግን ሰብ ሞያ ሓካይም ክገልጽዎ ክገድፈሎም" ብምባል ንስፖርታውያን ደቀንስትዮ ምውላድ ዓንቃፊ ከም ዘይኮነ ኣዘኻኺራ።

ተጋዳሊት ሚርያም፡ ኣደ ሰለስተ ውሉዳት ምስ ኮነት፡ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዋላ እንተ ኣቛረጸቶ፡ ካብ ንጥፈታት እቲ ዓውዲ ግን ኣየብኮረትን። ምዱብ መንግስታዊ ስርሓ እናሰርሐት፡ ስልጠና ናይ ኣሰልጠንቲ ብዓለማዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ (ፊፋ) ዝተወደበ ስልጢና ወሲዳ። ኣብቲ እዋን፡ ዓበይትን ገዳይም ስፖርታውያን ሃገርና ከም በዓል ተኪኤ ኣብርሃ፡ ብርሃነ ረዘነ፡ ነጋሽ ተኽሊት፡ ኣለምሰገድን ካልኦትን ምስኣ ሰልጢኖም። በዓል ተኪኤ ኣብርሃን ብርሃነ ረዘነን ምስ ኣቡኣ ኣብ ስሳታትን ሰብዓታትን ይጻወቱ ስለ ዝነበሩ፡ እቲ ኣጋጣሚ ፍሉይ ስምዒት ፈጢሩላ ነይሩ።

ንሳ፡ ነቲ ዝተማሃረቶ ብግብሪ ንኽትሰርሓሉ፡ ምስ ዕየን ሰብኣዊ ድሕነትን መዕበይ ዘኽታማት ተረዳዲኣ ሓንቲ ጋንታ ናይ ደቀንስትዮ መስሪታ። ብሞያኣ ድማ ዓሊማተን። ጋንታ ሰርቸ፡ ኣብ ምምዕባል ጋንታታት ደቀንስትዮ ድሙቕ ዝኽሪ ከም ዘለዋ ሚርያም ተዘንቱ።

ተጋዳሊት ሚርያም፡ ኣብ 2006፡ ኣብ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሓላፊት ምክትታል ጕዳያት ደቀንስትዮ ኮይና ሰሪሓ። ሓደ ዓመት ድሕሪ ምስራሓ፡ ኣብ 2007 - ናይ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ጉባኤ ተሳቲፋ። ሓላፊት ምክትታል ጕዳያት ደቀንስትዮ ሃገራዊት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ማለት ኣባል ፈጻሚት ኮይና ተመሪጻ። ሰለስተ እብረ ስለ ዝተመረጸት 12 ዓመታት ብተወፋይነት ንዕብየትን መሰል ደቀንስትዮ ስፖርታውያን ብኣብነት ሰሪሓ። ኣብዚ እዋን፡ ኣባል ኮሚተ ናይ ይግባይ ሰማዒት ኮይና ተገልግል ኣላ።

ኣብ ፈደረሽናት ስፖርት ምምራጽ ማለት ብተወፋይነት ብዘይዝኾነ ረብሓ ወይ ክፍሊት ንምስራሕ ኣእምሮኻ ኣዳሊኻ ኢኻ ትኣትዎ። ተጋዳሊት ሚርያም ድማ፡ ኣብ ኮሚተታትን ፈደረሽናትን ካብ እትገልግል ልዕሊ 30 ዓመታት ኣቑጺራ ኣላ። በዚ ኣጋጣሚ ዕግበታ ክትገልጸለይ ተወኪሰያ ነይረ።

"ኣብ ስፖርት፡ ገንዘባዊ ይኹን ካልእ ጥረ ነገር እትረብሓ የለን። ዝኾነ ኣብ ፈደረሽናት ዝምረጽ ከረብሕ ኢሉ ዝመጽእ ዘሎ ኣይመስለንን። እንተሃለዩ ድማ ብጌጋ ዝተረድኦ ጥራይ እዮ። ንኣብነት፡ ኣነ ከም ሚርያም፡ ዕግበተይ ናጽነት ኮይኑ ምስ ኣተና፡ ውድድራት ደቀንስትዮ ተቛሪጹ ጸኒሑና። ነቲ ውድድራት ኣብ ምብርባርን ንጥፈታት ደቀንስትዮ ካብ ዘይነበረ ናብዚ ደረጃ ምስ ዘብጽሑ ውፉያት ተጸንቢረ ምስርሐይ ኣሐብነኒን የኹርዓኒን። ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝበጽሓ ደያኑ፡ ኣሰልጠንቲ፡ ከምኡ'ውን ንፉዓት ተጻወትቲ ክርኢ ከለኹ ባህ ይብለኒ። ሕጂ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ክነጥፍ ድልውቲ እየ። ብዝያዳ ግን ኮምሽነር ኮይነ ጸወታ ክመርሕ ተስፋ ይገብር፡" ኢላ።

ተጋዳሊት ሚርያም፡ ከዘራርባ ከለኹ ብዙሓት ናይ ስልጠናን ምስጋናን ምስክር ወረቓቕቲ ኣርእያትኒ። ኩሎም ኣገደስቲ እዮም። ዝያዳ ኣዒንተይ ኣድህቦ ዝገበራላ ግን ነታ ብኣህጉራዊ ኦሎምፒክ ዝተዋሃበታ ምስክር ወረቐት'የን ኣድሂበን። በየን ኣቢላ ከም ዝመጸት ድማ ንሚርያም ተወኪሰያ።

"ኣህጉራዊ ኦሎምፒክ፡ ሓደ ቅጥዒ ልኢኹ። ንሱ ድማ ንኣብርኩቶ ዝምልከት እዩ። ኣነ ከኣ፡ ኣብ ስፖርት ዘበርከትኩዎ መሊኢ ብዝምልከቶ ኣካል ሰዲደዮ። ንሶም ድማ በዚ ምክስር ወረቐት ገይሮም ኣፍልጦ ሂበምኒ፡" ኢላ። ብኣህጉራዊ ኦሎምፒክ ኮሚተ ኣፍልጦ ብምርካባ ብስም መጽሔት ኣግእዞ "እንቋዕ ኣብቃዓኪ፡" ብምባል ተወፋይነታ ድማ ካልኦት መንእሰያት ደቀንስትዮ ክኽተለኦ ነዘኻኽር።

ይብሉ ነበሩ !

“ዓሶ ንዝሓመመ፡ ፈውሲ ዞዕ ዝሸጡ ነጋዶ ሚድያ!”

ኣልጌና ወልደማርያም

መቸም ማሕበራዊ ሚድያ፣ በዓል ክልተ ገጻት እዩ። እቲ ሓደ ገጹ ፈውሲ። እቲ ካልኣይ ከኣ መርዚ። በቲ ሓቐኛ መዳዩን እወታዊ ምንቕቓሕ ቃንኡን እንተ ተጠቒምካሉ፣ ፈውሲ ወለዶታት ይኸውን። በቲ ስሑዕ መዳዩን ንረብሓ ውልቀሰባት ዘቐደመ ኣሉታዊ ኣተናኡን እንተ ቃኒናዮ ከኣ፣ መርዚ ሕብረተ ሰብ ይኸውን።

ጽልዋ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ወሳኒ ምዃኑ ኣየካትዕን። እቲ ምንታይ ‘ምእራረ ሓበሬታ’፣ ንሰባት ሓደ ካብ ናይ ምንባር ረቛሕቲ ኮይኑ ስለ ዘሎ። ኣየናይ ሓበሬታ የገድሰካ፡ ኣየናይ’ከ ኣይድልየካን ክትመርጽ እንተ ዘይክኢል፡ እዝንኻ እንዳ ጎሓፍ ኮይኑ ክሳብ ዝስመዓካ፣ ዘድልን ዘየድልን ሓበሬታ ይለቅም። ስለዚ ከኣ እዩ ሳሚ ዓርከይ፣ ‘ኣብ 21 ክፍለ ዘመን፣ ኣብ እዝንኻ መንፌት ሓበሬታ ክህልወካ ኣለዎ’ ዝብል።

ሕርሻ ራዕዲ

“ኣታ ዓለም ደኣ፣ ኣብ ሰነ 2025 ክትውዳእ’ያ” ኢሉኒ በርሀ ዝኑብ ቀልቢ። “መን ኢሉ፧” ምስ በልክዎ፣ “ሓደ ናይ ዩቱብ ኣክቲቪስት!”መሊሱ። 2026 ምስ ኮነ፣ ‘እንታይ ደኣ ዓለም ክጸንሕ’የ ኢላ፧’ በልክዎ ዋዛ ኣምሲለ፣ ‘ግደፎ እባ! ዓለም ተጠሪሻ ኢሉ ኣሸቒሪሩና ከብቅዕ፡ ሕጂ ከኣ ኣምላኽ ኢንፌዩዥን ተኺሉ፣ ዕድመ ለቂቡላ ይብለና ኣሎ’ ብምባል መሊሱለይ።

ገለ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ሰባት፣ ናይ ራዕዲ ሕርሻ እዮም ዘካይዱ። ሰብ ከኣ ፈሪሑን ተሃንጥዩን ይስዕቦም። ንሶም ከኣ ናይ ባንክ ሕሳቦም ይመልኡ። ‘ንዘየለ ተኽእሎ ከም ዱኽዒ ወሲድካ፡ ፍርሒ ዝራእ እሞ፡ ራዕዲ ኣብቍልካ፣ ዓዳጊ ኣይትስእነሉን ኢኻ!’ እዩ እቲ ነገር። ይብሉ ነበሩ!!

ዘመናዊ ጊልያነት

መብዛሕትና ዘመነ ጊልያነት፣ ቀደም ዘብቕዐ እዩ ዝመስለና። እቲ ሓቂ ግና ጊልያነት ገጽ’ዩ ቀይሩ። ናይ ቀደም ጊላታት መሓውሮም ተመቕሑም፡ ከይንቀሳቐሱ ብጎይተቶም ይእገዱ። ናይ ሎሚ ጊላታት ግና፣ ሞባይሎም ወሊያም ብፍታዎም ይቕፈዱ።

ከፍሪ ዝኽእል ሰብ፣ ወኑ ቀቲሉ ‘እንታይ ተወርየ’ ክሰምዕ ዝውዕል እንተኾይኑ፣ ካብዚ ዝዓቢ ማእሰርቲ እንታይ ኣሎ፧ ዘመናዊ ጊልያነት፣ ኣእምሮ ዝሞቀኍሕ ፍሉይ ወራር እዩ። ‘ክንደይ ሞባይሎም ዝኣሰረቶም ገላዩ ትፈልጡ እንተ ዝብለኩም፧...’

ብእዝንኻ ምርኣይ

ንጂሚ ዓርከይ፣ ክልተ ናይ ማሕበራዊ ሜድያ ህቡባት ሰብ ሓዳር ጎረቤት ኣለዉዎ። ሓደ ናይ ሜድያ ‘ለፍላፊ’ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኮይኑ፣ ከም እተፋትሑ ዝገልጽ ቪድዮ ምስ ሰርሐ፣ ጂሚ ‘ተፋቲሖም ኢሉ’ ከውሪ ጀሚሩ። ‘ብዓይንኻ ርኢኻዮም’ ምስ በልክዎ፣ ‘ንሶም ደኣ ከምስሉ ብሓደ ይኣትዉን ይወጹን ኣለዉ።” ዝብል ኣገራሚ መልሲ ሂቡኒ።

ነቲ ብዓይኑ ዝርኣዮ ጥምረት ናይቶም ሰብ ሓዳር ዘይኮነ፣ ነቲ ናይ ተባህለ ወረ ክኣምን መሪጹ። ‘ብእዝኖም ዝጥምቱ ኣብ ዝበዝሑሉ፣ በለካን ለኽዓካን ጽቡቕ ዕዳጋ ኣለዎ’ ይብሉ ነበሩ!

ደርሁ

ካብ ትምህርቲ ዘቕስም መደብ፣ ቆይቂ ወይ ምጽርራፍ ክልተ ‘ገጸ ባህሪ’ ሚድያ፣ ዝያዳ ሰዓብቲ ይረክብ እንተ ኣሎ፣ እንታይ ማለት እዩ፧ ካብ ብኸመይ ዕዉት ሓዳር ትመርሕ፣ እከለን እከሊትን ተፋቲሖም ኢሉ ዝነግር ሃበስ ቀደስ፣ ኣቓልቦ ብዙሓት ዝስሕብ እንተኾይኑ፣ እንታይ ማለት እዩ፧ ብሓጺር ኣገላልጻ ‘ቆሎ ጥጥቕ’ ምበልክዎ። ‘ሰዓብቲ ሶሻል ሚድያ፣ ቆሎ ጥጥቕ ሓበሬታ ዝለቕሙ ደርሁ ምባል’ዶ ምተኻእለ፧’

መደምደምታ

ኣብ ዕዳጋ መራኸቢ ብዙሃን፡ ሕማቕ ኣሎ። ጽቡቕ’ውን ኣሎ። እንታይ ከም እትዕድግ ዘይትፈልጥ እንተኼንካ፡ ዓሶ ሓሚምካ ክንስኻ፣ ናይ ዞዕ ፈውሲ ክትሸምት ትኽእል ኢኻ። ኣየናይ ሓበሬታ ከም እትውሕጥ ምሕሳብ ልቦና ይመስለኒ። ይብሉ ነበሩ!